# ኣጋእዝ
## ደቂ - ኣንስትዮ

መስከረም 2024 | ቁ. 44 | ዋጋ 10 ናቕፋ | www.nuew.org

ብኮምፒዩተርን ሰክረታሪያል ሳይንስን ብሃማደኤ
ዝሰልጠና ደቂ-ኣንስትዮ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል








ኣደይ ጸሃይቱ ኣውዓሎም - 70 ዓመት
ኣብ ነቕ ዘይብል ሃገራዊ ቃልሲ



"ሞያ ሕክምና ባህጊ ቁልዕነተይ'ዩ"
ነርስ ሰገን ዮውሃንስ



"ንዕላማኡ ዝቃለስ፡ ውዒሉ ሓዲሩ ተዓዋታይ'ዩ"
ወ/ሮ ጅምዕያ ዑስማን



"ሙዚቃ ብህጻንነተይ ኣብ ደመይ ዝሰረጸ'ዩ"
መንእሰይ ዩስራ መሓመድሳልሕ

**ብሃገራዊ ማሕበር ደቂ- ኣንስትዮ ኤርትራ**
**ዝዳሎ መጽሄት**

ኣብዛ መጽሔትና ዘለኩም ርእይቶ፡ ኣበርክቶ ይኹን ነቐፌታ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ልኣኹልና፡-

**ኣድራሻና**
ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ
ፖ. ሳጹን፡ 239
ተሌ፡ 291-1-111134 - 291-1-118753
ፋክስ፡ 291-1-111140

**መርበብ ሓበሬታ ሃማደኤ**
E-MAIL - nuew@nuew.org
WEB SITE - www.nuew.org

**ኣሰናዳኢት**
ፋጥና ዓብዱራሕማን

**ምክትል ኣሰናዳኢት**
ሜሪ ጸሃየ

**ስእሊ**
ኣገልግሎት ዜና ዞባ ማእከል
ኣሃዱ ስእሊ ክ/መ/ሓበሬታን ሃማደኤ

**ለይኣውት**
**ኣብረሀት ንጉሰ**

**ካቨር ዲዛይን**
joሲ

**ዘርጋሒ መጽሔት**
200454/ 07121322
ዞባታት ሃማደኤ

# ትሕዝቶ

**02**

**ልሳን**

ፍልጠት እምነ-ማእዝን ማዕርነት

**03**

**ዜና ማሕበር**

**04**

**ሪፖርታጅ**

**06**

**ቃለ-መጠየቕ**

ሞያ ሕክምና ገዚፍ ሓላፍነት ዘሰክም ዓውዲ'ዩ!

**08**

**ዲያስፖራ**

- ቦሎኛ ጠርናፊት መኣዲ ኤርትራውያን ተቓለስቲ

ኣደይ ጽሃይቱ ኣውዓሎም

- ኣዴታት ዓዲ-ጥልያን

ትእምርቲ ተዋፋይነት

**13**

**ትምህርቲ**

- ንሓደ ዕላማ ብሓደ ልቢ

**15**

**ቁጠባ**

- ሂወት ሓረስታይ ምኡዝ'ዩ

- ምክዋንን ውህለላን ምሩጽ ባህሊ ኣዴታት

**19**

**ጥዕና**

- ጠንቕን ሳዕቤናትን መርዓ ትሕቲ ዕድመ

- ቫይረስ ዝጠንቁ ነድሪ ጸላም ከብዲ

**22**

**ሕግን ሕብረተሰብን**

- ሕግን ስነምግባርን መሳነይቲ'ዶ ጽርዲ

- ኣየናይ እዩ ውሑስ?

**24**

**ማህደር ታሪኽ**

- እታ ጅግና ጅግና ወሊዳ

- ቃልሲ ኣብ ስደት

**29**

**ደቂ-ኣንስትዮን ኣከባብን**

- ግደ ደቀንስትዮ ኣብ ምዕቃብ ኣከባቢ

**31**

**ስነ-ጥበብ**

- ሙዚቃ ብህጻንነተይ ኣብ ደመይ ዝሰረጸ'ዩ

**34**

**ስነ-ልቦና**

- ደቂ-ኣንስትዮን ዕዮን

**36**

**ደቂ-ኣንስትዮ ዓለም**

- ኣስሊ፡ ቦኽሪ ጓለንስተይቲ ፓይሎት ኣብ ኣፍሪቃ

**38**

**ስፖርት**

- 'ቅሳነት ባብ ተርሑ ኣላ. . . .

**40**

**ይብሉ ነበሩ!**

- ጸባ ደርሆ - እንቋቑሖ በጊዕ!

# ልሳን

## ፍልጠት እምኑ-ማእዝን ማዕርነት

ዘለናዮ ወቕቲ፡ ተመሃሮን መማህራንን ድሕሪ ክረምታዊ ዕረፍቲ ናብ መኣዲ ትምህርቲ ዝምለስሉ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ’ዚ፡ መጽሔት ኣግእዞ ሰናይ ጅማሮ ዓመተ ትምህርቲ 2024-2025 ትብል።

ከምዝፍለጥ ኣብ ምርግጋጽ ምዕባለ ወሳኒ ተራ ዝጻወት ሰብ እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ናይ ምዕባለ ስትራተጂናብቕዳምነት ኣብ ሰብ ከምዝምርኰሰ፡ ሃገራዊ ቻርተርና ብንጹር ኣስፊርዎ ኣሎ። ነዚ መሰረት ብምግባር፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ዜጋታት ብዘይኣፈላላይ ጾታ፡ ማሕበራዊ ቦታን ጂኦግራፊያዊ ከባቢን ምዕሩይ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብናጻ ረኺቦም፡ ብዝተፈላለየ ደረጃታት ዘመናዊ ፍልጠትን ጥበብን መሊኾም ነብሶምን ሃገሮም ክሃንጹ ገዚፍ ወጻኢታት ይገብር ኣሎ።

ናይ ጽባሕ ሕብረተሰብ ኤርትራ እንታይ ከምዝመስል ብቐንዱ ጻዕሪን ትግሃትን ኣብያተ ትምህርትና እዩ ክውሰኖ። ነዚ ብምግንዛብ ትካላት ትምህርቲ ኣገልግሎቶም ካብ ዓመት ንዓመት እናበለጸን ኣድማዕነቱ እናሓየለን ክኸይድ፡ መደባት ብጽፈት ኣብ ምትግባር ልዑል ተራ ዝጻወት፡ ጥቡቕ ምክትታልን ቁጽጽርን ዘረጋግጽ፡ ሕጽረታትን ድኽመታትን ብኣጋ እናገምገመ፡ ንዝበረኸ ብቕዓት ዝሰርሕ ሓያል ትምህርታዊ ምሕደራ ክህልዎም ወሳኒ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ትምህርቲ ዝርአ ድኽመት ወይ ስንፍና ንዕድል መጻኢ ወለዶ ዝትንክፍ እዩ።

እቲ ጻዕሪ ግን ንኣብያተ ትምህርቲ ጥራይ ዝግደፍ ኣይኮነን። መላእ ሕብረተሰብ ብዘይ ፍልጠት ምዕባለ ከምዘየለ ፈሊጡ ኣብ ትምህርቲ ዝህሉ ተገዳስነት ንምዕባይ በብወገኑ እጃሙ ከበርክት የድሊ። ኩሎም መንግስታዊ፡ ህዝባውን ብሕታውን ትካላት፡በብዓውዶም፡ ብቑጻሊ ትምህርቲን ስልጠናን፡ ሞያን ክእለትን ዝዓጠቑ ኣፍረይቲ መንእሰያት ንምፍጣር ዘየቋርጽ ጻዕሪ ክገብሩ፡ ናይ ምዕባለ ስትራተጂና ሓላፍነት የሰክሞም እዩ።

ትምህርቲ መሰረት ምዕባለ ጥራይ ዘይኮነ እምነ ማእዝን ማዕርነት እውን እዩ። ፍትሓዊን ኣፍራዩን ሃገር ንምህናጽ ምዕሩይ ዕድላት ትምህርቲ ወሳኒ እዩ። ነዚ ብምግንዛብ፡ መንግስቲ ደቀንስትዮ ማዕረ ደቂተባዕትዮ ዕድል ትምህርቲ ተፈጢሩለን፡ ተወዳዳሪ ብቕዓት ከጥርያ ብዝፈጠሮ ባይታ፡ ሎሚ ብዝሒ ተመሃሮብመንጽር ጾታ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ትምህርቲ ዳርጋ ተመዓራርዩ ኣሎ ክበሃል ይከኣል።

ነዚ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ ዓቂብካ ንምቕጻል እምበኣር፡ እቲ ዘሎ ስታትስቲካዊ ሓበሬታ ንድሕሪት ዘልሓጥ ከይበለ፡ በቲ ሒዝዎ ዘሎ ኣንፈት ክምርሽ፡ዝጎድሎ ነገር እንተሎ ተኸታቲልካ ምምላእ ዕሽሽ ክበሃል ዘይግብኦ ዕማም እዩ።ደቀንስትዮ ከይመሃራን ትምህርተን ከይቅጽላን ዝዕንቅፍኩሉ ዓይነት ዕንቅፋታት ምእላይ ድማ ናይ መላእ ሕብረተሰብ ሓላፍነት’ዩ።ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይረኸባ ወይ ትምህርቲ ዘቋረጻ ደቀንስትዮ ዝመሃራሉ ባይታ ምጥጣሕ፡ኣብ ገለ ከባቢታት ብፍላይ ኣብቲ ትሑት ተሳትፎ ደቀንስትዮ ዝርኣየሉ ፍሉይ ኣተኩሮ ጌርካ ጎስጓሳትን ደገፍን ምግባር ናይ ኩሎም ኣካላት መንግስቲን ሃገራውያን ማሕበራትን ተገዳስነት የድሊ።ኣብ ርእሲ’ዚ ደቀንስትዮ መማህራን፡ ዳይረክተራት፡ ሱፐርቫይዘራትን ኣብ ኩሉ ጽፍሒታት ትምህርቲ ንክህልዋ ኣወንታዊ ኣድልዎ ምግባር፡ ኣርኣያነት ዘዕዝዝ ስጉምቲ ብምዃኑ፡ ረብሓኡ ኣብ ግምት ብምእታው ክድፍኣሉ ዘለዎ እዩ። ከመይሲ ፍልጠት እምነ ማእዝን ማዕርነት እዩ። ሰናይ ምጅማር ዓመት ትምህርቲ!

ዜናታት ማሕበር

## ፈጻሚት ቦርድ ሃማደኤ፡ ንጥፈታት ቀዳማይ መንፈቕ ገምጊማ



ፈጻሚት ቦርድ ሃማደኤ ኣብ ዘቃንዓቶ ኣኼባ፡ ትግባረ መደባት ቀዳማይ መንፈቕ ብምግምጋም ኣብ ሓድሽ ስትራተጂያዊ ውጥን ስራሕ ዘትያ።

ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ንቕሓትን ብቕዓትን ደቂ-ኣንስትዮ ንምዕባይ፣ ተሳታፍነት ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርትን መደባት ልምዓትን ክብ ንምባል፣ ጥዕና ደቂ-ኣንስትዮን ቁጠባዊ ዓቕመንን ንምድንፋዕ፣ ውዳበ መንእሰያት ደቂኣንስትዮ ንምሕያል - ብብዘባኡ ናይ ዝተሰላሰለ መደባት ጸብጻባት ቀሪቡን ብዕምቈት ተዘትዩሉን።

ፈጻሚት ቦርድ፡ ማሕበር ራኢኡን ዕላማታቱን ንምጭባጥ ብብእዋኑ ስትራተጂያዊ ውጥናት እናሰኣለ ክሰርሕ ምጽናሑ፣ ንህልው ብድሆታትን ጠለባትን ኣብ ግምት ብምእታውን ንዘለዎ ዕድላት ልዑል ኣቓልቦ ብምሃብን ድማ፡ ዝምስገን ስራሕ ይዕመም ከምዘሎ ተገንዚባ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝቐጽል ካልኣይ መንፈቕ፡ ውዳቤታት ደቂ-ኣንስትዮ ብምሕያል፡ ኩሉ-መዳያዊ ንቕሓተንን ተሳታፍነተንን ንምዕባይ ክካየዱ ዝጸንሑ መደባት ብዝሓየለ ክቕጽሉ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ።

## 61 ደቂ-ኣንስትዮ ብዝተፈላለየ ዓውደ-ሞያ ሰልጢነን



ሃማደኤ፡ ብሞያ ቅዲ-ክዳን፡ ባህርያዊ መመላኽዒን ማሳጅን ካብ 4 ክሳብ 6 ኣዋርሕ ዘሰልጠነን 61 ኣለይቲ ስድራን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ደቂ-ኣንስትዮ ኣመረቐ።

ሰልጠንቲ ካብ ዞባ ማእከል ኮይነን፡ ን6 ኣዋርሕ ብቅዲ ክዳን ዝሰልጠና 31 ኣለይቲ ስድራ ክኾና እንከለዋ፡ ብባህርያዊ መመላኽዒን ማሳጅን ን4 ኣዋርሕ ዝሰልጠና 30 ድማ ኣባላት ክፍለ-ሰራዊት 84 እየን።

እቲ ስልጠና፡ ኣካል ናይ'ቲ ብምትሕብባር ሃማደኤ፡ ሃማመተኤን ሃኮሰኤን ንመንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ሞያ ንምዕጣቕ ዝሰላሰል መደባት ምዃኑ፡ ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ሓላፊት ክፍሊ ማሕበረ-ቁጠባዊ ኣገልግሎት ወ/ሮ ሰናይት መሓሪ ገሊጻ።

እቲ ትምህርቲ፡ ምንጪ ቁጠባዊ ኣታዊታተን ንምውሓስ ከምዝሕግዘን ዝጠቐሳ ሰልጠንቲ፡ ተመሳሳሊ መደብ ክቕጽል ተላብየን።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ሰልጠንቲ - ብውልቃዊ ተበግሶ ኑብሰን ከማዕብላ ብምዝኽኻር፡ ምትሕባር ሃማደኤ ከምዘይፍለየን ኣረጋጊጻ።

## 90 ደቂ-ኣንስትዮ ንኣመጋግባ ዝምልከት ስልጠና ተኸታቲለን

ኣብ ኣደላልዋ መኣዛዊ መግቢ ዘተኮረ ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ስልጠና ዝተኸታተላ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ እምባጋልያኖ፡ ድርፎን ጉልዒን ዝኾና 90 ደቂ-ኣንስትዮ፡ ተመሪቐን።

እቲ ስልጠና ሃማደኤ ምስ ሚኒስትሪታት ሃብቲ ባሕሪን ሕርሻን ብምትሕብባር ዝወደቦ ኮይኑ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ማሕበር ብደረጃ ሃገር ዝወደቦ ንህጻናትን ቈልዑን ዝምልከት ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ምዃኑ ሓላፊት ሃማደኤ ዞባ ማእከል ወ/ሮ ኣለም በላይ ገሊጻ።

ካብ ኣሰልጠንቲ ወ/ሮ ራህዋ እዮብ፡ ሰልጠንቲ ኣብ ከባቢአን ኣብ ዝርከባ ዲጋታት ንዝተፋረዩ ዓሳታት ገፈፈን ስድራቤታተን ክምግባ እውን ዝዓለመ ብምዃኑ፡ ኣብ ከባቢአን ንዝርከብ ጺጋታት ብግቡእ ክጥቀማሉ ተላብያ።

ኣብ ሃማደኤ ዞባ ማእከል ሓላፊት ማሕበራዊ ጉዳይ ወ/ሮ ኤልሳ ገብረዮሃንስ እውን፡ ኣብ ዲ.ኤም.ከይ፡ ምቁር ድንሽን ዓሳ ማይ ጥዑምን ዘሎ ጥዕናዊ ረብሓታት ንሰልጠንቲ ደቂ-ኣንስትዮ ብምዝኽኻር፡ ኣብ ኣመጋግባ ስድራቤተን ብፍላይ ድማ ኣብ ህጻናት ክጥቀማሉ ተላብያ።



# ሪፖርታጅ

## ደቀንስትዮ ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2024

መርሃዊ ታደሰ

*ኣስመራ ኣብ ዘአንገደቶ ፈስቲቫል ኤርትራ 2024 ዝኽሪ 50 ዓመት ምጅማር ፈስቲቫል ባሎኛን፥ ብኹለን ዞባታት ኤርትራን ኣብ ወጻኢ ሃገር ብዝርከባ ኤርትራውያን ማሕበረ ኮማትን ንሓድነትናን ባህልናን ክብርታትናን ዘንጸባርቕ ዝተፋላለየ ትሕዝቶ ቀሪቡ ነይሩ። ተሳተፍቲ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ድማ ከም ወትሩ ንሉሕ እጃም ነይሩ። ብደቀንስትዮ ዝተሰርሑ ዝተፋላለዩ ፍርያት ኣብ ሓያሎ ቁሸታት ቀሪቡ። ኣብቲ ንትሽዓተ መዓልታት ዝቖየ ሃገራዊ ምርኢት ፈስቲቫል ኤክስፖ ተረኺብና ምስ ገለ ደቀንስትዮ ዘካየድናዮ ዝርርብን ዝሃባና ርእይቶን ይስዕብ፦*

### ወይዘሮ ምጽላል ወልዱ

ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ኤክስፖ ኣብኩረ ኣይፈልጥንየ። ሎሚ ዓመት'ውን ከምቲ ልሙድ ምስ ነባይ መልኣከ ዝተባህለ ወደይ ክሳተፍ መጺአ። ናይ ሎሚ ዓመት ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ካብቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ፍልይ ዘብሎ ብቕንዱ ዝኽሪ መበል



ወ/ሮ ምጽላል ወልዱ

50 ዓመት ምምስራት ፈስቲቫል ባሎኛ ኤርትራ ምንባሩን ብቑሸታት ኤርትራውያን ተቐማጦ ስዊዘርላንድ፡ ጀርመን፡ ፈረንሳ፡ ኣመሪካ፡ ካናዳ፡ ኩውየት፡ ጣልያን፡ እንግሊዝ፡ ሆላንድ፡ ስዑድያ፡ ቀጠር፡ ኬንያ፡ ጀርመን፡ ኣውስትራሊያን ሃገራት ስካንድንቭያን ዘደንቕ ስእላዊ ኢግዚብሽን ምቕራቡን እዩ።

ከም በጺሒት ብዘይካ'ቲ ብተቐማጦ ወጻኢ ሃገር ኤርትራውያን ዝቐረበ ስእላዊ ኢግዚብሽን፡ ብቑሸት ዞባታት ደቡብ፡ ጋሽ ባርካ፡ ዓንሰባ፡ ማእከል፡ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ዝቐረበ ትሕዝቶታት እውን ተዓዚበየ። በቲ ዘቐረበኦ ካብ ሓድሕድ ዝበላለጽ ትሕዝቶ ዓጊበን ተሓቢነን ድማ ሎሚ ምሸት ናብ ስዊዘርላንድ ይምለስ ኣለኹ።

### መንእሰይ በተሊሄም ዘወልዲ

ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ንፈለማ እዋንየ ፍርያተይ ሒዘ ቀሪበ። ኣብዚ ምርኢት'ዚ ሒዘዮ ቀሪበ ዘለኹ ትሕዝቶ ባዕለይ ዘፍረኽዎ ኣብ ሌዘር ዝቐባእክዎ ንበሄራት ትግረ፡ ትግርኛ፡ ሳሆ፡ ብለን፡ ኩናማ፡ ዘንጸባርቕ ከምኡ'ውን ኣፍሪቃባህሊ ዘላሊ ቅብኣታትን እዩ። ብዘይካ'ዚ ባዕለይ ዝሰራሕክዎ ንደቀንስትዮ ዝገልግል ናይ ኢድ ቦርሳታትን ዝተፋላለየ ነገራትን ከም መትሓዚ መፍትሕን ኣብ ኢድ ዝእሰርን ኣብ እዝኒ ዝስቀርን ናይ ደቀንስትዮ መመላኸዒታትን ፍርያት ሒዘየ ቀሪበ።

### ተማሃሪት ረምላ ዓብዱ

ካብ ሓሙሻይ ክፍሊ ናብ ሻዱሻይ ክፍሊ ኣብ ዝሓለፍክሉ እዋንየ ንፈለማ ግዜ ኣብ ቁሸት ምርኢት መጻሕፍቲ ነታ ካብ ቋንቋ ኢንግሊዝኛ ናብ ቋንቋ ትግርኛ ዝተርጎምኩዋ መጽሓፍ ሒዘ ቀሪበ። እዛ መጽሓፍ እዚኣ ካብ ራብዓይ ክፍሊ ናብ ሓሙሻይ ክፍሊ ኣብ ዝሓለፍክሉ እዋን፡ ኣብ ክረምታዊ ዕረፍተይ ዝተርጎምኩዋ እያ። ካብ ነጋድያን ፈስቲቫል ጽቡቕ ሞራላዊ ምትብባዕ ረኺበ ስለዘለኹ ከኣ መጻሕፍቲ ምትርጓም ክቕጽሎየ።

### መንእሰይ ዘይኑብ ኣሚር

ኣብዚ ሃገራዊ ፈስቲቫል፡ ኣባላት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ንዞባና ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ሒዝና ኢና ቀሪብና። ከምዚ ትርኢዮ ዘለኻ ቴማና "ሰለስተ ወቕቲ ኣብ ክልተ ሰዓት" ዝብል እዩ።



ተማሃሪት ረምላ ዓብዱ

እዚ ከኣ ካብ ከተማ ኣስመራ ናብ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ክትብገስ እንከለኻ እትዕዘቦዩ። ካብ ኣስመራ ክሳብ ነፋሲት ዝሑል ኩነታት ኣየር ኢኻ ትረክብ። ጊንዳዕ ምስ በጻሕካ ከኣ ማእከላይ ሙቐት ዘለዎ ኩነታት ኣየር ይጽንሓካ፡ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ምስ ኣተኻ ድማ ብርቱዕ ሙቐት ወይ ሃሩር ዘለዎ ኩነታት ኣየር ትረክብ። በዚ ድማ እዩ ጉዕዞ ካብ ከበሳ ናብ መታሕት ሰለስተ ወቕቲ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰዓት ተሰምዩ።

እዚ ትርእዮ ዘለኻ ከም ድሕረ ባይታ ተጠቒምናሉ ዘለና ዓቢ ስእላዊ መግለጺ፡ ኣብ ዞባና ዝርከብ ባህርያዊን ሰብ ሰርሖን ጸጋታት እዩ። ከም ሰገን፡ ኣድጊ በረኻ፡ ጉበየ ባሕሪ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነት ዓሳታት፡ ከምኡ'ውን መራኽብን ናይ ጽዕነት መካይንን ባቡርን



መንእሰይ በተሊሄም ዘወልዲ



መንእሰይ ዘይኑብ ኣሚር

ከምኡ ድማ ኣብ ሃገራዊ ባጤራና ተጋደልቲ ባንዴራ እናተኸሉ እተርኢ. ስእሊ ኣቕሪብና ኣለና። ካብዚኣቶም ጉብየ ባሕርን ኣድጊ በረኻን እቶም ብደረጃ ዓለም እናጠፍኡ ዝኸዱ ዘለዉ ኣብ ሃገርና ግና ብብዝሒ ዝርከቡ'የም። ካብተን ትሽዓተ ብሄራት ናይ ሃገርና እተን ሽዱሽተ ብሄራት ማለት፥ ትግረ፡ ትግርኛ፡ ብዳዌት፡ ዓፋር፡ ራሻይዳ፡ ሳሆ ኣብ ዘባና ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ስለዝነብሩ ድማ፡ ንናይ ሽዱሽተኣን ብሄራት ኣደታትና ኣብዚ ኢግዚብሽንዚ ብዓብዩ ቅብኣ ኣቕሪብናየን ኣለና።

## መንእሰይ ሚኪኤል ጎይትኦም

ኣብ ቁሸት ኣመሪካ ዝተፋላለየ ትሕዝቶታት ሒዝና ኢና ቀሪብና ዘለና። ሓደ ካብኡ 'ጸለውቲ ሰባት ኣብ ኣመሪካ' ኢልና ኣቕሪብናዮ ዘለና ስእላዊ ኢግዚብሽንዩ። እዞም ጸለውቲ ሰባት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝቕመጡ ኤርትራውያን ኮይኖም ናይ ዝተፋላለየ ዓውዲ ምሁራት፡ ስፖርተኛታትን ስነ-ጥበበኛትንዮም። ኣስመረት ኣሰፋው ካብቶም ዝበለጹ ሳይኒቲስት ናይ ሓመድ ኮይና ንዓለማዊ ክሊማ ኣመልኪታ ዝተፋላለየ ኣኼባታትን ዋዕላታትን ትመርሕ ዘላ ዜጋ እያ። ህብብቲ ኮሞድያን ቲፋኒ ሓዱሽ እውን ትርእያ ኣለኻ። ሞደሊስት ስኒት ተወልደ መድህን ኣብ ኤርትራ ዝዓበየት ኮይና ኣብ ኣመሪካ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ሚስ ኣፍሪቃ ውድድር ዝተዓወተት እያ። ሞደሊስት ሰናይት ግደይ ሓንቲ ካብተን ዝበለጻ ናይ ፋሽን ሞደላት ኣብ ኣመሪካ እያ። ዊንታ ተወልደን ሄርሞን ሚኪኤልን ኣብ ቀዳማይ ድብቨዥን ውድድር ቴንስ ዝጻወታ እየን። ሊሊ. የሃንስ ብዕድመ ንእሽቶ ኮይና ንመጻኢ ዓብዩ ጽልዋ ክትፈጥር ትጽቢት ዝግበረላ፡ ኣብታ ዝበለጸት ጋንታ ተጸንቢራ፡ ቀዳመይቲ ሽቶ ዘመዝገበት መንእሰይ እያ። ኤላ ቶማስ ደራሲትን ተዋሳኢትን ኣብ ኣመሪካ እያ። ኣብዚ ኢግዚብሽን ደቀንስትዮ ዝርከበኦም ብጠቕላላ 22 ኤርትራውያን ሞያውያን ኢና ኣቕሪብና ዘለና።

## ወይዘሮ ኣበባ እዮብ

ኣብ ሃገረ ጀርመን ንቕመጥ ኤርትራውያን ኣብ ቁሸት ሃገራዊ ፈስቲቫልና ሒዝናዮ ቀሪብና ዘለና ብቐንዱ ኣብ ጀርመን እነካይዶ ንጥፈታት እዩ። ኣባላት ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ ኣብ ሃገረ ጀርመን ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ሃገርናን እነካይዶ ንጥፈታት እንታይ ከምዝመስል ዘንጸባርቕ ስእላዊ ኢግዚብሽን ኢና ኣቕሪብና። ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ሃገረ ጀርመን ኣኼባታት እናካየዱ፡ መግቢ ከሺነን ኣታዊታት ኣዋህሊለን ኣብ ውሽጢ ሃገር ልምዓታዊ መደባት ከምዝካየዳ ከነንጸባርቕ ኢና ፈቲንና። ሓደ ካብኡ እዚ ኣብዚ ስእሊ'ዚ ትርእዮ ዘለኻ ኣብ ባረንቱ ዝርከብ መሰልጠኒ ማእከል ደቀንስትዮ ኮይኑ ብኣባላት ሃመደኤ ጨንፈር ሃገረ ጀርመን ዝተሃንጸ'ዩ። ኣብ ሃገረ ጀርመን ዝቕመጣ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ናብ ኤርትራ ኣብ ዝመጽኣሉ እዋን ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ሆስፒታል ኦሮታ ዘካይድኦ ናይ ጽሬት ማእቶት እውን ኣብዚ ኢግዚብሽን ቀሪቡ ኣሎ።



ወ/ሮ ኣበባ እዮብ

## ዶክተር ጽገረዳ መሓሪ

እዚ ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫልን ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ፈስቲቫል ቦሎኛን ኣቕሪብናዮ ዘለና ኢግዚብሽን ብሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሚኒስትሪ ሕርሻን ሃብቲ ባሕርን፡ ብሰለስተ ሚኒስትሪታት ዝተዳለወ እዩ። ሒዝናዮ



ዶክተር ጽገረዳ መሓሪ

ቀሪብና ዘለና ብቐንዱ ንኣሰራርሓ ዲ.ኤም. ከይ ዝምልከት መወከሲታት'ዩ። እዚ መወከሲታት'ዚ ብትሽዓተ ቋንቋታት ሃገርና ዝተዳለወ ብሮሾራት ከምኡ እውን ንግዜኡ ብቋንቋ ትግርኛ ዝተጻሕፈት ንእስ ዝበለት መጽሓፍ የጠቓልል። ኑቶም ሞባይል ዘለዎም ብፍላይ ድማ ንኣደታት እዚ ኣዳሊናዮ ዘለና መወከሲታት ምእንቲ ክጥቀማሉ ብሸርኢትን ብኬብልን ነሕለፈሎም ኣለና። ሃብታም ትሕዝቶኡ ዘለዎ መኣዛዊ መግቢ ዲ.ኤም.ከይ. ንምድላው ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ምስ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሃማደኤ፡ ሚኒስትሪታት ሕርሻን ሃብቲ ባሕርን ብምውህሃድ ንምድላው መኣዛዊ መግቢ ዲ.ኤም.ከይ ዝምልከት ስልጠናታት ኣብ ኩለን ዞባታት ከምዝሃብና ክገልጽ እደሊ።


ንቕጻሊ ሒዝናዮ ዘለና መደብ እዚ ኣበጊስናዮ ዘለና መደብ ኣብ ሽዱሽተኣን ዞባታት ብዕቱብ ተታሒዙ ቀጻልነቱ ምውሓስ'ዩ። ካብ ኣደታት፡ መንእሰያት፡ ኣቦታት፡ ኮታስ ካብ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ጽቡቕ ግብረ መልሲ ስለዝረኸብና ከኣ ብዝለዓለ ደረጃ ክንሰርሓሉ ኣተባቢዑና ኣሎ። እቲ ምርኢት ህዝብና ኣብ ዲ.ኤም.ከይ. ዘለዎ ልዑል ተገዳስነት ክንግንዘብ ኣኽኢሉና እዩ።

## ቃለ - መጠይቕ

# ሞያ ሕክምና ባህጊ ቈልዕነተይ'ዩ፡ ክጭብጦ ምብቅዐይ ድማ ሕጉስቲ'የ!

*ሓንቲ ካብ ትስፍዋትን ልዑል ርእሰ ምትእምማንን ዘለዎምን መንእሰያትን'ያ። ኣብ ኮሎጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ብዓውዲ ሓፈሻዊ ነርስን'ያ ብልዑል ነጥቢ (ዲስትንክሽን) ብዲፕሎማ ተመሪቓ። ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ጢዮ ተመዲባ ድማ ተገልግል ኣላ። ምስ ነርስ ሰገን ዮውሃንስ ዘካየድናዮ ሓጺር ዕላል ይስዕብ፡-*

መርሃዊ ታደሰ



**◆ ንሳዋ ግለጽያ እንተትበሃሊ እንታይ ምበልኪ?**

ኣብ መበል 33 ዙርያ'የ ንሳዋ ወሪደ። ሳዋ መንእሰያት ኤርትራ ኣካላውን ስነ-ኣእምራውን ብቕዓት ዘጥርዩላ፡ ትርጉምን ጣዕምን ማሕበራዊ ፍትሒ ብግብሪ እተርእየላ ኣዝያ ኣገዳሲት ቦታ'ያ ምበልኩዋ።

**◆ ቆልዓ እንከለኺ ትብህግዮ ሞያ እንታይ ነይሩ?**

ካብ ግዜ ቁልዑነተይ ኣትሒዘ ናይ መጥባሕቲ ሓኪም ክኸውን ባህጊ ነይሩኒ። ገና ኣይበጻሕክዎን። ኣብ ከባቢኡ ቀሪበ ስለዘለኹ ግና ኣብ መጻኢ ክበጽሖ ተስፋ እገብር።

**◆ ዝተመረቕክሉ ዓውዲን ዝመረጽክሉ ምኽንያትን?**

ዝተመረቕክሉ ዓውዲ ሓፈሻዊ ነርሲንግ እዩ ዝበሃል። ብልዑል ነጥቢ (distinction) ብደረጃ ዲፕሎማ'የ ተመሪቐ። ካብ ብህጻነይ ኣትሒዘ ህይወት ደቂ-¬ሰብ ናይ ምድሓን፡ ብፍላይ ከኣ ክኢላ መጥባሕቲ ልቢ ኮይነ መጥባሕቲ ከካይድ ባህጊ ስለዝነበርኒ'የ መሪጸዮ።

**◆ ድሕሪ ምምራቕ ኣበይ ክትምደቢ ትደልዩ ነይርኪ?**

ቦታ ብዘየገድስ ካብታ ተወሊደ ዝዓበኹላ ከተማ ኣስመራ ወጻኢ ኮይኑ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ናይ ክምደብ'የ ዝደሊ ነይረ። ፈለማ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ'የ ተመዲበ። ደሓር ግን ከም ትምኒተይ ናብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ናብ ኮማዊ ሆስፒታል ጢዮ ተቐይረ፡ ኣብኡ እሰርሕ ኣለኹ።

**◆ እንታይ'ዩ ቀንዲ ስራሕኪ?**

ዳርጋ ኣብ ኩሉ ናይቲ ሆስፒታል ንጥፈታት ኣለኹ እንተበልኩኻ ምግናን ኣይኮነን። ዝሓርሳ ኣደታት እንተደኣ መጺኦን የሕርስን፡ ኣብ ክፍሊ መርመራ (OPD) ድማ መርመራታት የካይድ።

**◆ ትመልክዮም ቋንቋታት?**

ትግርኛ፡ ኢንግሊዝኛ፡ ኣምሓርኛ፡ ኣብ ጢዮ ካብ ዝምደብ ንደሓር ከኣ ንቛንቋ ዓፋር ክፈታትኖ ጀሚረ ኣለኹ።

**◆ ጢዮ ከመይ ረኺብክዮ?**

ምርኣይ ምእማን'ዩ። ተቐማጦ ናይቲ ከባቢ ኣዝዮም ጥዑማት'ዮም። ዓሳ እናተመገብካ፡ ባሕሪ እናረኣኻ ክትሰርሕ ጸጋ'ዩ። ብቐንዱ ካብ ኣስመራ ናብ ጢዮ ክትብገስ እንከለኻ ንወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ሰጊርካ ስለእትኸይድ ነቲ 'ሰለስተ ወቕቲ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰዓት' ዝብል ናይ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ኣገላልጻ እና-ኣስተማቐርካዮ ኢኻ ናብ ጢዮ ትበጽሕን ካብ ጢዮ ናብ ኣስመራ ትምለስን። ጢዮን ከባቢኡ ኣዝዩ ጽቡቕ ቦታ ኮይኑ'የ ረኺበዮ።





**◆ ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ብምምዳብኪ እንታይ ረቢሑ ትብሊ?**

ብዕምቈት ምስ ዘይፈልጦ ዝነበርኩ ባህልን ልምድን ናይቲ ሕብረተሰብ ክላለ ዕድል ረኺበ'የ። ቋንቋ ዓፋር ክለማመድ'ውን ክኢለ። ንወደባዊት ከተማ ዓሰብ ክርእያ ዕድል ረኺበ። ቱሪዘማዊ ጸጋታት ናይቲ ከባቢ ክፅዘብ ክኢለ። ብዙሕ እዩ እቲ ረብሓታት።

**◆ ካብ ተመኩሮኺ ንሞያ ሕክምና ብኸመይ ትገልጽዮ?**

ሞያ ሕክምና ምስ ህይወት ደቂ-ሰብ ብቐጥታ ምትእስሳር ዘለዎ ከም ምዃኑ መጠን ኣዝዩ ከቢድን ገዚፍ ሓላፍነት ዘሰክምን እዩ።

**◆ በጽሕክዮ ዘለኺ ደረጃ ናይ መን ውጽኢትዩ ትብሊ?**

እኩብ ውጽኢት'ዩ። ናይ በይነይ ውጽኢት ጥራይ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ወለደይ፡ ኣሕዋተይ፡ መማህራነይ ኣብዚ ንኽበጽሕ ልዑል ተራ ነይሩዎም እዩ።

**◆ ብድሆታትን ዕድ ላትን ሓንቲ ነርስ ብኸመይ ምግልጽክዮ?**

እቲ ዕድል ዝብሎ ምስ ዝተፋላለዩ ኣካላት ሕብረተ-ሰብ ስለዘረኽበካ፡ ጸገማት ሰባት ስለእትፈትሕ፡ ንሰባት ብምሕጋዝካ ዝህብካ ዕግበት እዩ። ሞያ ሕክምና ከም ካልኦት ዓውድታት ብምንጽጻር ናጽነት ዝህበካ ዘይምዃኑን ምስ ዝቐንዘዉን ብሕማም ዝተሸገሩን ሰባት ስለትውዕልን እትሓድርን ከኣ ከም ብድሆ ክገልጾ እኽእል።

**◆ ካብ ሞያ ነርስ ወጻኢ እንታይ ዝንባለ ኣለኪ?**

ኣቦይ ግዲ ጸልዩኒ ምስ ግራፊክስን ኣርትያት ደረቕን ተንቃሳቓስን ስእሊ ብሓፈሻ ምስ ምስኣል ዝተኣሳሰር ዝንባለ ኣለኒ።

**◆ እትረኽብዮ ትርፊ ግዜ ኣብ ምንታይ ተሕልፍዮ?**

መጽሓፍቲ ኣብ ምንባብ፡ ፊልምታት ኣብ ምርኣይ፡ ኣብ ዝተፋላለዩ ማሕበራዊ ጉዳያት ምስታፍን ናይ ገዛ ዕዮታት ኣብ ምዕያይን'የ ዘሕልፎ።

**◆ ንኣሕዋትኪ ጸሊኺዮምዶ?**

ከም ቦኽሪ ሓፍቶም መጠን ጸልየዮም ኢለ ክዛረብ እኽእል'የ።

**◆ መጻኢ መደባትኪ?**

በዚ ሒዘዮ ዘለኹ ዓውዲ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕ ድሌት ኣለኒ። ዕድል እንተደኣ ረኺበ ናይ መጥባሕቲ ሓኪም ኮይነ ነቲ ዘምሃረኒ ሕብረተ-ሰብ ከገልግሎ እብህግ።

**◆ ኣብ መዛዘሚ ክትብልዮ ትደልዪ?**

ካብዚ ናይ ምትሕግጋዝን ምድግጋፍን ባህሊ ዘለዎ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ብምፍጣረይ ኣዝየ ሕብንቲ'የ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ኸኣ ንክቡራት ወለደይ ዮሃንስ መብራህቱን ወይኒ ንጉሰን ንዘፍቅሮም ኣሕዋተይ ሳምራዊት፡ ኣዳም፡ ሩፍታን ኣሮንን ንዓባየይ ኣብርሀት ገብረስላሰን ስላስ ተስፋይ፡ ንልደታ ሚኪኤል፡ ንባሊጋይ እልልታ ሃብቶም፡ ሓበን ሃብቶም፡ ሮቤል ሃብቶም፡ ንተ/ጋ ርእሶም ወልዳይ፡ ምብራቕ ወልዳይ፡ ኣብረሀት ወልዳይ፡ ምስግና ወልዳይ፡ ራህዋ ወልዳይን መኮነን ወልዳይን ከምኡ ድማ ንኹሎም መሳርሕተይን መማህርተይን ከመስግኖም እደሊ።





*ሰገን ዮውሃንስ ምስ ወለዳን ቤተሰባን*

## ዲያስፖራ

# “ቦሎኛ፡ ጠርናፊት መኣዲ ኤርትራውያን ተቓለስቲ”

**ኣደይ ጸሃይቱ ኣውዓሎም**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

*ጓል 85 ዓመት ኣደ'የን። ልዕሊ ሰብዓ ዓመት ካብ ዕድመአን፡ንስለ ናጽነት ኤርትራን ምኽባር ልኡላውነትን እናተቓለሳ፡ ኣብ ስደት'የን ኣሕሊፈናኦ።ትሕቲ ዕድመ እንከለዋ ዝተሃንጸ ነቕ ዘይብል ሃገራዊ ንቕሓተን፡ ተሞኵሮን ተወፋይነትን ተሓዊሱዎ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ንውድብን ዓጢቖን ዘዕጠቓ ገዳይም ጀጋኑ ኣደታት ዓዲ ጣልያን ከኾና ኣኽኢሉወን'ዩ። ሎሚ'ውን፡ ምርኩሰን ተደጊፈን እናተጓዕዛ፡ንቕሓት ዝወለዶ ምራለን ትብዓተንን፡ ገና ኣይደኸመን። ምስ'ዘን ሓርበኛ ኣደ ናይ ዝገበርናዮ ቃለ-መሕትት ጽማቝ ትሕዝቶ ነስዕበልኩም።*



**- ምስ ኣንበብቲ መጽሔት ኣግእዞ ክትላለያ?**

ጸሃይቱ ኣውዓሎም እበሃል። ኣብ ጉሪታት ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ - ዞባ ማእከል ተወሊደ። ኣብ 1972 ድማ፡ ናብ ዓዲ ጣልያን ተሰዲደ። ክሳብ ሕጂ ከኣ፡ ኣብ ከተማ ቶስካና፡ ዓዲ ጣልያን እቕመጥ ኣለኹ። ካብ'ተን ጠቐሊለን ዓደን ዝኣተወ ኣደታት ዓዲ ጣልያን'የ። ግና ንሕክምናይን ንጥሮታይን ክብል ናብ ዓዲ ጣልያን እመላለስ'የ። ካብ 1975 ትሒዘ ከኣ፡ ብስርዓት ተወዲበ፡ ምስ ብጾተይ ብምኧን፡ ንስለ ናጽነት ሃገረይ ተቓሊሰ።

**- ብኸመይ ናብ ስደት ኣምሪሕክን?**

ፈለማ ጓል 14 ዓመት ከለኹ'የ ንሱዳን ተሰዲደ። ኣብ ካርቱም ን18 ዓመታት ምስ ተቐመጥኩ ከኣ፡ ደጊመ ናብ ኣስመራ ተመሊሰ። ብድሕሪ'ዚ፡ ንሽዱሽተ ደቀይ ምስ ስድራቤተይ ገዲፈ፡ ብኩንትራት ስራሕ ናብ ዓዲ ጣልያን ተሰዲደ። ክልተ ካብቶም ደቀይ ንሜዳ ክስለፉ ከለዉ፡ ሓደ ተሰዊኡ፡ ሓንቲ ድማ ብሂወት ኣትያ። እቶም ዝተረፉ ኣርባዕተ ግና ናብ ዓዲ ጣልያን ወሲደ ኣዕብየዮም። ሓንቲ ጓለይ ግና፡ ብሓደጋ መኪና ኣብ ዓዲ ጣልያን ሞይታትኒ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ከኣ፡ ደቂ-ደቀይ ክርኢ በቒዐ ኣለኹ።

**- ሃገራዊ ንቕሓት፡ መዓስን ብኸመይን ጀሚሩክን?**

ቈልዓ ኰይነ ሱዳን ኣብ ዝነበርኩሉ፡ ብዙሓት ኣባላት ተጋድሎ ሓርነት'ዮም ነይሮም። ንሳቶም ክውድቡናን ከንቕሑናን ጀሚሮም። ሽዑ ቃልሲ ምኽያድ ስለዘይፍቀድ፡ ተሓቢእካ'ዩ ዝነበረ። ዝወሃበና ዝነበረ ወረቓቕቲ፡ ኣብ መቓብር ሓቢእናዮ ብምቕናይ፡ ብስቱር ኢና ንመሃረሉ ዝነበርና። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጽንኩር ኩነታት፡ ብዙሓት ካብቶም ዝውድቡና ዝነበሩ ኤርትራውያን፡ ኣብ ካርቱም ተረሺኖምን ተቐቲሎምን'ዮም። እዝክረኒ፡ ንዓይ ዝወደበኒ ያቆብ ኣብርሃ እዩ ዝበሃል። ንሱ፡ ንስርሒት ናብ ኣስመራ ኣትዩ ብጸላኢ ምስ ተታሕዘ፡ ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ተረሺኑ፡ ሬሳኡ ኣብ ምሉእ ኣስመራ ከዝውሩዎ ዝወዓሉ ሓርበርኛ'ዩ። ካልእ ዘይርስዓንን ኣዝዩ ዘሕመመናን ፍጻመ፡ ዘስካሕክሕ መቕተልቲ ናይቶም ዝውድቡናን ዝጥንፉናን ዝነበሩ ብጻይ ወልዳይን ብጻይ ኪዳነን'ዩ። ተጋድሎ ሓርነት፡ ነዞም ክልተ ጀጋኑ፡ ኣብ ከሰላ ቀቲሎም ከም ጉዚ ኣብ ኪሻ ኣእትዮም ብታክሲ ወሲዶም ጀበል ኣውሊያ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ክጕሕፍዎም'ዮም ተረኺቦም። ደሓር ግን ኣብ ከሰላ ብወግዒ ተቐቢሮም። በዓል ወዲ ከንቲባ፡ ወዲ ባሻይ፡ ወዲ ፈራዳይ...ዝበሃሉ ኤርትራውያን ተቓለስቲ'ውን ካብቶም ተመሳሳሊ ዕጫ ዝበጽሖም'ዮም። ገሊኦም ድማ፡ ንሜዳ ተሰሊፎም ተሰዊኦም። ከምዚ ዓይነት መስዋእትን ጅግንነትን ከኣ፡ ሃገራዊ ንቕሓተይ መሊሱ ክዛይድን ንስለ ናጽነት ሃገረይ ቃልሰይ ክሐይልን ገይሩኒ።

**- ዓዲ ጣልያን ኣብ ሰብዓታት ከመይ ነይሩ?**

ጓል 32 ዓመት'የ ዓዲ ጣልያን ኣትየ። ዝኣተኹሉ ግዜ ጸሓይ ዘይትርእየሉ፡ ክቱር ዛሕልን በረድን'ዩ ጸኒሑኒ። ምስ ግዜ ግን፡ ከይፈተኹ ክለምዶ ክኢለ። መግዛእቲ ሕሱም'ዩ፣ ብ40 ሊረ ደሞዝ ኢና ለይትን መዓልቲን ንሰርሕ ዝነበርና። ምስኡ፡ ፓስፖርትና ናይ ኢትዮጵያ ስለዝነበረ፡ ስርዓት ደርግ ዝለኣኾም ኵራኩር እናሓሰዉልና፡ ንኽንውደብ ይኹን ካልእ ንጥፈታትና ንኸነካይድ፡ ንጽገም ነይርና። ምጅማር ፌስቲቫል ቦሎኛ ግና፡ ነቲ ኣበየ ቦታኡ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ ኤርትራውያን ክጥርነፍን ክሕይልን ስለዝሓገዘ፡ ዝነበሩና ጸገማትን ዕንቅፋታትን ክስዓሩ ጀሚሮም። እቲ ክነግድ ዝመጽእ ዝነበረ ኤርትራዊ ድማ፡ ደቂ-ዓዱ፡ ኣዝማዱን ኣሕዋቱን ክረክብን ክውደብን ዕድል ረኺቡ። ቦሎኛ ሳላ ዝሰራሕናላን ዝተወፈናላን፡



ደቀን ኣማል ጺጋይን ስዉእ መኮነን ጺጋይን



ኣደይ ጸሃይቱ ኣውዓሎም ኣብ ቦሎኛ 1970ታት

ጠርኒፋትና፡ ምስ ዓለም ኣፋሊጣትናን ኣዓዊታትናን'ያ።

**- ኣደታት ዓዲ-ጣልያን ኣብ ፌስቲቫል ቦሎኛ ዝነበረን ግደ ከመይ ትገልጽኦ?**

ነቲ ኣብ ፌስቲቫል ቦሎኛ ክሳተፍ ዝመጽእ ዝነበረ ክሳብ 8 ሽሕ ዝበጽሕ ህዝብና ተቐቢልና ነአንግዶ ነይርና። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ወዳቢና ብጻይ ወልዱ ዮሃንስ ዝበሃል'ዩ ነይሩ። እተን ተወዲብና ንሰርሕ ዝነበርና ኣደታት ኰነ መንእሰያት ደቀንስትዮ ከኣ፡ ንውድብ ዝኸውን ኣታዊታት ንምእካብ፡ ለይትን መዓልትን ንቐንን፡ ቡን፡ ሜስ፡ ሕምባሻ፡ ዕፉን፡ ማልያታት፡ መወጽን ካልእን ኣብ ዳስ ኣዳሊና ንሸይጥ ነይርና። ኣብ ክሸና ዝነበርና'ውን፡ ምሉእ ለይቲ፡ ነቶም ተሳተፍቲ ፌስቲቫል ቦሎኛ ፉል ክንሸይጥ ንሓድር ነይርና። ከምኡ'ውን፡ ሽሞንተ ሽሕ ህዝቢ ዝበልዓሉ መሳርሒታትን ድስቲ ኲስኲስቲን፡ ሓጺብና ንቕርብ ነይርና። ነቲ ለይቲ ምሉእ ክሰትዩሉን ክበልዑሉን ዝሓደሩ ኣደራሽ ዝኹስትራን ዘጽርያን ኣደታት'ውን ኔረናና። ብሓጺሩ፡ ፌስቲቫል ቦሎኛ፡ ዓመት መጽኣ ብዓወት ኣብ ምክያድ፡ ኣደታት ዓዲ ጣልያን ዘይገበራኦን ዘይተወፈያሉን የለን።

**- ኣገዳስነት ፌስቲቫል ቦሎኛ ከመይ ምገለጽክናኦ?**

ኣነ ካብ 1976 ኣትሒዘ'የ ኣብ ፌስቲቫል ቦሎኛ ክሳተፍ ጀሚረ። ክሳብ ሕጂ ከኣ፡ ሎሚ ዓመት ንመበል 48 ዓመተይ ብዘይ ምቁራጽ ተሳቲፈ ኣለኹ። ኣብ ዓዲ ጣልያን ዝነበርና ኤርትራውያን ብዙሕ ሃገራዊ መደባት ኢና ነሰላስል ነይርና። ገለ ካብኡ፡ ሰሙናዊ ሓሙስን ሰንበትን ንገብሮ ዝነበርና መደብ'ዩ። እቲ መደብ፡ ፖለቲካዊ ንቕሓትና እነሐይለሉ፡ ውዳበታትና እነጽፍፈሉ፡ ኣካይዳናን ገምጋም ስራሓትናን እንመያየጠሉ፡ ተሞኲሮታትና እንለዋወጠሉ፡ ካብ ውድብ ዝመጽአ መምርሕን ሓበሬታን እንሰምዓሉ፡ ምስኡ ድማ፡ ኣብ ምዕባለና ዝሕግዘና ዝተፈላለየ ሞያዊ ስልጠናታት እንመሃረሉ፡ መሃይምነት እነጥፍኣሉ'ዩ ነይሩና። እዚ ከኣ፡ ጽቡቕ ገይርና ክንነቅሕ ኣኽኢሉና። ስለዚ፡ ቦሎኛ ኣብ ምምጻእ ናጽነት ኤርትራ ብዙሕ ሰሪሓን ኣበርኪታን'ያ። ኣታዊታትና ተኻፊልና ከምእንነብር ገይራትና'ያ። ብፍላይ ነዞም ኣብ ውጻኢ ዝነበርና፡ መጠርነፊትናን ማእከል መኣድናን'ያ። ኣብ ምስግጋርን ምዕቃብን ባህልናን መንነትናን፡



ኣደይ ጸሃይቱ ምስ ደቀን ምዕራፍ ጺጋይን ኣከለ ጺጋይን - ዓዲ ጣልያን ምስ ኣተዋ

ከምኡ’ውን ኣብ ምሕያል ሓድነትና ዝተጻወተቶ ተራ ልዑል ስለዝነበረ፡ ተጠርኒፍና ናጽነትና ከነምጽእ ገይራትና እያ። ብተወሳኺ፡ ኣብ’ዚ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ኤርትራ 2024፡ ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምጅማር ፈስቲቫል ቦሎኛ፡ ብደረጃ ኤግዚብሽን ተዳልዩ ህዝቢ ከምዝፈልጦ ምግባሩ ናይ ብሓቂ ዘሐጉስ’ዩ። ብሕጂ’ውን፡ እቲ ኣብ ደገ ብዝነብሩ ኤርትራውያን ዝካየድ ዝነበረ ቃልስን ሕጂ ዝካየድ ዘሎ መኸተን ተወፋይነትን፡ ኣብ ፈስቲቫል እናቐረበ ናእሽቱ ወለዶ ክፈልጥዎን ክዕዘብዎን ክግበር ኣለዎ።



ኣደይ ጸሃይቱ ኣውዓሎም (የማነይቲ) ምስ መሓዛእን ኣብ ሱዳን

## - ናጽነት ኣብ ምምጻእ ብደቀንስትዮ ዝተኸፍለ ዋጋ እስከ ግለጽአ?

ኤርትራውያን ደቀንስትዮ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር፡ ኣብ ሜዳን ኣብ ወጻኢ ሃገርን፡ ናጽነት ኣብ ምምጻእ ዝኸፈልኦ ዋጋ፡ መዐቀኒን መግለጺን የብሉን። ኣብ ዓለም ውሑዳት መዳርግቲ ዘለዎ ቃልስን ተወፋይነትን’የን ኣካዪደን። ስለዚ፡ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ንናጽነት ክብላ ዝኸፈልኦ ሂወት፡ ግዜ፡ ገንዘብ፡ ናብራ፡ ጉልበት ወዘተ፡ ዋጋኡ ብናጽነት’ዩ ዝልካዕ። ዝተበገሳሉ ዕላማ ኣብ ምዕራፉ ዘብጽሓን ቃልሰን ናብ ወለዶ ዘሰጋገራን ስለዝኾና ከኣ፡ ብደቀንስትዮ ኤርትራ ሕብንቲ’የ። ነተን ናጽነት ከይረኣያ ዝሞታ ተቓለስቲ ኤርትራውያን ድማ፡ ፍረ-ጻማኽን ተኸፊሉ’ዩ፡ ቅሰና ጸሓይና መሊኢ በሪቓ’ያ ክብለን እደሊ። ነተን ሕድሪ ተቐቢለን ኣብ ጎድኒ ህዝበንን መንግስተንን ደው ኢለን፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ሃገር ነቲ ቃልሲ ዝቕጽልኦ ዘለዋ ዓበይቲን ንኣሽቱን ከኣ፡ ኣጆኽን ቀጽልኦ እብለን።

## - ናጽነት ምስ ኮነ ዝነበረክን ስምዒት ብኸመይ ትዝክርኦ?

24 ግንቦት 1991፡ ዓዲ ጣልያን’የ ነይረ። የግዳስ፡ ኣንጊሀ ካብ ገዛ ስለዝወጻእኩ፡ ነቲ ኤርትራ ናጻ ኰይና ዝብል ብሬድዮ ዝተፈነወ ዜና ኣይሰማዕኩዎን። ምሉእ መዓልቲ ኣብ’ቲ ዝወጻእኩዎ ስለ ዝወዓልኩ ከኣ፡ ደሃይ ናይ’ታ ኣብ ገዛ ዝገደፍኩዎ ጋሻ ክገብር ንገዛ ምስ ደወልኩ፡ “ኤርትራ ናጻ ወጺኣ ኢሎም ክነግሩኺ ዝመጽኡ ሰባት፡ ክወስዱኺ ደልዮም ስኢኖሙኺ ከይዶም” ምስ በለትኒ፡ ምእማን ስለ ዝሰኣንኩ ደጋጊመ ሓቲተያ። ንሳ ከኣ፡ ኤርትራ ናጻ ወጺኣ ብሬድዮ ይቃላሕ ኣሎ ኢላትኒ። ሽዑ፡ ኣብ’ታ ዝድውለላ ዝነበርኩ ጋቢና ኰይነ፡ ከምዛ ጽልልቲ፡ ‘ዓደይ ሓራ ወጺኣ’ እናበልኩ ዕልልታ ደርጒሐዮ። ኣብ ከባቢየይ ዝነበሩ ኢጣልያውያን፡ ዝተጸለልኩ መሲሉዎም፡ “እንታይ ኢኺ ኰይንኪ፡ ናብ’ዚ ኣብ ጥቓና ዘሎ ሆስፒታል ክንወስደኪ” ክብሉ ለሚኖሙኒ። ኣነ ግን፡ ቋንቋ ጣልያን ጠፊኡኒ፡ ብትግርኛ ጥራይ’የ ዝዛረብን ዝዕልልን። ዳርጋ ሃለዋተይ ምስ ኣጥፍኣኩ ማይ ገጨቦም ኣተሲኦሙኒ። ብጣልያን ምስ ነገርኩዎም ከኣ፡ “እወ ኤርትራ ናጻ ወጺኣ፡ ብቴለቪዥን ክንገር ጸኒሑ” ኢሎም መሊሶም ኣብሲሮሙኒ። ስለዚ፡ ናጽነት ንዓይ ራህዋ፡ ቅሳነት፡ ዕድመይ ምሉእ ሩፍታ ዝረኸብኩላ’ያ።




ኣደይ ጸሃይቱ ኣብ ዓዲ-ጥልያን ሽልማት ኣበርክቶ እናተዋህባ

## - ኣብ መወዳእታ እንታይ ትብላ?

ናጽነት፡ ብክቡር ዋጋ ዜጋታት ዝመጽአት’ያ። ንዓይ ይጥዓመኒ ከይተ በሃሃልና፡ ብዘይ ተጉላባነት ብዓቕሊ ትዕግስትን ንዓቅብ። ኣብ ኤርትራ፡ ነብስኻ ምዕሻውን ነብስኻ ክትረብሕ ምሕሳብን ስለዘይፍቀድ፡ ኣጆኹም እናተበሃሃልናን ምስ ብጻይና እናተሓላለናን ንሓልዋን ንህነጻን። ማዕረ ማዕሪኡ፡ ሃገራዊ ንቕሓትና ዘበርኽ ጉስጓስን ክንገብር ኣለና።

የቐንየልና!!!

# ኣደታት ዓዲ-ጣልያን ትእምርቲ ተወፋይነት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ፡ ኣብ ዝሃለወት ትሃሉ፡ ንስለ ናጽነት ሃገራን ምኽባር ልኡላውነታን ዘይከፈለቶ ዋጋን መስዋእቲን የለን። "ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዘይ ተሳትፎ ደቀንስትዮ ኣይምተዓወተን ነይሩ" እናተባህለ ብዓበይቲ ዝገልጽ፡ ንተራኣን ኣበርክቶኣን ዝጉልሕ'ዩ። ኣብ ዓዲ ይኹን ኣብ ከተማ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ስደት፡ ብጉልበት፡ ብሂወት ኮነ ብገንዘብ ዝገበረቶ ተወፋይነት፡ ኣብ ዓለም ውሑድ መዳርግቲ ጥራይ ዝርከቦ ቅያን ጅግንነትን ክትፍጽም ኣኽኢሉዋ'ዩ። ቅያ ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን'ሞ፡ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ከምዝበሃል፡ ብኣጋጣሚ ዝኽሪ ምጅማር ፌስቲቫል ቦሎኛ፡ ካብ ኣደታት ዓዲ ጣልያን፡ ኤርትራዊ ኣደ ናባኹም ኑባላ።

ወይዘሮ ጅሮም ክፍላይ ንብረዝጊ'ያ ትብሃል። ኣብ 1959 ኣብ ከረን ተወሊዳ ኣብኡ ዓብያ። ኣብ 1977 ድማ ብሱዳን ናብ ዓዲ ጣልያን ተሰዲዳ። ካብኡ ንደሓር ኣብ ማሕበራት ምንቅስቓስ ሓፋሽ ውድባት ሃማሰደኤን ሃማሰኤን፡ ብደረጃ ሓላፍነት እናተዋስአት፡ ክሳብ 1996 ኣብ ሮማ ተቐሚጣ። ኣብ ዓዲ ጣልያን እናሰርሐት ን20 ዓመት ዝኣክል ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ልዑል ኣበርክቶ ድሕሪ ምግባር፡ ክልተ ደቃ




ወ/ሮ ጅሮም ክፍላይ፡ ብምኽንያት 8 መጋቢት 1983፡ ኣብ ከተማ ሮማ መደረ እናሰምዐት!

ሒዛ ኣብ 1996 ጠቕሊላ ንዓዳ ኣትያ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ኣስመራ እትቕመጥ ወይዘሮ ጅሮም፡ ኣብ 1987 እያ ምስ ኣባል ኤምባሲ ኣቶ ሰለሙን ክንፈ፡ ብሕጊ ህዝባዊ ግንባር ዝምድና መስሪታ። ኒታ ቦኽሪ ጓላ ኣመርዕያ ከኣ፡ እንሓጎ ከትከውን በቒዓ ኣላ።

ወይዘሮ ጅሮም፡ ዝተሰደትሉ ግዜ፡ ብፍላይ ኣብቲ ትቕመጦ ዝነበረት ከተማ ከረን፡ ኩነታት ከቢድን ኣሰካፊን ብምንባሩ፡ ኤርትራዊ ንሜዳ ወይ ዓዱ ገዲፉ ንስደት ዘምርሓሉ'ዩ ነይሩ። እዚ ዝፈጠሮ ጸቕጢ፡ ክትሰደድ ተገዲዳ። ኣብ ስደት ከኣ፡ ኣብቲ ብኤርትራውያን ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ ኢዳ ብምሕዋስ፡ ብልዑል ተወፋይነት እጃማ ኣበርኪታ። ወይዘሮ ጅሮም ሃገራዊ ንቕሓት ብኸመይ ከምዝሓደራ ብኸምዚ ዝስዕብ ትግለጽ።

"1977፡ ኣብ ከረን ናይ ጅብሃ ጽልዋ ዓቢ እዩ ነይሩ። ብኡ መንጽር፡ ኣብቲ ከባቢ፡ ሓያል ምንቅስቓስ ሰራዊት ኢትዮጵያ ነይሩ። በቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝወርድ ዝነበር ግፍዕን መቕተልትን ከኣ፡ ሃገራዊ ንቕሓት ክሓድረኒ ጀሚሩ።።በዚ ድማ ስደት ምስ ከድኩ፡ ቀልጢፈ'የ ኣብ መሳርዕ ሓፋሽ ውድባት ተመዝጊበ። ብፍላይ ኣብ 1978፡ ንመጀመርያ ግዜ ምስ እንዳ ሓፍተይ ናብ ፌስቲቫል ቦሎኛ ምስ ከድኩ፡ እቲ ዝነበረ ምትእኽኻብን ቃልስን፡ ፍሉይ ጦብላሕታ ፈጢሩለይ፡ ተወሳኺ ሓይልን ሞራልን ከኣ ኰይኑኒ።።በዚ ድማ ምስቶም ኣብኡ ዝጸንሑኒ ኤርትራውያን፡ ንስለ ናጽነት ኤርትራ ዓቕመይ ዘፍቅዶ ኪቃለስ ወሲነ። ብተወሳኺ፡ ኣብቲ ኣነ ዝቕመጦ ዝነበርኩ ከባቢ፡ ቤት ጽሕፈት ሓፋሽ ውድባት ናይ ህዝባዊ ግንባር ስለዝነበረ፡ ጠቒሙኒ'ዩ። ንሰለስተ ወርሒ፡ ክልተ እዋን ፖለቲካዊ ትምህርቲ ምስ ተማሃርኩ ድማ፡ ተፈቲነሓሊፈ፡ ኣባል ሓፋሽ ውድባት ኰይነ። ካብኡ፡ ኣብ ንጥፈታት ባህሊን ካልእን ክሳተፍ ጀሚረ።"

ኣብ ወጻኢ ዝነበሩ ኤርትራውያን ኣባላት ሓፋሽ ውድባት፡ ንውድቦም



ወይዘሮ ጅሮም ክፍላይ

ዘጕልብትሉ ብዙሕ ኣገባብ ውዳበታትን ምንቅስቓሳትን እዩ ነይርዎም። ንኣብነት፡ ኣብ ሮማ ዝነበሩ፡ ኣብ ሰሙን ኣርባዕተ ግዜ ኣኼባ የካይዱ ነይሮም። ሰሉስን ቀዳምን መደብ ጉጅለ መጽናዕቲ የውጽኡን ፖለቲካ ይመሃሩን፣ ሓሙስን ሰንበትን፡ ምስ ህዝቢ ኣኼባ እናካየዱ፡ መደባት ባህሊ፡ ምጥፋእ መሃይምነትን ትምህርቲ ፖለቲካን የሰላስሉ። ሳላ'ዚ መደባት'ዚ፡ ኣደታት ዓዲ ጣልያን፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ደረጃኦን፡ ብውሑዱ ክሳብ ሳልሳይ ክፍሊ፡ በጺሐን ክጽሕፋን ከንብባን በቒዐንየን። ኣብ ንጥፈታት ባህሊ'ውን፡ ኣደታት ዓዲ ጣልያን ጉጅለ ቀያሕቲ ዕምባባ ብምቛም፡ ኣብ መዓልቲ ደቀንስትዮ 8 መጋቢት ከምኡ'ውን ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ 1 መስከረም፡ ምርኢት የቕርባ ነይረን። ምስ ግዜ ከኣ ዓባይ ጉጅለ ባህሊ ኣቒመን፡፡ ውዳበታተን ከስፍሓን ከጽፍፋን፡ ንቕሓተን ኣበሪኸንውን ክምርሻን ክኢለንየን።

"ኣብ ፌስቲቫል ቦሎኛ ክንሳተፍ ምስ ጀመርና፡ ብዙሕ ዕዉት መደባት ዓሚምና። ንኣብነት፡ ምስ ዝተፈላለያ ማሕበራት ዓዲ ጣልያን ርክባት እናገበርና፡ ብዛዕባ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ደቀንስትዮ ኤርትራን ነላሊ፣ ፊልም ናይ ሜዳ'ውን ነርኢ። እዚ፡ ምስ

ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝደናገጹ ብዙሓት ኢጣልያውያን ክንረኽብ ኣኽኢሉና እዩ። ንኣብነት፡ ወለዶም ወተሃደራት ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ኢጣልያውያን፡ ካብ ስድራኦም ብዛዕባ ኤርትራ ጽቡቕ ወረ ስለ ዝጸንሖም፡ ምሳና ይጽንበሩ ነይሮም። ሓደ ግዜ፡ ሓንቲ ኢጣልያዊት፡ "ኣቦይ ወተሃደር ጣልያንከይኑ ኣብ ኤርትራ እናተዋግአ ምስ ተማረኸ፡ ኤርትራውያን ሓቢኦም ይከናኸኑዎ ምንባሮም ይሕብረኒ ነይሩ። ስለዚ፡ ኣነ ምሳኹም ፍቕሪ ስለዘለኒ፡ ኣብ ቃልስኹም ክጽንበር ደልየ ኣለኹ" ክትብለና እዝከረኒ። ስለዚ፡ ኣብቲ እንካይዶ ዝነበርና ፌስቲቫል ቦሎኛ ይኹን ኣኼባታት፡ እንትርፎ ደገፍ ዝመጽኣና ተጻብኦ ኣይነበረን።" ብምባል ወይዘሮ ጅሮም ክፍላይ ትገልጽ።

ወይዘሮ ጅሮም፡ ኣብ 1996 ንኤርትራ ምስ ኣተወት፡ ምስተን ምስኣን ቅድሚኣን ዝኣተዋ ኣደታት ዓዲ ጣልያን ተጠርኒፈን፡ ማሕበር ከምዘቚማ ትሕብር። እዚ ክገብራ ዝኸኣላ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ፕረዚደትን ሃማደኤ ዝነበረት ሎሚ ሚኒስተር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዘላ ወይዘሮ ልኡል ገብረኣብ ሳላ ዝገበረትለን ምትብባዕ ምኻኑ ትገልጽ። ኣብ 1997 ከኣ፡ ናይተን ናብ ሃገረን ጠቕሊለን ዝኣተዋ ኣደታት ዓዲ ጣልያን ማሕበር መስሪተን። በብግዜኡ ጠቕሊለን ዓደን ዝኣትዋ ኣደታት ዓዲ ጣልያን እናጠርነፉ ድማ፡ ጽቡቕ ይነጥፋ ኣለዋ። ንኣብነት፡ ኣብ 2000 ዓ.ም፡ ነቲ ወያነ ዘፍረስዎ መቓብር ሓርበኛታት ሻምብቆ ኣሐዲሰን። ዲጋታት ኣብ ምስራሕ ደገፈን ኣበርኪተን። በብእዋኑ ንሰራዊት ኣተባቢዐን። ወርሓዊ ኣኼባ የካይዳ እየን። ዓመታዊ ድማ ኣብ መዓልቲ ልደት ጣልያን (ክሪስማስ) ተኣኪበን፡ ተዘክሮታተን የሐድሳን እጃመን ዘበርክታሉ ተኽእሎታት ይመያየጣን። ሃገራዊ በዓላት እውን ብሓባር ስለዘብዕላ፡ ጥርኑፋት'የን።

ኣብ 1974 ዝጀመረ ፌስቲቫል ቦሎኛ፡ ኤርትራውያን ኣብ ምትእኽኻብን ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ ኣብ ምሕያልን ዝነበሮ ግደ ልዑል'ዩ። ቀዳሞት ወደብትን ጀመርትን ናይ'ዚ ፌስቲቫል'ዚ ድማ፡ ኣደታት ዓዲ ጣልያን'የን። ምጅማር ፌስቲቫል ቦሎኛ፡ ሎሚ ዓመት መበል 50 ዓመቱ፡ ኣብ ፌስቲቫል ኤርትራ 2024 ከምእተዘከረ ዝፍለጥ እዩ። ብደረቕን ተንቀሳቓስን ስእላዊ ኤግዚብሽን ተሰንዩ ናቱ ቁሸት ተፈልዩሉ ምርኢት ቀሪቡ። እቲ ምርኢት ኣብ ምሉእ ዓለም ዝቕመጡ ዝነበሩን ዘለዉን ኤርትራውያን፡ ፌስቲቫላት እናወደቡ ንናጽነት ኤርትራ ዘካይድዎ ዝነበሩ ቃልስን ሓይሊ ውዳበኦምን ዘንጸባርቕ እዩ ነይሩ። ተራን ተወፋይነትን ኣደታት ዓዲ ጣልያን ከኣ ብዝበለጸ መልክዑ ቀሪቡ።

ነዚ ኣመልኪታ ወይዘሮ ጅሮም ክትገልጽ እንከላ፡ "መደባትና ብጨንፈርን ብከባቢን

ተወፋይነትን ንቕሓትን ኣደታት ዓዲ ጣልያን፡ መግለጺ ኣይረኽበሉን'የ። ኣዕጢቕን ዘዕጥቓ ነይረን ጥራይ ዘይኮነ፡ ምሉእ ግዜአንን ሂወተንን ዝወፈያ'የን። ክሳብ ሕጂ ድማ ኣብ መትከለን ይምርሻ ኣለዋ። ናይ ዓበይቲን ንኣሽቱን ጉጅለ ባህሊ ብምቛም፡ መተካእታ መንእሰያት ኣብ ምምልማል ሓያል ስራሕ'የን ሰሪሐን። ብተወሳኺ፡ ኣደታት ዓዲ ጣልያን፡ካብ 1985 ጀሚረን፡ ነቲ ኣብ ሜዳ ዝነበረ ምዕባለ ብኣካል ተጓዒዘን ይዕዘብኦ ነይረን። ወይዘሮ ጅሮም ንባዕላ፡ ኣብ 1986



*ወ/ሮ ጅሮም ኣብ ከተማ ሮማ ኣብ ግዜ ገስጋስ*

ተወዲብና ኢና ነሰላስል ዝነበርና። ዓመታዊ ከኣ ኩልና ኣብ ፌስቲቫል ቦሎኛ ንራኸብ። እቲ ኣብ ዓዲ ጣልያን ዝጀመረ ፌስቲቫል፡ ካብ ምሉእ ኤውሮጳ፡ ማእከላይ ምብራቕን ኣመሪካን ክሳተፍዎ ምስ ጀመሩ ከኣ፡ነቲ ፍቕሪን ሃገራዊነትን ዝያዳ ኣሐይልዎ። ኣታዊታቱ ንሜዳ እዩ ዝለኣኽ ነይሩ። ድኳናት ኣቚምና ማልያታት ንሸይጥ፡ ንቕኑንን፡ ቡን ንገብር ወዘተ ነይርና። ኣብዚ ዕማምዚ ተወፋይነትኣደታት ዓዲ ጣልያን ብቕዳምነት ዝስራዕ'ዩ ነይሩ። ኣብ ሜዳ'ውን ናይ ሞዴስ ፕሮጀክት ነይሩና። ብተወሳኺ፡ ካብ ሜዳ ዝመጽኡ ልኡኻት፡ ሰሚናራት የካይዱልና ስለዝነበሩ፡ ንቕሓትናን ራኢናን መሊሱ ክሕይልን ነቲ ነካይዶ ዝነበርና ቃልሲ ምትእምማን ክፍጠረልና ንክኢሉ'ዩ" ክትብል ትሕብር።

ንሜዳ ኣትያ፡ ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ቃልስን ምዕባለታቱን ክትዕዘብ፡ ሞራላን ቃልሳን ከተበራትዕ ከምዝሓገዛ ትገልጽ።

ኣብ መወዳእታ ወይዘሮ ጅሮም ክፍላይ፡ ነተን ኣብ 1973/4 ፌስቲቫል ቦሎኛ ዝመስረታ ገዳይም ኣባላት ሓፋሽ ውድብትኣደታት ዓዲ ጣልያን ተመስግን። ኣብ ምሉእ ኤውሮጳ ዝካየድ ዝነበረ ቃልስን ተወፋይነትን፡ ፍቕርን ሓድነትን ኤርትራውያን፡ መስመሩ ሓልዩ ክቕጽልን ኣብ ምዕራፉ ክበጽሕን ዝኸኣለ ሳላ ዘይሕለል ጻዕርን ተወፋይነትን ናይዘን ሓርበኛታት ኣደታት ምኻኑ ድማ ትሕብር። ነተን ከምኣ ጠቕሊለን ናብ ዓደን ብምእታው፡ ክሳብ ሕጂ 'ደኺምና ጸሚምና' ከይበላ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መደባት ዓቕመን ዘበርክታ ዘለዋ ኣደታት ዓዲ ጣልያን፡'ወትሩ ተዘኪሩ ዝነብር ሓወልቲ ኢኸን'ሞ፡ ኣጆና ንቐጽሉ' ትብለን።

# ትምህርቲ

## ንሓደ ዕላማ ብሓደ ልቢ

ካልሹም መሓመድደባስ



ሓላፊት ሃማደኤ ንኡስ ዞባ ከርከበት፡ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ወይዘሮ ፋጥና ኣቡበከር ኣደም፡ ናብዚ ሓላፍነት'ዚ ቅድሚ ምምጽኣ፡ ካብ 2009 ጀሚራ ንክልተ ዓመታት፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ህምቦል ቀጨጭ ምምህር መዋእለ ህጻናት እያ ነይራ።

ንሳ ኣብ እሮታ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ተወሊዳ ዝዓበየት እያ። ኣብ ኣስማጥ ሻምናይ ክፍሊ ምስ ዛዘመት ድሌት ወለዳንምምላእ ትምህርታ ኣቋሪጻ ተመርዕያ፡ ኣብ ኣቑርደት ሓዳራ ወጸት። ጎኒ-ጎኒ ሓዳር ትምህርታ ክትቅጽል ክቱር ባህጊ እኳ እንተነበራ በዓል ቤታ ስለዘይፈቐደ ሓሳብ ልባ ኣይሰመረላን። ኣብ ዝኾነ ስራሕ ተዋፊራ ናይ ባዕላ ኣታዊ ክህልዋ'ውን ድሌት ነይሩዋ።ንሱ'ውን ኣይተረኽበን። ባህግታታ ኣብ ልባ እንክሎ በዓል ቤታ ንሱዳን ምስ ከደ ደሃይ ከይገበረ ተሪፉ። ክልተ ስድራ ተረዳዲኦም ድማ ፋጥማ ዓቕዳ ተፈትሐ። ድሕሪ'ዚ ኣብ ህምቦል ቀጨጭ መምህር መዋእለ ህጻናት ኮይና ተቖጽረት። እቲ ስራሕ ድማ ንክልእ ናይ ሞያ ዕድላት ኣፍደገ ከፈተላ። ኣብ ስልጠና ዕብየት ናብራ፡ ጥበብ ምህሮ ንዓበይቲ ዝኣመሰለ ኮርሳት ንምስታፍ ንከረን፡ ገለብ፡ ኣስማጥ ክትንቀሳቐስን ምስ ክኢላታት ክትላለን ከኣለት።

ክልተዓመት ድሕሪ ምምሃራ፡ ሃማደኤ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ቤት-ጽሕፈት ማሕበር ክኸፍትን ክውድብን ምስ መደበ፡ ፋጥና ነቲ ስራሕ ትበቅዕ'ያ ኢሉ ብምእማን ሓላፍነት ክትስከም መዘዛ። እንተኾነ እቲ ጾር ናብኣ ደርብዩ ስቕ ኣይበለን። ኣብቲ እዋን'ቲ ከርከበት ኣብ ትሕቲ ዞባ ዓንሰባ ስለዝነበረት ካብ ቤት-ጽሕፈት ዞባ ኣባላት እናመጸ ሓገዛኣን ምስ ስራሕ ኣላለያኣን። ምምሕዳር ከርከበት ኣብ ትሕቲ ዞባ ጋሽ ባርካ ምስ ኮነ ድማ ከምኡ። ብዓቢኡ ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ከርከበት ተጋዳላይ ዓብደልከሪም እድሪስ ካብ ጎና ከይተፈለየ ኣብ ምውዳብን፡ ምንቃሕን ምምልማልን ደቀንስትዮ ሓጊዙዋ።

ሓላፍነት ምስ ተሰከመት ስራሓ ብምምሕዳር ከባቢ ኣማላየት እያ ጀሚራ። እቲ ማሕበር ምዝጉባት ኣባላት ይኹን ዝተጀመረ ስራሕ ስለዘይጸንሖ ካብ ዜሮ'ያ ተበጊሳ። ተጋዳላይ ዓብደልከሪም ባዕሉ ኣኼባታት ወዲቡ ብኣካል ሒዙዋ እናኸደ ምስ ህዝቢ ክትራኸብ መገዲ ኣጣጢሓላ። "ልክዕ ከም ኣባል ሃማደኤ ኮይኑ እዩ ምሳይ ላዕልን ታሕትን ዝብል ነይሩ፡ ካባይ ይፍለ ኣይነበረን" እናበለት ንዕዙዝ ተራኡ ተድንቕ። ኣብ ፈለማ ስርሓ፡ ደቀንስትዮ ኣማላዩት ሌላን ልምድን ኣኼባታት ስለዘይጸንሐን ብኣጻብዕ ዝቑጸራ ጥራይ ይመጽኣ ነይረን። ንሳ ግን ብኡ ኣይተዳህለትን። ቀስ እናበላ ማሕበር ንረብሓኣን ከምዝኾነ ክርድኣን ከም ዝኾነ ተኣማሚና ስርሓ ቀጸለት።

ከርከበት ዝበዝሑ ተቐማጦኣ ብዳውየት እዮም። ትግረን ውሑዳት ሳሆን ብሌንን እውን ይቕመጡዋ። እተን ዓድታት ንሓድሕደን ዝተረሓሓቓ እየን። እቲ ከባቢ መጓዓዝያ ዘይርከቦ፡ ምጥርናፍ ዓድታት ገና ኣብ ፍልማዊ ደረጃኡ ዝርከበሉ እዩ።በዚ ድማ ብዓቕሚ ማሕበር ንኩሉ ክትበጽሖ ኣሸጋሪ እዩ። ካብተን ኣብ ትሕቲኣ ዘለዋ 11 ምምሕዳራት ከባቢ ብኣድማዕነት ክትሰርሓለን ዝኽኣለት ካብ ኣርባዕተ ኣይበዝሓን እየን። ኣብቲ ስራሕ ዝጀመረትሉ 2011 ከርከበት ምስ ዞባ ዓንሰባ ከላ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ህምቦል ቀጨጭ፡ ያካሪዕ፡ ሃማሽ ድባ፡ ኣማላየትን ተንቀሳቒሳ ዘይነዓቕ ቁጽሪ ኣባላት ወዲባ። እተን ክልተ ቀዳሞት ብዓንተቦኣን ምስ ማሕበር ሌላ ዝነበረን ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ተጠርኒፈን ኣብ ንጥፈታት ሰውራ ይሳተፋ ስለዝነበራ ቀልጢፈን ተወዲበናላ። ኣብ ሃማሽ-ድባን ኣመላየትን ከኣ ብሓገዝ ማሕበርን ኣመሓደርቲ ንኡስ ዞባን ምምሕዳራት ከባቢን ግዱሳት መሻይኽን ሓያሎ ክትውድብ ክኢላ።

ቋንቋ ብዳውየት የጸግማ እኳ እንተኾነ ዝትርጉመላ ሒዛ ስለትኸይድ ምስ ህዝቢ ኣብ ምርድዳእ ኣይተሸገረትን። ደቀንስትዮ ኣብ ማሕበር ተወዲበን መሰላተን ፈሊጠን ክጥቀማሉ፡ ረብሓኣንክሕልዋ፡ ጎዳኢ ልምድታት ወጊድ ኢለን ጥዕና ነብሰንን ውሉዳተንን ክውሕሳ፡ ኣብ ምርጫ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ባይቶ ዝሕዝኣለን ናይ ሓደ ሲሶ ክጥቀማሉን ኣመጻጽኣኡ ክፈልጣንብቐጻሊ'ያ ኣስተምህሮታት ትህብ። ሃገር ከም ብሌን ዓይነን ክሕልዋኣ፡ ተረኺቡ ዘሎ ናጽነት ልኡላውነትን ብመስዋእቲ ክልቲኡ ጾታታት ዝመጸ ስለዝኾነደቀንስትዮ ድሕሪት ዝተርፋሉ ምኽንያት ከምዘየለ ንድሕሪት ዝጉትተን ዝኾነ ሰብ ግቡእ ስጉምቲ ከም ዝውሰደሉ ተረደኣን።

ፋጥና ካብ 2013 ክሳብ 2016 ብውልቃዊ ጸገማ ካብ ስራሕ ተኣልያ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ከርከበት ኣብ ትሕቲ ዞባ ጋሽ- ባርካ ምስ ኣተወት ኣብ 2017 ኣብ ስርሓ ተመሊሳ ጀሚራቶ ዝነበረት መደባት ቀጸለት። ሓደ ዘየቕሳና ጉዳይ ግን እተን ውዱባት ቁጽረን ካብ 1800 ንላዕሊ ክስስን ዘይምኽኣሉ እዩ። ክውደባ ድሌት ስለዘይነበረንዘይኮነ፡ ሰብኡተን ኣብ ኣኼባታት ክሳተፋ፡ ከመሃራን ነፍሰን ከማዕብላ ኢለን ካብ ቤት ክወጻ ስለዘይደልዩወን ፍቓድም ጥሒሰን እንተኸዳ ድማ ኣብቲ ቤት ቅሳነት ስለዝሰኣን እዩ። ፋጥና እቲ ጉዕዞ ሓያልን ትዕግስቲ ዝሓትትን ምዃኑ ኣይሰሓተቶን።

ሃማደኤ ብቐንዱ ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ክስስን ኣብ ሰብ እዩ ወፍሪ ዝገብር። ዓሳ እናሓዝካ ምቕላብ ዘይኮነስ ኣተሓሕዛ ዓሳ ምምሃር'ዩ እቲ ወፍሪ። ደቀንስትዮ ተጻባይነት ወጊድ ኢለን

ብነፍሰን ክሓድራ ብኣተሓሳስባ ምዕጣቕ እቲ ዝዓበየ ዕላማዩ። ኣብ ማሕበር ብምውዳበን ዝረኸባአ ድሉው ሺሻይ የለን።እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ፡ ኣብ ነፍስኻ ተኣማሚንካ ዘሎ ዕድላት ኣብ ረብሓኻ ምውዓልን ባዕልኻ ዕድላት ምፍጣርን ምኳኑ ብምእማን ዓይንኻን ኣእምሮኻን ከም ትኸፍትዝገብርዩ። ፋጥና ትምህርቲ መፍትሕ ምዕባለ እዩ ኢላ ስለእትኣምን እተን ዝዓበየ መሃይምነት ከጥፊኣ፡ እተን ንኣሽቱ ከኣትምህርቲ ኣብ ግቡእ ዕድሚአን ክጅምራ፡ ምስ ጀመራ'ውን ከየቋርጻ ዝከኣላ ትገብር። ኣዋልድ ብስእነት ናውቲ ምህሮ ከይሰናኸላ ብዝኸደቶ ጥራዛውቲ ናይ ምርካብ ዕድል ክገጥማ ከሎ ሒዛትለን ትመጽእ። ኣብ ኣግማይትኣብ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ዝሳተፋ ዝነበራ ኣደታት ሓላፊት ዞባን ፕረዚደንት ማሕበርን ሒዘናለን ዝመጻ ልውየት ሞራለን ሓፍ ኣቢሉ ኣብ ትምህርተን ክነጥፋ ስለዘተባብዐን ንፋጥና እውን ፍናን ኮይንዋ። ኩሉ በብዓቕሙ ከተባብዐን ድማ ትደሊ።

ሃማደኤ፡ ዘይረአ ስንክልና ዘስዕብ ክሽቦ ደቀንስትዮ ዝውግደሉ ኩነታት ንምፍጣር ሓደ ካብ ቀንዲ ስርሑ እዩ። ኣብ ኤርትራ ካብ 2007 ኣትሒዙ ብሕጊ ክልኩል'ዩ። እንተኾነ ምሉእ ብምሉእ ተወጊዱ ክበሃል ኣይከኣልን። ፋጥና ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣኼባ ነዚ ከየልዓለት ኣይትሓልፍን። እቲ ጎስጓስ ፍረ ይህብ ከምዘሎ'ውን ርኢይ እዩ። ምኽንያቱ፡ ንምንታይ ኢና ጉድኣቱ እናፈለጥና ደቅና ንሞትን ስንክልና ነቃልዐን ክትብሎም ከላ "ንሕና ጉድኣቱ ብቪድዮታት፡ ብግብሪ ከኣ ኣብ ደቅና ርኢናዮ ኢና። መራሕቲ ሃይማኖት እውን ከይነኽንሽበን ነጊሮምና እዮም። ቀደም ዝገደፍናዮ ልምዲ ንምንታይ ትደጋግምዎ ኣለኹም" ይብሉዋ። ብኡ ክትተኣመን ግን ኣይትኽእልን። "ሓቂዩ እንዳ እክለ ዓሎም ኣኽንሺበም ዝበሃል ጥርዓን መጺኡኒ ኣይፈልጥን፡ ብኣካል ዝተታሕዘ'ውን የለን፡ ኣብ ኩሉ ምምሕዳር ከባቢታት ብቐጻሊ ዑደት ክትገብር ስለዘይክኣል ግን ብመጽናዕቲ ከየረጋገጽካ ክትተኣማመን ኣይከኣልን" በሃሊት እያ።

ካልኣይ ክውገድ ዘለዎ ጎዳኢ ልምዲ መርዓ ትሕቲ ዕድመ'ዩ። ዓል ይኹን ወዲ ትሕቲ 18 ዓመት መርዓ ፍቑድ ኣይኮነን - ብሕጊ ናይ ኤርትራ። ነታ ትቐውም ስድራቤት ይኹን ብዓቢኡ ነታ ዓለንስተይቲ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ስለዝኾነ። ኣብ ንኡስ ዞባ ከርከበት ኣዋልድ ዕድመአን ከይኣኸለ ካብ ኣብያተ ትምህርቲ ኣውጺእካ ምምርዓው ልሙድ እዩ ዝነበረ። ብፍላይ ከኣ ኣብ ብዳዌት ትሕቲ ዕድመ ክነሳ ትምርያ እሞ ክልተ ሰለስተ ዓመት ምስ ሰድራኣ ትጸንሕ። ኣብዘን ዓመታት እዚአን ሰብኣይ ስለዘይኣትዋ ድማ ዕድመኣ ምስ ኣኸለ ኢና ናብ ሓዳር ነእትዋ ዘለና ዝብል ምጉት የቕርቡ እዮም። እዚ ግን ስለዘየተኣማምን፡ ፋጥና፡ ዓድታት ኮሚታ ኣቕሚመን ዝኾነት ዓል ካብ ትምህርቲ ወጺኣ ከይትምርያ ምቁጽጻር ከምዝሕይል ገበረት። ከምኡ ዝገበሩ ወለዲ፡ መርመራ ዝገብር ሓኪም፡ ዓቕዲ ዘእስር ሼኽ ከምዝቐጽዑ ድማ ትገብር። ዓል ክትምርያ እንተኾይና 18 ዓመት ከምዝመልአት በቲ ናይ ክታበት ካርዳ ድሕሪ ምርግጋጽ እዮም ኩሎም ዝምልከቶም ስነ-ስርዓት መርዓ ዝፍጽሙ።

ሓደ ካብቲ ንትሕቲ ዕድመ መርዓ ከደፋፍእ ዝጸንሐ ኣብታ ንኡስ ዞባ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዘይምንባሩ እዩ። ተማሃሮ ንታሸዓይ ምስ ሓለፉ ናብ ቦርዲን ኣስማጥ፡ ፎርቶ ሳዋ፡ ኣቑርደት ከይዶም እዮም ዝመሃሩ። ኣብዚ ዕድመ'ዚ ዝርከባ ኣዋልድ ድማ ስድረአን ተኣማሚኖም ናብዘን ቦርዲናት ክሰድወን ኣይደልዩን። ብንኣሽቱአን ከመርዑውወን ይመርጹ። ሳላ ጻዕሪ ናይታ ዝቐመት ኮሚተን ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተጋዳላይ ዓብደልከሪም እድሪስን ኣብ ከርከበት ቦርዲን ናይ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ተኸፊታ። "ኣልሓምዱላህ፡ እዛ ቦርዲን ምስ ተኸፍተት ሰለስተ 11 ክፍሊ ዝበጽሓ ኣዋልድ ኣለዋና፣ እንሻላህ ሳዋ ወሪደን፡ ተማሂረን ናብተን ዘምሃርወን መጺአን ከገልግላ" እናበለት ትትስፎ ፋጥና። "ሎሚ ምኽኒት የለን ትምህርቲ ኣብ ኣፍደገኦም ተኸፊታ ስለዘላ፡ ዘብኮረ ቆልዓ እታ ኮሚተ ተኸታቲላ ምኽንያቱ ፈሊጣ ዝኾነ ጸገም እንተሎ ፍታሕ ትገብር ኣላ"ድማ ትብል።

ጥዕና ኣደን ህጻንን'ውን ሓደ ካብቲ ማሕበር ዝጉስጉሰሉ እዩ። ኣደታት ኣብ ቤተን ከይሓርሳ እቲ ዘሎ ትካላት ጥዕና ክጥቀማሉ ብቀጻሊ'ዩ ጎስጓስ ዝገብር። እቲ መነባብሮን ባህሪ ናይቲ መሬትን ዘጸግም እኳ እንተኾነ ብብቕሩብ ለውጢ ይመጽእ ኣሎ። ኣብ በዓል ለኮዬብ፡ ኣታይ፡ ሓርናይት፡ ቲታይ ዳምር፡ ኣግማይት፡ ሼኽ ዑመር . . . ብሰንኪ ራሕቂ ቦታን ጸገም መጓዓዝያን ኣብ ቤተን ዝሓርሳ እተን ዝበዝሓ ስለዝኾና ብሰንኪ ወሊድ ዝሞታ ክህልዋ ዘይተርፍ'ዩ።ኣብቲ ካልእ ዓድታት ግን በብዓሰርተ ዝተወደባ ጉጅለታት ናብ ኣደታት እናዞራ ስለዝከታተላ ኣደ ሕርሳ ምስ ቀረበ፡ ኣብ ጥቓ ሕክምና ኣብ ዘሎ መጽንሒ ጥኑሳት ተዓቒባ ኣብ ሕክምና ከም ትሓርስ ስለዝገበር፡ ድሕነት ኣደን ውላድን ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ኣሎ። ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ኣመላየት መጽንሒ ጥኑሳት ዝኸውን ኣባይቲ ተሰሪሑ ኣሎ። ኣብኡ ክኣትዋ ዘይደልያ'ውን ባዕለን ግዝያዊ ኣባይቲ ሰሪሐን ክሰፍራ ይኽእላ። ሎሚ ኣደታት ኣመላዩት፡ ሀማሽድብ፡ ሀምቦል-ቀጨጭ፡ ያካሪዕ ብምሉአን ኣብ ሕክማና ይሓርሳ ከም ዘለዋ ፋጥና ትገልጽ።

ኣብ ከርከበት ዘሎ ፕሮጀክት ሕርሻ ስራሕ ክለምዳ፡ ምስ ካልእ ሕብረትሰባት ክላለያ ዓቢ ዕድል ፈጢሩለን ኣሎ። ደቀንስትዮ ኣዋልድ ይኹና ኣደታት ብሳላ ፕሮጀክት ዓዲ ሃሎ ኣብ ወርሒ 500 ናቕፋን 45 ርብዒት እኽሊ እናረኸባ መነባብሮአን ከመሓይሻ ክኢለን። ብናጽነት ናብ ማሕበር ክውደባን ክሳተፋን እውን ባብ ኣርሒዩለን። ወጺአን ብደሓን ዝምለሳአም ዘይመስሎም ዝነበረ ወለዲ ረብሓ ስራሕን ምህሮን እናሓደሩ ስለዝበርሃሎም ንሰምውን ክልወጡ ክኢሎም።

ወይዘሮ ፋጥና፡ ኣዋልድ ምህሮ ከየቋርጻ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ሃማደኤ፡ ካልኦት ግዱሳት ከተባብዕወን፡ ኣብነት ኣብ ዝኾናሉ ቦታ ስራሕ ክህልዋ ክተሓባበርወን ትላቦ። "ንሰን እንተተዓዊተን ብድሕሪአን ዝመጻ መተባብዒ ከይደለያሉ ባዕለን ክስዕባአን እየን" ድሕሪ ምባል፡ ደቀንስትዮ ኣብ ሕብረተሰብ ግቡእ ቦታአን ክሕዛ ሃማደኤ ንበይኑ ዘይኮነ ኩልና ብዘይ ኣፈላላይ ጾታ ብሓንሳብ ኣብ ሓደ ዕላማ ምስ እንሰርሕ ከም ንዕወት በቲ ኣብ ጉዕዞኣ ዝረኣየቶ ተመክሮ ከምዝተጋህደላ ፋጥና ተረድእ።

# ቁጠባ

## ህይወት ሓረስታይ ምኡዝዩ

ሰነድ መርሃዊ

*ኣብ መንደፈራ'ያ ተወሊዳ ዓብያ። ክሳብ 12 ክፍሊ ድማ ተማሂራ። ኣብ ከተማ እኳ እንተዓበየት ናብ ገጠር እያ ተመርዕያ። ኣይክእሎን'የ ከይበለት ድማ ናብራ ገጠር ብትግሃት ተታሓሒዛቶ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብነታዊት ሓረስታይ ኮይና፡ ፍርያት ጀርዲና ዝኾነ ዝተፋላለየ ምህርቲ-ሕርሻ ንዕዳጋ ኣብ ምቕራብ ትርከብ። ናይ ሎሚ ዕድምቲ ጋሻና ኣብ ዓምዲ ቁጠባ፡ ኣብነታዊት ሓረስታይ ወይዘሮ ኤልሳ ገብረኪዳን እያ፡-*

### ◆ ምስ ሕርሻ ብኸመይ ተላሊኺ?

ብዛዕባ ሕርሻ ዝፈልጦ ኣይነበረን። ናብ ገጠር ክገይሽ እንከለኹ ጥራይ'የ ሕርሻዊ ንጥፈት ዝዕዘብ ዝነበርኩ። ደሓር ግና ንሓረስታይ ስለዝተመርዓኹ ናብ ገጠር ኣትየ። ኣብቲ ፈለማ በዓል ቤተይ ናብራ ገጠር ገዲፉ ኣብ ከተማ መንደፈራ ክንቅመጥ ጀሚርና ነይርና።ናብራ ከተማ ምስ ከበደና ግን፡ በዓል ቤተይ ኣቐዲማ ንእሽቶ ጀርዲን ስለዝነበረቶ፡ ንታ ጀርዲን ከነማዕብላ ኣብ ገጠር ክንቅመጥ መሪጽና። በዚ ድማ ንፈለማ ግዜ ኣብ ሕርሻዊ ስራሕ ክወፍር ጀሚረ።

### ◆ ናብራ ገጠርን ስራሕ ሕርሻን እሞ ከመይ ረኺብክዮ? መተዓብይትኺ'ኸ እንታይ ይብላኺ?

ፈትየዮ። ምኽንያቱ ኩሉ ግዜ ኣብ ስራሕ ስለዘለኻ ሕጉስ ህይወት ኢኻ ትመርሕ። ዓይንኻ ኩሉ ግዜ ለምለም'ዩ ዝርኢ። ዝተማጣጠነ መግቢ ስለ እትረክብ ጥዕናኻ ምሉእ'ዩ። ሓረስታይ ምኧን ወኒ ናይ ስራሕ እንተለካ ምኡዝህይወት እዩ።መተዓብይተይ ግን ይገርመን እዩ። ከመይ ገይርኪ ናብራ ገጠር ክኢልክዮ ይብላኒ፡ ዋላ እተን ኣብ ገጠር ዝጸንሓኒ ደቀንስትዮ ይኹና እቶም ሓረስቶት ደቂተባዕትዮ ኣብ ከተማ ዝዓበኹ ኣይመስሎምን እዩ። ድልየትን ተበግሶን እንተሎ ግን ዘይከኣል ነገር የለን።

### ◆ ናብራ ከተማን ገጠርን ፍልልዩ ከመይ ትገልጽዮ?

ዓቢ ፍልልይ እዩ ዘለዎ። ኣብ ከተማ ኣብ ገዛ ክራይ ተቐሚጥካ ወርሓዊ ገዛ ክራይ፡ ወርሓዊ ክፍሊት ሉቸን ማይን ኣለካ።መግቢ ካብ ዕዳጋ እናገዛእኻ ኢኻ ትነብር። ኣብ ገጠር ግና ገዛ ክራይ'ዶ ክፍሊት ማይን ሉቸን ኢሉ ዝውጥጠካ የለን፡ መግብኻ ድማ ካብ ሕርሻኻ'ዩ።

### ◆ ኣብ ጀርዲንኩም እንታይ ተፍርዩ? እቶትኩም ከመይ ይመስል?

ካውሎ፡ ሳላጣ፡ ቁስጣ፡ ጉዕ በርበረ፡ ፓፓዮ፡ ገይሶ፡ ምሩጽ ዘርኢ ስርናይን ምሩጽ ዘርኢ ድንሽን ነፍሪ።እቶት ድማ ውጽኢት ጻዕርኻ'ዩ። ጀርዲን ብሓደ ሰብ ዝስራሕ ኣይኮነን ሓቢርካ ተዋሃሂድካ ሓሳብን ጉልበትን ኣፍሲስካ ዝዕመም ሃልኪ ዘለዎ ስራሕ'ዩ። ብሓፈሻ ከግምግሞ እንከለኹ ግና ጀርዲንና ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናማዕበለት ጽቡቕ እቶት ናብ እንረኽበሉ ደረጃ ንዓቢ ኣለና።

### ◆ ፍርያትኩም ብቐጥታ ኣብ ዕዳጋ ዲኹም ትሸጥዎ?

ንሕና ኣፍሪና ንነጋዶ ኢና ንሸጠሎም። ነጋዶ ከኣካባና ተቐቢሎም ንህዝቢ ይሸጥሉ።በዚ ከም ሓረስታይ ብዙሕ ዕግበት የብለይን። ምኽንያቱ ፍርያትና ኣብ ዕዳጋ ከይድና ባዕልና ሸርሽርና ክንሸጦ ስለዘይንኽእል ነቶም ብብዝሒ ዝወስዱልና ነጋዶ ዳርጋ በቲ ዝበሉና ዋጋ ኢና ንሸጠሎም። በዚ ከኣ ንሕና ኣፍረይትን እቶም ኪሎ ክልተ ኪሎ እናሸመቱ ዝነብሩ ኣህለኽቲን ረባሕቲ



ኣይኮንናን። ነጋዶ ካባና ብሕሱር ወሲዶም ነቶም ሸማቶ ብኽቡር'ዮም ዝሸጥሎም።

### ◆ ጀርዲን ብኸመይ ኣብዚ ዘለዎ ደረጃ ኣብጺሕኩምዎ?

ፈለማ መበገሲ ዝኾነና ካብ ባንክ ልምዓት ልዕሊ ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ ተለቂሕና። ደሓር እንረኽቦ ዝነበርና መኽሰብ ወሲኽና ብምውፋር ናብዚ ሕጂ ዘለዎ ደረጃ ከነማዕብሎ ክኢልና። ኣብዚ እዋን'ዚ ልቓሕና መሊስና፡ ብርእሰ ማልና ንሰርሕ ኣለና።

### ◆ ልቓሕ ከመይ ትገልጽዮ?

ልቓሕ ከም መሳልል ክገልጾ ይኽእል። ንኽትምዕብል ይሕግዘካ እዩ። ይኹን እምበር ልቓሕ ተለቂሕካ እንተደኣ ሰሪሕካሉ መኽሰብ ክኸውን እንከሎ፡ ከምቲ ዝግባእ እንተዘይሰሪሕካሉ ወለድ እናወሰኸ ኣብ ዕዳ ዝሸምም ምኽኑ ምግንዛብ የድሊ።

### ◆ ፍረ ጻዕርና ረኺብና'ዶ ትብሊ?

ኣምላኽ ይመስገን ረኺብና'የ ዝብል። ካብ ሕርሻና ብእንረኽቦ እቶት ደቅና ኣዕቢና፡ ኣምሂርናን ኣመርዒናን፡ ከይተሸገረና፡ ካብ ሰብ ከይተጸበና

ንነብር ኣለና።ገዛና ኣብ ውሽጢ እቲ ጀርዲን ምኻኑ ድማ ጠቒሙና እዩ። ካብ ጀርዲንካ ተፈሊኻ ምስራሕ ኣድማዒ ኣይመስለንን።ንሕና ግን ኣብኡ ስለእንነብር መዓልታዊ ብምሉእና ኣባላት ስድራቤትን ሰራሕተኛታትን ኣብቲ ስራሕ ንሳተፍ።

**◆ ምስ ሕርሻ ዝተኣሳሰር ስልጠና ወሲድኪ ትፈልጢ'ዶ?**

እወ።በብእዋኑ ንሕርሻ ዝምልከት ስልጠናታት ወሲደ ኣለኹ። ከም ኣብነት ፍልይ ዝበለ ንምሩጽ ዘርኢ ስርናይ ዝምልከት ስልጠና ወሲደ ነይረ።

**◆ ደቅኺ ነቲ ስራሕ ይፈትውኦ'ዶ?**

ጥሪት ኣለዋና። ኣብ ምፍራይ ንህቢ'ውን ንነጥፍ ኢና። ብሕጽር ዝበለ ኣብ ገዛና ዳርጋ ኩሉ ፍርያት ናይ ሕርሻ'ዩ ዘሎ።

**◆ ብድሆታትን ዕድላትን ሕርሻዊ ንጥፈት ከመይ ተነጻጽርዮ?**

ሕርሻዊ ንጥፈት ብዘይ ብድሆ ኣይኮነን። ብሰንኪ ባህርያዊ ሓደጋ ኣብ ክሳራ ክትኣቱ ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት ዓሰርተ ከብቲ ብሕማም ሞይተናና ነይረን'የን። እንተኾነ በዚ ከይተሰናበድና መፍረ ከብቲ ቀጺልናዮ። ዕድላት ናይ ሕርሻ ከኣ ብዙሕ እዩ። ብዓቢኡ ንህይወትካ ዘድሊ ዘይተበከለ መግብታት ብቕጥታ ትረክብ። ኩሉ ግዜ ኣብ ስራሕ ስለዘለኻ

**◆ ካብ ስድራቤትኪ ሓረስቶት ኣለዎ'ዶ?**

ካብ ገዛና ኣነ ጥራይ'የ ሓረስታይ።

**◆ ናብ ደቀንስትዮ ዝቐነዐ መልእኽቲ እንተለኪ?**

ደቀንስትዮ ክመሃራ ኣለወን። ዋላ ብትምህርተን ኣብ ኣብያተ ጽሕፈት ኣትየን እንተዘይሰርሓሉ ትምህርቲ ኣብ ኩሉ እዩ ኣገዳሲ። ሓዳር ንገዛእ ርእሱ ትምህርቲ የድልዮ እዩ። ስለዚ ክመሃራ'ዩ ዘለወን። ትምህርቲ ኣብ ዕብየት መነባብሮኺ ኣዝዩ ወሳኒ'ዩ። ዝወጠናኦ ዕላማ ኣብ ሸቶኡ ንምብጻሕ ከኣ ወትሩ ክጽዕራ ኣለወን።



*ሓረስታይ ወ/ሮ ኤልሳ ገብረኪዳን ኣብ ስራሕ እንከላ*

ምሳና ስለዝሰርሓ ኣዝየን እየን ዝፈትውኦ። ፍረኡ ብግብሪ ስለ ርእየኦ ንዓና'ውን በርቲዕና ክንሰርሕ'የን ዘተባብዓና። ብፍላይ እተን ዓበይቲ ደቅና፡ ሰራሕተኛታት ኣብ ዘየለዉሉ ባዕላተን ጸባ ይሓልባ፡ ኩሉ'ቲ ሰራሕተኛታት ዝሰርሕዎእየን ዝሰርሓ። ኮታስ ኣነ ዝሰርሖ ስራሕ ኩሉ ብስነ-ስርዓት ይመልከኦ'የን።

**◆ ጥሪት ኣለዋኹም ድየን?**

ሕርሻ እንተለካ፡ ስታላ ክህልወካ ጽቡቕ እዩ። ኣብ ጀርዲንና ዝፈረየ ሳዕር ድዩ ካልእን ሸሚትና እነምጽኣለን መግቢ ተመጊበን ጸባን ስጋን ዝምግባና ድማ ፍርያትካ እናኸትሓፍስ ባህታን ሓጎስን'ዩ ዝስምዓካ።



**◆ መጻኢ መደባትኪ እንታይ ይመስል?**

ኣነ ከም ሓረስታይ ካብዚ ሕጂ በጺሐዮ ዘለኹ ደረጃ ንላዕሊ ክበጽሕ ባህጊ ኣለኒ። ካብኡ ሓሊፈ እውን ኣብ ዓውዲ ሕርሻ ልዑል ምህርቲ ብምሕፋስ፡ ኣብነት ኮይነ፡ ስመይን ስም ሃገረይን ከጻውዕ ሕልሚ ኣለኒ።

**◆ ኣብ መወዳእታ ትብልዮ እንተሎ?**

ደቀንስትዮ ብቁጠባ ርእስና ክንክእል ኣለና። ንቕሓትና ንምብራኽ ድማ ብቐጻሊ ክንመሃር ኣለና። ተማሂርና ፍልጠት ምስ እንድልብ ንደቅና ኣብነት ኮይንና ክንመርሖም የኽእለና።

# ምክዋንን ውህለላን ምኑጽ ባህሊ ኣደታት!

ፍረወይኒ ተኸስተ

ምክዋን ዝብል ቃል ምትእኽኻል ንዝብል ንዘቤታዊ ምሕደራ ዝገልጽ ንብልሒ ኣዴታት ዝሕብር`ዩ። ነገራት ምስ ዓቅምን ድሌትን ተሳንዮም ውሽጣዊ ዕግበት ኣብ ምርግጋጽ ፍሉይ ኣስተብህሎ ይሓቱ።በዚ ሓቂ`ዚ ቀጻልነት ስድራቤት ውሑስ ንምኳኑ ብፍሉይ ኣዴታት ዝኸተልኦ ሜላ ወይ ብሉጽ ኣገባብ ንምክዋን መሰረት ዝገበረ`ዩ። ብቐንዱ ኣብ`ቲ ንኹሉ ድሌታት መጥመሪ ዝኾነ ኣገባብ ዝገሃድ`ዩ፡ እቲ ምንታይሲ ጻዕርን ድኻምን ንምዕባይ እቶትን ኣጠቓቕምኡን`ዩ፡ ስለዚ ምክዋን ኣዴታት ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ጀሚረን ንዓቐመንን ቅንዕነአን ዝሕብር ዝንኣዳሉ ኣገባብ ሜላ መንብሮ ኮይኑ ቀጸለ፡ ኣብነት ብምጥቃስ ሙብዛሕቶም ሰብኡት ብግሁድን ስቱርን ``ኣንስቲ ንቤት ቀጥ ኣቢለን`የን ዝሕዝኣ`` ክብሉ ይስማዕ፡ ሰበይቲ ንሓዳራ ዓንዲ ማእከል`ያ ብምባል ይምስክሩ። ንህርኩትን ንፉዕን ሰብኣይ ዝሕብር ኣበሃህላ ክኣ ``ተመን ጎሲሱዩ ዝኣቱ`` ዝብል ናእዳ ኣሎ። በዚ ሓቂ`ዚ ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ጉዳይ ሓዳሮም ናይ ሓባር ሓላፍነት ብምስካም ናብርኦም ብግቡእ ንምምራሕ ኣብ ዝሕግዞም ነገራት ግንዛበ የዕብ`ዩ፡ ብፍላይ ሰበይቲ ብሉጽ ናይ ምክዋን ኣገባብ ምኽታል መለለይኣ ኮይኑ ካብ ቀዳሞት ኣዴታታ ዝወረሰቶን ብተመሳሳሊ ንደቃ እተስግሮን`ዩ።

ሓዳር ፍሉይን ወሳንን ጽባቐ ናይ ሂወት`ዩ፡ ተመላላኢ`ኻ ናይ ምኻድ ሓይሊ መንፈስ እተዕብየሉ ምርሒት ኣለዎ።ብኣነባብራ ቀደም በቲ ዝዝንቶ ሰይቲ-ሓረስታይ ንእቶት ግራት ወይ በረኸት ቆፍኣን ጥሪታን ብዝግባእ`ያ ተመሓድሮ፡ መርኣያ ውሕልነታን መንፋዓታን ክኣ በዓልቤታ ህዱእን ሕጉስን መንፈስ ይውንን።ካብ ማሕረሱ ናብ ቤቱ ኣብ ዝኣትወሉ ብብሩህ ገጽ ትቕበሎን መኣዲ ቀሪባ ቡን ኣፍሊሓ ውዕልኡ ትሓቶን ተዕልሎን፡ ኢሂን ሚሂን ናይ ምባል ኩነት ትፈጥር፡ ጥበብ ዝመልኦ ጥንቁቕን እሩምን ቃላት ተዘውትር። ሃልክን ድኻምን በዓልቤታ ቅድሚ ዝኾነ ሰብ`ያ እትርድኦ። በዓልቤታ ንልቦንኣ መዚኑን ተረዲኡን ምስ ፈተውቱ ብዛዕባ ብሉጽ ባህሪ በዓልቲቤቱ የውግዓሉን ኣብ ቅድሚ ሰብ ብዘይ ገለ ስክፍታ ከም ዝፈትዋን ዘኽብራን ይነግረላ። እዝጊ ሂብኒ ብምባል`ዩ ዝውድሳ። ብወለደይ ተመሪቐ`የ፡ ከዋኒተይ ረዳኢተይ የማናይቲ ኢድ`ያ ይብላ።ብስቱር ኣብ ጸሎቱ ፈጣሪ ጥዕናን ዕድመን ክህባ ይጽልየላ። ዓጸፋ ናይ`ዚ ንሳ`ውን ሓልዮታን ኣኽብሮታን ይብርኽ። እቶም ነዚ እናርኣዩን እናሰምዑን ዝዓብዩ ውሉዶም ክኣ ኣብ ቤቶምን ከባቢኦምን ብንዑድ ባህርያቶም ይምርቑን ፍቱዋት ይኾኑን። እቲ ኣገባብ ስነምግባራዊ ብምኳኑ



ንብዙሓት መሃርን ኣራምን ተባሂሉ ይጥቀስ።

ከምዝፍለጥ ኣብ ሂወት ስድራቤትን መንብሮን ሓረስታይ፡ መግለጺ ሃብቲ፡ ስቡሕ ግራት፡ ስሱናት ጥሪት፡ ምኑጽ ዘርኢ የጠቓልል። ብቐንዱ ጥዕናን ሰላምን ናይ ስድራቤትን ከባብን ውሑስ ዝገብር ኣካይዳ ነጸብራቕ ፍቅርን ምክብባርን ኮይኑ መሰረታዊ`ዩ። በዚ ሓቂ፡ዚ እታ ኣብነታዊት ዝኾነት ሰይቲ ሓረስታይ፡ ንማሕረስ ምኑጽ ዘርኢ ካብ ቆፍኣ ኣይትፈልን`ያ፡ ንጥሪታን ግራታን ብፍሉይ ትከታተልን ተመሓድርን፡ ንበዓልቤታ ብሉጽ ሓሳብ ንውሳነ ዝበቅዕ ተቕርብን ብትሕትና ትላዘብን፡ ቀለብ ዓመት ስድራ ገምጊማ ተካውን፡ ንማሕበራዊ ግቡኣትን ግዴታን ሓቢሮም እጃሞም ክገብሩ ብምዝኽኻር ትዓይ፡ ንሰብኣውነታ ዝገልጽ ለውሃት ብብዙሓት ፍትውቲ ይገብራን ንስም በዓልቤታን ደቃን ዘኩርዕ ዕማም ተሰላስል። ውሕልነታ ኣብ ምክዋን ሰረት ዝገበረ ብምኹኑ ናእዳ ዘይፍለያ ትኸውን፡ በዝን ካልእን ግዲኣን ኣበርክቶኣን ይዛይድ። ንብሉጽን ምኑጽን ንጥፈታታ ምስ ትዕድሎት ባህርያታ ተጣሚሩ ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክልተ ገጽ ዝበላ ይኸውን።ናይ ቀደም ኣዴታት ምስ እንብል ልዕሊ ፍርቂ ዘመን ንዘሎ ጊዜ ከም ገምጋም ምውሳድ ይከኣል። ካልእ ብኣስተብህሎ ዝዕመም ኣብ እዋን መውስቦ ስድራ እንዳ ወዲ ዘካይድዎ ጻዕሪ ቀሊል ዘይምንባሩ`ዩ፡ ወዶም ብሉጽ ሓዳር ክህልዎ እታ ዝመርጽዋ ጓል ኣዲኣ ከመይ ዝበለት ምኳኑ ይግደሱን የጠያይቑን`ዮም። ካብዚ ሓቂ`ዚ ብምብጋስ ኩሉን ስድራቤታት ብመንጽር እቶተን ናይ ምክዋን ትርጉምን ኣገዳስነትን ተረዲኤን ናብርአን ክመርሓ ዝድርኽ ባህሊ ከምዘሎ እቲ ዝጸንሐ እምነት መርኣያ ምኳኑ የመልክት።

ምክዋን ብምትእስሳር`ዚ ዝቐርብ ዘሎ ኣብ ከተማ ዝቕመጣ ኣዴታት ሙብዛሕተን ከም መቐጸልታ ክቡር ልምድታተን ኣብ ኣጠቓቕማ ገንዘብ ፍሉያት`የን። ገንዘብ ንሙብዛሕቱ ድሌታት መተግበሪ ወይ መሳለጢ`ዩ። ናይ ቁጠባ ምሁራን ገንዘብ ሱር ደም`ዩ ዝብል ኣገላልጻ ኣለዎም። ንኽብሪ ገንዘብ ኣብ ምንጻሩ ደም ንሕቶ ምንባር ወይ ምቕጻል ሂወት ዝምልስ`ዩ፡ ንዑደቱ ደም ክኣ ሱር-ደም ስሩዕነትን ውህደትን ዝንጽረሉ`ዩ። ስለዚ ገንዘብ ብመንጽር ፍሉይ ኣገዳስነቱ በዝን ብኻልእን ስነሓሳባዊ ኩነት ክትንተን ይኽእል። ቀንዲ ነገር ኣብ ኣጠቓቕማ ገንዘብ ዝህሉ መረዳእታ`ዩ። ኣዴታት ብመንጽር እቶት ፍርያት ሕርሻ፡ ሰረቱ ኣብ ምክዋን ዘንበረ ፍሉይ ኣገባብ ይኽተላ ንብልሓተ ምሕደራ ዘገምግም`ዩ። ብሓፈሻ ምክዋን ከምቲ ሳእንኻ ማዕረ እግርኻ እንብሎ`ዩ።ምስ`ዚ ብምትእስሳር ውህለላ-ገንዘብ ብዓቅሚ ኣዴታት ዝውቱር`ዩ። ንቤተን ዘድሊ ድሕሪ ሸማት ካብ መንዲለን ፈቲሐን ወርሓዊ ብመልክዕ ዕቁብ ናይ ምውህላል መደብ

ኣለወን። ዕቁብ ሓደ ብልሓት ናይ ምክዋን'ዩ። ሓድሕዳዊ ፍቕርን ስኒተን የዕብያሉ፡ ተመክሮ ይለዋወጣሉ፡ ጸገማተን ይፈትሓን ፍናነን ክብ የብላን።ብተመሳሳሊ ኣብ ደቀን ዝሰርጽ ናይ ምንባር ስርዓትን ሜላን ይምህራን የለማምዳን። እዚ ሓደ ካብ ቀንዲ ሰረተ ርእሰምኽኣል'ዩ። ንርዲኢተንን ግንዛበአንን ኣመልኪቶም መብዛሕትኦም ሰብኡት ''ኣንስቲ ይኽእላሉ'የን ከማና ኣይኮናን'' ዝብል ገምጋም ኣለዎም ንሓሳባተን ብምድጋፍ ክኣ የተባብዑን ብሉጽ ልምዲ ኮይኑ ንምቕጻሉ ሓቢሮም ይሰማምዑሉ።


ነዚ ሓቂ'ዚ ብኣብነት ንምጥቃስ፡ ኣል 60 ዓመት መዓሾ ዝተባህላ ሰይቲ ሓረስታይ፡ ንገለ ፍርያት ሕርሻአን ብምሻጥ ገንዘብ ናይ ምውህላል ልምደን ዓመታት ዘቑጸረ'ዩ። ክንድይ ኣዋህሊለን ከምዘለዋ ክፍልጣ'ውን ኣይደል'ያን፡ እንተኾነ ሓደ እዋን በዓልቤተን ብምሕማሞም ንሕክምና ዝኸውን ገንዘብ ኣብ ምድላይ ተጸምዳ። ኣብ ዓደን ርኹብ ሰብኣይ ብምንባርም ናብ ቤቶም ብምኻድ ክለቅሓ ወሰና፡ ኣንጊሀን ብምኻድ ጉዳየን ኣውግዓ፡ እቶም ርኹብ'ዮም ዝበልኦም መልሰም ዘይተጸበይኦ ኮይንወን፡ ወይዘሮ መዓሾ ንበዓልቤትኪ ምሕረት ይኣዝዘሉ። ኣነውን ተጸጊመየ ዘለኹ ክለቅሓኪ ኣይክእልን'የ ብምባል ኣፋነወን። ብመልሰም ሻቕሎተን ወሰኸ፡ ድሕሪ ቅሩብ ሰዓታት ግን ሓደ ነገር ዘከራ ''ወየለየኸይ ኣሉ ብምባል'' ነታ ዘዋህልላላ ታኒካ ካብ ቦትኣ ኣውጺአን ከፊተን ክቆጽራ ጀመራ። ኣብ መንጎ በቲ ዝኾነ ተደኒቐን ''ተመስገን'' ደጋገማ''። ልዕሊቲ ዘድልየን ምውህላለን ኣረጋገጻ፡ ብሓጎስ ከም ቆልዓ ተሰራሰራ። ኣንጊሀን ናብ ወየ ርኹብ ወዲዓዲ ብምኻድ እቲ ዝኾነ ነገርኦም፡ ፈጣሪ ሓጊዝኒ'ሎ ገለ እንተተረፍንስ ከለቓሕኩም ኢለየ ተመሊሰኩም ክብላ ሓጨጫሎም። እቶም ሰብኣይ ተኲሮም ብምጥማት እንቋዕ ጥራይ ቀንዓኪ፡ ኣንስቲ ካብ ጥንቲ ጥቕምቲ ጥበብ ንዓኽን'ያ ተዓዲ'ላ። ብምባል ኣፋነውወን ንሰን እውን ሩፍታ ተሰምዐን።

ብሓፈሻ መብዛሕተአን ደቀንስትዮ ንምክዋንን፡ ገንዘብ ንምውህላልን ኣይእገማን'የን። ኣብዚ እዋንዚ ብሳላ'ቲ ትምህርቲ ዝፈጠሮ ዕድላት ኣተሓሳስባ ምስፍሑ ውሕስነት'ዩ። ንኣብነት ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚሩ ዝቕጽል ዘሎ ትካል መደብ ውህለላን ንኡስ ለቃሕን ብመውል ዝፍለጥ፡ ዝኸፈቶ ዕድል ንብሉጽ ልምድታት ደቀንስትዮ ዝዕብ'ዩ፡ ብዙሓት ደቀንስትዮ ንናይ ምክዋን ባህሊ ዝድርዕ ንኣጠቓቕማ ገንዘብ ዝሕግዝ ሜላታት ምርዳእን ምኽታል ንመጻኢ ሂወት ቀያሲ ይኸውን፡ ብሓፈሻ ምክዋንን ውህለላን ክልተ ገጽ ናይ ሓደ ሳንቲም ምዃኑ የመልክት።ንዕዉትን ጥንቁቕን ናብራ ዝሕግዝ ብሉጽ ባህሊ ብደቀንስትዮ ስድራቤተን ብግቡእ ክመርሓ ወሳኒ'ዩ፡ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ምሁራት ስነ ቁጠባ ካብ'ቲ ብዙሕ ዝመኽርዎ ሓደን ቀንድን ኣታዊታት ብመንጽር ወጻኢታት ምግምጋም ንዝብል ከም መረዳእታ፡ ንኣብነት እቶት 1,000 ናቕፋ ምስዝኸውን 10%ናቕፋ ንውህለላ ምውሳን፡ በዚ ተጠቂሱ ዘሎ መጠን ገንዘብ ኣብ ወርሒ 100 ናቕፋ፡ ኣብ ዓመት 1,200 ናቕፋ ቅሙጥ ወይ ውህሉል ገንዘብ ምውናን ይከኣል፡ ክስዓብ ዘለዎ ብሉጽ ልምዲ'ዩ።ኣብ ጉዕዞ ሂወት ሓደ ካብቶም ቀንዲ ጉዳያት ንሰላምን ርእሰምኽኣልን ስድራቤታት ውሑስ ዝገብር ምሩጽ ኣካይዳ ምኽታል'ዩ፡ እቲ ዝጸንሐን ዝቕጽልን ዘሎ ካብ'ቲ ብዙሕ ናይ ኣዴታት ልምዲ ቅንዲ ምክዋን ብምዃኑ ዓቢ ትምህርትን ክስዓብ ዘለዎን'ዩ።

ካብ ገጽ 21 ዝቐጸለ

# ቫይረስ ዝጠንቁ ነድሪ....

እቲ ቫይረስ ዘርኢ ወዲተባዕታይ ብብዝሒ፡ ኣብ ብልዕታዊ ፈሳሲ ጓለንስተይቲ ድማ ብማእከላይ ዓቐን ስለዝርከብ ካብ



ፍኑው ጾታዊ ርክብ ምቑጣብ እቲ ዝበለጸ መከላኸሊ እዩ። ስለዚ ካብ ቫይረስ ዝጠንቁ ነድሪ ጸላም ከብዲ ንምድሓን ካብ ጾታዊ ርክብ ምሕራም፡ ምስ ሓደ መጻምዲ ምጽናዕ፡ ኣድላዪ ምስዝኸውን ከኣ ኮንዶም ብቕኑዕ ኣገባብ ምጥቃም፡ ኩነታትና ንምፍላጥ ወለንታዊ መርመራ ደም ምግባር፡

ነፍሰጾር መርመራ ሄፓታይትስ 'ቢ' ቫይረስ ከምእትረክብ ምግባር፡ እቲ ቫይረስ ምስ ዝጸንሓ ከኣ መምርሒ ሓኪም ብግቡእ ምክትታል፡ ቆልዑ ዕለት ክታብቶም ከይሓልፍ ምጥንቃቕ፡ ቫይረስ ዘለዋ ኣደ




ክትጠንስ ኣብ ዝመደበትሉ ምስ ሓኪም ምምኻር ነቲ ሕማም ኣብ ምክልኻል ዓቢ ግደ ከምዘለዎ ክኢላታት ይመኽሩ።

## ተራ ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ፍወሳን ምክልኻልን ቫይረስ ዝጠንቁ ነድሪ ጸላም ከብዲ

መድሃኒት ሄፓታይትስ 'ቢ' ቫይረስ ኣተኣታትዩ ክሰርሓሉ ጸኒሑ ኣሎ። ኩለን ነፍሰጾራት መርመራ ሄፓታይትስ 'ቢ' ቫይረስ ከምዝገብራ፡ መድሃኒት ናይ ቫይረስ ሄፓታይትስ 'ቢ' ወይ 'ሲ' (HBV & HCV) ዝተኣዘዘሎም ተሓከምቲ መድሃኒቶም ብነጻ ከምዝረኽቡ ይገብር ኣሎ።

## ተራ ህዝቢ

ካብዞም ንጸላም ከብድና ካብ ቀሊል ክሳብ ብርቱዕ ነድሪ ኣብጺሑ ንቃንዛን ሞትን ከቃልዑና ዝኽእሉ ቫይረሳት ንምድሓን ቅድም ቀዳድም ካብ ዘይውሑስ ጾታዊ ርክብ ንተሓረም። በዞም ቫይረሳት ምስ እንልከፍ ድማ እቲ ዝወሃበና ሕክምናን ምኽሪ ሞያውያን ጥዕና ብግቡእ ተረዲእና ንክተሉ፡ ዘይተረደኣና ድማ ናጻ ኮይንና ንሕተት። ንሕማም ጸላም ከብዲ ዘጋድድ ልምድታት ነወግድ። እዚ ማለት ካብ ምትካኽ ሽጋራን ምጥቃም ትንባኾን ካልእ ወልፍታትን፡ ከም ምስታይ ኣልኮል፡ ምውሳድ ዓይነቱ ዓቕኑን ዘይፍለጥ ባህላዊ ኣፋውስ፡ ግርህ ኢልካ ካብ ዝግበር ምልቕቓሕ በላሕቲ ነገራት ከም መስደድ ጽፍሪ፡ መቐምቀሚ ጸጉሪ፡ መመሸጥ . . . ንጠንቀቕ። ካብ ሓሚምካ ሕክምና ተኸላኺልካ ጥዕና ይቐልልን ይሓስርን።

# ጥዕና

## ጠንቅን ሳዕቤናትን መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ደቂ-ኣንስትዮ

ዓወት ተወልደ

መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ሓደ ካብ'ቶም ኣዚዮም ሃሰይቲ ካብ ዝኾኑ ጎዳእቲ ልምድታት ሓደ እዩ። መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ቆልዑ ንዘለዎም ዕቑር ዓቕሚ ብምልኣት ንከይብርብሩዎ ዝዕንቅፍ ልምዲ ምዃኑ ርዱእ እዩ። ደቂ-ኣንስትዮ ብንኡሰን ምስ ዝምርዓዋ: ንዝተፈላለዩ ጥዕናዊ: ማሕበራዊ: ቁጠባዊን ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገማት ይቃልዓ ኣየን። እዚ ልምዲ'ዚ ብፍላይ ኣብ'ተን ብቑጠባን ደረጃ ምዕባለን ድሑራት ዝኾና ሃገራት ግኑን ተርእዮ እዩ።

**ንመርዓ ትሕቲ-ዕድመ ደፋእቲ ዝኾኑ ብዙሓት ረቛሒታት ኣለዉ። ገለ ካብኣቶም:**

◆ **ድኽነት:** ገለ ስኡናት ስድራቤታት ንትሕቲ-ዕድመ ደቆም ምስ ሃብታማት ሰባት ከም ዝምርዓዋ ብምግባር ንፋናንስያዊ ረብሓኦም የውሕሱ።

◆ **ሃይማኖት:-** ገለ ኣምነታት: ብፍላይ ድማ ባህልዊ ሰረት ዘለዎም: ንመርዓ ዝፍቀድ ውሱን ዕድመ ስለዘይብሎም ብዙሓት ሰባት ነዚ ነቓዕ ናእሽቱ ቆልዑ ንክምርዓዉ ይጥቀሙሉ።

◆ **ያታ ወይ ልምዲ:** ኣብ ብዙሓት ከባቢታት ኣፍሪቃ: ንትሕቲ-ዕድመ ኣዋልድ ምምርዓው ዝውቱር ባህላዊ ልምዲ እዩ። ንኣብነት: ኣብ ግዝኣት ክዋራ ናይ ናይጀርያ: ሓንቲ ጓል ምስ ተወልደት: ሸው ንሸው ወለዲ ናይ ሓደ ንእሽተይ ወዲ ንስድራ'ታ ጓል: ጓልኩም ሃቡና ኢሎም ይሓቱዎም። ክልቲኦም ስድራቤት እታ ጓል ክሳብ ትኩትት (ካብ 11-15 ዓመት) እንዳተኸናኸኑ የዕብዩዋ'ሞ ብድሕሪኡ የመርዕዉዋ።

**ሳዕቤናት መርዓ ትሕቲ ዕድመን ኣብ ልዕሊ ትሕቲ-ዕድመ መርዑት ዘለዎ ጽልዋን:-**

◆ **ጥንሲ:** መብዛሕቲኡ ግዜ ትሕቲ-ዕድመ መርዑት: ቅድሚ ብኣካልን ኣእምሮን ምብሳለን ቁልዕነተን ከይጸገባ: ኣደ ቆልዑት ይኾና።

◆ **ሞት ኣደ:** ካብ 15 ዓመት ንታሕቲ ዕድመ ዘለወን ኣዋልድ ኣብ እዋን ሕርሲ ናይ ምሟት ተኽእሎኣን ካብ'ተን ብዕድመ ናይ ዘደፋኣ ነፍሰ-ጾራት ብሓሙሽተ ዕጽፊ ይዓቢ።

◆ **ሞት ናጽላ:** መጠነ ሞት ካብ ብትሕቲ 20 ዓመት ዝዕድሜኣን ኣደታት ዝተወልዱ ህጻናት ካብ'ቶም ብዕድመ ዕብይ ዝበላ ኣዴታት ዝውለዱ ቆልዑ ብ75 ሚእታዊት ይዓቢ። እቶም ብህይወት ዝሰርሩ'ውን እንተኾኑ ቅድሚ መዓልቶም ዝውለዱ: ትሑት ዝሚዛኖምን ንመልከፍቲ ኤች.ኣይ.ቪ. ቫይረስ ዝያዳ ዝተቓልዑን ኣዮም።



◆ **ጥዕናዊ ጸገማት:** ቅድሚ መዓልቱ ዘጋጥም ሕርሲ ንኣደታት ንሕዱር ጸገም ምቁጽጻር ሽንትን ቀልቀልን ዘስዕብ ፊስቱላ የቃልዕን። ናይ ፊስቱላ ጸገም ዘለወን ኣዋልድ መብዛሕቲኡ ግዜ ሰብኡተን ይርሕሩወንን ብሕብረተሰብ ተነጽሎ የጋጥመንን እዩ። ኣብ ዓለምና ኣስታት ክልተ ሚልዮን ኣቢለን ዝኾና ኣዋልድ ብፊስቱላ ዝሳቐያ ከኾና ከለዋ: ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት ድማ ከባቢ 100,000 ዝኾና ሓደሽቲ ግዳያት ናይ'ዚ ጥዕናዊ ጸገም ይኾና።

◆ **ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ:** ትሕቲ-ዕድመ መርዑትንኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስወሲኽካግዳያት ናይ ዝተፈላለዩ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ናይ ምዃን ተኽእሎኣን ልዑል እዩ። ንኣሽቱ ኣዋልድ ብስጋዊ ርክብ ንዝመሓላለፉ ሕማማት ዝያዳ ዝተቓልዓ: ትሑት ተበጻሕነት ጾታዊ ኣስተምህሮን ኣገልግሎት ሕክምናን የጋጥመንን።መብዛሕቲኡ ግዜ: መከላኸሊ ጥንሲ ንከይጥቀማ ብመጻምድተን ይኽልከላ: ወይ ንበዓል ሞያ ክሓታ ይስከፋ።

◆ **መሃይምነት:** ትሕቲ-ዕድመ መርዑት ድሕሪ ምምርዓወን ንከይመሃራ ወይ ትምህርተን ንከይቀጽላ ይኽልከላ። መብዛሕቲኡ ግዜ ደቀን'ውን ብዘይ ትምህርቲ ክዓብዩ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።

◆ **ድኽነት:** ትሕቲ-ዕድመ መርዑት ካብ ሰበን ስለዝንጸላን ናይ ትምህርትን ሽቓለትን ዕድላት ስለዝንፈጋን ካብ ዓንኬል ድኽነት ንከወጽኣ ይጸገማ።

◆ **ዓመጽን ጎነጽን:** ኣብ ሓዳረን ካብ'ተን ዕብይ ምስ በላ ዝተመርዓዋ መዛኑእን ንላዕሊ ብመጻምድተን ናይ ዓመጽን ጎነጽን ኣደራዕ ክወርደን ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።

◆ **ጥዕናዊ ጸገም ኣእምሮ:** ኣብ ልዕሌኣን ዝወርድ ዓመጽን ጎነጽን ድሒሩ ናብ ኣቓንዛዊ ኩነታት ማዕቢሉ ጸቕጥን ቅዛነትን ከስዕበለን ይኽእል።

**ብሰንኪ ፊስቱላ ዝስዕብ ጸገማት**

እቲ ዝዓበየ ጸገም መርዓ ትሕቲ-ዕድመ: ብሰንኪ ዝተናውሐ ዕጉት ሕርሲ ዝስዕብ ሕማም ፊስቱላ እዩ። ክልተ ዓይነት ፊስቱላ ኣለዉ። እቲ ሓደ ቨሲኮቫጃይናል ፊስቱላ (Vesicovaginal fistula) ተባሂሉ ዝፍለጥ ኮይኑ: ብሰንኪ ዕጉት ሕርሲ ዝስዕብ ዘይንቡር ምልሓኽ ሽንቲ ካብ ፍሕኛ ናብ ርሕሚ ክኸውን እንከሎ: እቲ ካልኣይ ድማ ረክቶቫጃይናል ፊስቱላ (Rectovaginal fistula) ተባሂሉ ዝፍለጥ ዓይነት ፊስቱላ ድማ ብሰንኪ ዕጉት ሕርሲ ኣብ መንጎ ኣንፈ-መዓንጣን ርሕምን ብዝፍጠር ክፍተት ዝስዕብ ዘይንቡር ምልሓኽ ቀልቀል እዩ። ሓንቲ ኣደ ፍሕኛኣን ኣንፈ-መዓጣኣን ጉድኣት ክወርዶ ከሎ ብክልቲኡ ዓይነት ፊስቱላ ክትሳቐ ትኽእል እያ።

ሰሜናዊ ናይጀርያ ኣብ ዓለም እቲ ዝለዓለ መጠን መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ዝረኣየሉ ከባቢ እዩ። ዳርጋ ፍርቂ ካብ'ተን ኣዋልድ ቅድሚ

15 ዓመት ምምላኣን ይምርዓዋ። እዚ ልምዲ ንደቂ-ኣንስትዮ ኣዚዩ ሃሳዪ ብምዃኑ፡ ከም ሳዕቤኑ ናይጀርያ ኣብ ኣፍሪቃ ዝልዓለ ሞት ኣደታት ዝምዝገበላን ኣብ ዓለም እቲ ዝለዓለ መጠን ፊስቱላ ዝምዝገበላ ሃገር እያ። ኣብ ናይጀርያ ጥራይ ክሳብ 800,000 ዝበጽሓ ደቂ-ኣንስትዮ ብሰንኪ ፊስቱላ እንዳተሳቐያ ይነብራ።

'ብቆልዑተን ከለዋ ይምርዓዋ፡ ብቆልዑተን ይጠንሳን ይሓርሳን፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ግዳይ ብፊስቱላ ይኾና፡' ይብል ኣብ ሰሜናዊ ናይጀርያ ዝርከብ ናይ ዓለምና ዝዓበየ ናይ



ፊስቱላ ክሊኒክ ዋና ኣማኻሪ መብጣሕቲ ዝኾነ ዶክተር ኪስ ዋልዲይክ።

መብዛሕቲኡ ጸገማት ፊስቱላ ኣብ ቀዳማይ ጥንሰን የጋጥመን። ኣብ'ቲ ሆስፒታል ዳርጋ ፍርቂ ካብ ሕሙማት ፊስቱላ ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሜኣን ኣዋልድ እየን። ሓንቲ ካብኣተን፡ ሚርያም፡ ምስ ካልኦት ደቂ-ኣንስትዮ ብሓባር ኣብ ዝደቀሰትሉ ናይ ሆስፒታል ዓራት ብተስፋ ምቑራጽን ድኻምን ተሰኒፋ ግዜኣ ትሕልፎ። እቲ ዘፍርሕ ትርኢታን ንእስነታን ንኣደህቦ ተዓዛቢ ዝስሕብ እዩ። እቲ ምኽንያት ድማ ሚርያም ካብ ህይወታ ማንካ ዘየልዓት ኳል 7 ቆልዓ እያ።

ሓላፊት ናይ'ቲ ሆስፒታል ንዝኾነት ሓጂያ ነፊሳት "እዛ ኳል 7 ዓመት ቆልዓ እንታይ ስለዘጋጠማ እያ እያ ናብ'ዚ ናይ ፊስቱላ ሆስፒታል መጺኣ?" ተባሂላ ምስተሓተተት፡ "ወለዳ ምስ ኣመራዓዉዋ ሰብኣያ ስርዓተ መፍረኣ ኣዚዩ ስለዝጸበቦ ንክራኽባ ጸጊሙዎ። ንክራኽባ ብሓደ ናይ ገዛውቱ ቀምቃማይ ርሕማ ከምዘግፍሖ ብምግባር ተራኺቡዋ። ከም ሳዕቤኑ ፍሕኛኣ ስለዝተቐደደ ንምጽጋኑ መጥባሕቲ ተኻይዱላ።" ኢላ'ያ መልሲ ሂባ።

### መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ንምውጋድ ክውሰዱ ዘለዎም ስጉምትታት?

#### ትምህርቲ

◆ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተን ዝወድኣ ኣዋልድ ካብ'ተን ትሑት ደረጃ ትምህርቲ ዘለወን ወይ ዘይተማህራ፡ ብንእስነተን ከምርዓዋ ዘሎ ተኽእሎ ብሸዱሽተ ዕጽፊ ዝተሓተ እዩ። እዚ፡ ነተን ናይ ትምህርቲ ዕድል ክረኽባ ወይ ብስሩዕ ክከታተላ ዘይክእላ ግን ከኣ ሞያዊ ስልጠና ዝወሰዳ ኣዋልድ'ውን የጠቓልል እዩ።

◆ ንሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ትምህርቲ ምቕሳም ንእትምርዓወሉ ዕድመ ንምድንጓይ ሓጋዚ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ግዝኣት ኩዋራ ግዝኣት ናይ ናይጀርያ ብዝኽትምና ዝዓበየት ኣሚና መሓመድ ብህጻንነታ እያ ብባህላዊ ስርዓት ተመርዕያ። እንተኾነ ግን፡ ንሳ ኣብ ከተማ ምስ ትምህርቲ ዝቕሰሙ ስድራ እንዳነበረት ስፌት ክዳን ትመሃር ስለ ዝነበረት ነቲ ምስ ሰብኣያ ብጽንብል ትምርዓወሉ ግዜ ክሳብ ጓል 19 ዓመት ትኸውን ክናዋሕ ክኢሉ።

◆ ትምህርቲ ንደቂ-ኣንስትዮ ዝተፈላለየ ኣማራጺ ዕድላት ንክህልወን፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ደረጃኣንን እቶት ናይ ምርካብ ዓቕመንን ክብ የብለለን።

#### ሽቕለት/ ምቕናስ ድኽነት

◆ እተን ናይ ዓለምና ዝደኸያ ሃገራት እቲ ዝለዓለ መጠን መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ኣለወን። ስድራቤት ጓል ንዘለዎም ጸቕጢ ናይ መነባብሮ ንምፍኳስን ደቀም ዝሓሸ መነባብሮ ንክነብራ ካብ ዝብል ዕላማ ብቑልዕነተን የመርዕዉወን።

◆ ካብ ድኻታት ስድራቤት ዝውለዳ ኣዋልድ ካብ'ተን ካብ ርኹባት ስድራቤታት ዝውለዳ ንላዕሊ ዳርጋ ብክልተ ዕጽፊ ብንኡስ ዕድሚኣን ናይ ምምርዓው ዕድል ኣለወን።

◆ ደሞዝተኛታት ኣዋልድ ህይወተን ንምእላይ ዘድልየን ወጻኢታት ንምሽፋን ኣብ ናይ ካልኦት ሰባት ሓገዝ ብዙሕ ስለዘይምርኮሳ ብስድራኣን ከም ጾር ዘይኮና ከም ቁጠባዊ ጸጋ እየን ዝጥመታ።

#### ምሕያል ኣስተምሮታት

◆ ኣንጻር መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ደቂ-ኣንስትዮ ዝቓንዐ ኣስተምህሮ ምሕያል ኣጠማምታ ናይቶም ነዚ ልምዲ ዝኽተሉ ሕብረተሰባት ኣብ ምቕያር ሓጋዚ እዩ።

◆ ኣፍልጦ ህዝቢ ንምብራኽ ልዝብን ሰሚናራትን ምክያድ ኣፍልጦ ናይ'ቶም መርዓ ትሕቲ ዕድመ ዘዘውትሩ ማሕበረ-ሰባት ፍልጠቶም ንክሰፍሑን ኣርኣእያኦም ክቕይሩን፡ ንዝነበሮም ሕጽረት ኣፍልጦ ንክንክዩን የዋህ ባህርያቶም ንክወግዱን ዘኽእል ትብዓት ንክጥርዩ የኽእሎም።

◆ ትሕቲ-ዕድመ ኣዋልድ ብሰንኪ መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ንዝስዕቡ ጸገማት ከምዝፈልጣ ምግባር ንዝቐርበለን ሕቶ መርዓ ወይ ንዝግበረለን ጸቕጢ ንከይቕበላ ወይ ንክነጽጋ የኽእለን ኣዩ።

#### ፖለቲካዊ ቅሩብነት

ብወገን መንግስቲ ንህሉው መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ዝኽልክሉ ኣዋጃት ተፈጻምነት ከምዝህልዎም ዝገብር ፖለቲካዊ ቅሩብነት፡ መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ንምክልኻል ዘኽእል ዝዓበየ ረቛሒ ኣዩ። መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ንምውጋድ ዝሕግዙ ሃገራውያን፡ ኣህጉራውያንን ዓለም-ለኻውያን ሕጋጋት ንተግባራውነት ድሉዋት ኮይኖም ኣለዉ። ንኣብነት፡ ዓንቀጽ 21(2) ናይ ኣፍርቃዊ ቻርተር ኣብ መሰልን ድሕነትን ቆልዑት ከም'ዚ ዝስዕብ ይድንግግ፡

'መርዓ ትሕቲ ዕድመን ሕጻ ንኣሽቱ ኣዋልድን ኣወዳትን ክልኩል ኮይኑ፡ ብተወሳኺ፡ እቲ ዝተሓተ ንመርዓ ዘብቅዕ ዕድመ 18 ዓመት ምዃኑን፡ ኩሎም ጽምብላት መርዓ ኣብ ወግዓዊ መዝገብ ምምዝጋብ ግድነታዊ ምዃኑን ዝድንግግ ሕጊ ምንዳፍ ዘጠቓልል ግብራዊ ስጉምቲ ክውሰድ ይግባእ።'

እዚ ዘርእየና፡ መርዓ ትሕቲ-ዕድመ ንምክልኻል፡ ብኡ ኣቢልካ ንምውጋዱን፡ ዝኣክል ሕጋዊ መቓን ተደንጊጉ ምህላዉ፡ ኣንተኾነ ግን ብሰንኪ ድሑር ባህላዊ ልምድታት ፍርቂ ጎድኒ ሕብረተሰብ ዝኾና ደቂ-ኣንስትዮ ንከቢድ ጥዕናዊን ማሕበረ-ቁጠባዊን ጸገማት ይቃልዓ ብምህላወን፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ንመርዓ ትሕቲ-ዕድመ ደቂ-ኣንስትዮ ሓላፍነት ተሰሚዑዎ ብዕቱብ ክከላኸሎ ይግባእ።

# ቫይረስ ዝጠንቁ ነድሪ ጸላም ከብዲ

ካልሹም መሓመድ ደባስ

ጸላም ከብዲ ንህላወና ኣገዳሲት ዝኾነት ኣካል (Organ) ሰብነትና እያ። ኣዝዩ ብዙሕን ዝተሓላኸን ስራሕ ድማ ተሰላስል። ኣስታት 500 ዝኸውን ዕማማት ኣለዋ። ገለ ካብኡ ሓሞት ብምድላው ኣብ ስርዓተ ምሕቃቕ መግቢ ከምዝነዝዕ ትገብር፡ ስብሕን ፕሮቲናትን ሓቑቑ ኣብ ኣካላትና ከምዝምጸ ትገብር፡ ካብ ደምና ተጸሪጉ ክወጽእ ዘለዎ ጎዳኢቲ ነገራት ከም ኣልኮል፡ ተረፍ መድሃኒትን ካልእ ከሚካላትን ተጸሪ፡ ኣብ ምርጋእ ደም ዝሕግዝ ፕሮቲናት ተዳሉ፡ ንጥፈታት ኣካላትና ትቆጻጸር፡ ሽኮር (glucose)፡ ማዕድናትን ቪታሚናትን እቲ ንእለት ዝድለ ኣብ ጠቕሚ ከምዝውዕል እቲ ዝያዳ ድማ ከምዝኽዘን ትገብር። እንወስዶ መድሃኒታት ክሓቅቕን ክዳቀቕን ትሕግዝ፡ ካብ ሕማም ዝከላኸለልና ነዝዕታት (antibody) ተፍሪ። ስለዚ ጸላም ከብዲ ከይትሓምምን ከይትንድርን ክንከላኸለላ ዝግባእ ሓንቲ ዓባይ ትካል ሰብነትና'ያ።

እንተኾነ ብብዙሕ ምኽንያታት ናይ ሰብ ጸላም ከብዲ ክትንድር ትርአ። ሓደ ምልክታት ካብ ነድሪ ጸላም ከብዲ ምብጫው ጻዕዳ ዓይኒ፡ ግናዕ ኢድን ካልእ ዝርአ ኣካላትን እዩ። ብልምዲ ከኣ ወይቦ ንብሎ። ምብጫው ቆርበትን ዓይንን ግን ንበይኑ ነድሪ ጸላም ከብዲ ክሕብር ኣይክእልን'ዩ። ንኣብነት ሕማም ዓሶ ብዙሓት ቀያሕቲ ዋህዮታት ምስ ዘዕኑ ዓይንን ቆርበትን ከወይብ ይኽእል። ሻምብቆታት ፍሕኛ ሓሞት ብጸጸር ይኹን ብዝኾነ ምኽንያት ምስዝዕጸ ምብጫው ቆርበትን ዓይንን ከስዕብ ይኽእል . . . እቲ ምኽንያታት ብዙሕ'ዩ። ጸላም ከብዲ ምስ እትንድር ምብጫው ወይ ወይቦ ሓደ ምልክት ክኸውን ይኽእል፡ ንሱ ከይተራእየ እውን እንተኾነ ነድሪ ጸላም ከብዲ ክህሉ ይኽእል'ዩ።




ጠንቂ ነድሪ ጸላም ከብዲ ብዙሕ'ዩ። ኣተኩሮና ግን ኣብቲ ቫይረስ ዝጠንቁ ነድሪ እዩ። እቶም ቀንዲ ንጸላም ከብዲ ዘነድርዋ ቫይረሳት ሓሙሽተ እዮም። ንሰም ከኣ ሄፓታትይትስ A, B, C, D, E (ኤ፡ ቢ፡ ሲ፡ ዲ፡ ኢ) ይበሃሉ። ካብዚኣቶም እቶም ኣብ ሃገርና ከም ጸገም ህዝባዊ ጥዕና ዝርኣዩ ዘለዉ ሄፓታይትስ 'ቢ' ን 'ሲ' ን ኮይኖም ዝያዳ ከኣ ሄፓታይትስ 'ቢ' እዩ። ክልቲኦም እዞም ቫይረሳት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍሉ መገዲ ልክዕ ከም ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. ብደም ብዝተበከለ በሊሕ ነገራት፡ ብዘይመኸነ መሳርሒ ሕክምና፡ ዘይውሑስ ጾታዊ ርክብ እዩ። ካብ ኣደ ናብ ዕሸል እውን ይመሓላለፍ። ዝሓመመ ሰብ ቀልጢፉ ሕክምና ምስ ዘይረክብ ድማ ነባሪ ሕማም ጸላም ከብዲ፡ ድኻም ጸላም ከብዲ የጥሪ፡ ከብኡ ሓሊፉ እውን ክሳብ ሞት ከበጽሕ ይኽእል።

ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ሕብረተሰብና ብዝተኻየደ መጽናዕቲ መሰረት ኣብ ሃገርና ካብ 1000 ሰባት እቶም 30 ሄፓታይትስ ቢ ክህልዎም ከሎ፡ ሓሙሽተ ድማ ሄፓታይትስ ሲ ኣለዎም። እዚ ኣሃዝ'ዚ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዝተረኸበ ሓበሬታ እዩ።

**ዓበይቲ ምልክታት ነድሪ ጸላም**

ምብጫው ኣዒንቲ

ቃንዛ ኣብ የማናይ ወገን ከብዲ

ምስ ጉንፋዕ ዝመሳሰል ምልክታት

ምብስናው

ዕግርግርን ተምላስን

ጽልም ዝበለ ቡን ዝመስል ሽንቲ


ዝመሓለፈሉ መገዲታት

- ዘይውሑስ ጾታዊ ርክብ ምስ ሄፓታይትስ ቢ ወይ ሲ ዘለዎ/ዘለዋ

- ዘይመኸነ እቲ ቫይረስ ዘለዎ ሰብ ዝተጠቐመሉ መሳርሒታት ከም ብራሽ፡ ላማ፡ መላጸዪ ማሽን፡ ውቃጦ፡ ምስዳድ ዓንቀር፡ ማሕንማ . . .

- ካብ ቫይረስ ዘለዎ ኣደ ናብ ዕሸል፡ (90 ሚእታዊት ኣብ ግዜ ወሊድ)

**ፍወሳ**




ሄፓታይትስ 'ሲ' ክታበት እኳ እንተዘይብሉ እቲ ሰብ ሕማሙ ብንጹር ምስ ዝፍለጥ ክፍወስ ዝኽእል ሕማም'ዩ። ሄፓታይትስ 'ቢ' ግና ክሕውዮ ዝኽእል ፈውሲ የለን። እንተኾነ ጸላም ከብዲ ከይተሃሰየት ክትጸንሕ ዝሕግዝ መድሃኒት ኣሎ። ኩሉ እቲ ቫይረስ ዘለዎ



ሰብ ግን መድሃኒት የድልዮ ማለት ኣይኮነን። ዓቕን ናይቲ ቫይረስ ተራእዩ ንጸላም ከብዲ ስግኣት ዝፈጥር ብዝሒ ምስ ዝህልዎ ጥራይ እዩ ዝውሰድ። ይኹን'ምበር እቲ ቫይረስ ከይሓዝካ ክትነብር ዝኽእል ዋሕስ ዝኸውን ክታበት ኣለዎ። ስለዚ ድማ'ዩ ህጻን ኣብ እዋኑ ክኽተብ ዝግባእ።

**ምክልኻል**

ህጻን ውልድ ምስ በለ ክታበት ሄፓታይትስ 'ቢ' ምስ ዝወስድ፡ ካብ 90-95 ሚእታዊት ካብቲ ሕማም ነጻ ኮይኑ ክነብር ይኽእል። ኣብ ሃገርና ክታበት ሄፓታይትስ 'ቢ' ኣብ ሰሌዳ ክታበት ህጻናት ካብ ዝኣቱ 22 ዓመት ኮይኑ ኣሎ። እንተኾነ እቲ ክወሃብ ዝጸንሐ ክታበት ህጻን ምስ ተወልደ ድሕሪ 45 መዓልቲ እዩ ዝጅምር። እቲ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓት ዝወሃብ ክታበት ከኣ ኣብ ቀረባ እዋን ክተኣታቶ ይሰርሓሉ ምህላዉ ሚኒስትሪ ጥዕና የበስር።

ናብ ገጽ 18 ይቕጽል

# ሕግን ሕብረተሰብን

## ሕግን ስነ-ምግባርን መሳነይቲዶ ጽርዲ?

ሚኪኤል ጸጋይ



ሕግን ስነምግባርን ተመላላእትን ንሓንሳብ ከኣ ዘይሳነዩን ምኳኖም ዘርኢ ማሕበራዊ ለውጥታት እናዛየደ ይመጽእ ኣሎ።

ስነምግባር ወይ ሞራል፡ ሕብረተሰብ ብሰላምን ብምክብባርን ክነብር፡ ነውርታት ተገኒሖም ቅቡላት ተግባራት ክሰፍኑ ዘበርክቶ ግደ ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ። ሕጊ ከኣ ንኹሎም’ቶም ስነምግባር ዝኹንኖም፡ ሓሶት፡ ጥልመት፡ ዓመጽ፡ ቅትለት፡ ምትላል ወዘተ ንምቕጻዕን ንምእራምን ስለዝእወጅ ሓያሎ ድንጋገታት ሕጊ ካብ ስነምግባር መጺኦም ንስነምግባር ዘደልድሉ ኮይኖም ንረኽቦም። ስለዚ ጽቡቕ ዕድል ኮይኑ ሓያሎ ወዲሰብ ዝጽየፎም ተግባራት ብሕጊ ገበን ወይ በደል፡ ብስነምግባር ነውሪ፡ ብሃይማኖት ሓጥያት ብምኳኖም ሰናይ ልዕሊ ሕማቕ ጸብለልትነት ኣለዎ።

እንተኾነ ስነምግባር፡ ብደገፍ ሕጊ ንዝተኣታታው ዘለው ገለ ማሕበራዊ ለውጥታት ብዓይኒ መግናሕትን ተቓውሞን’ዩ ዝርእዮም ዘሎ። ስነምግባር ነቶም ካብ ተፈጥሮን ጽቡቕ ልማድን ውጽእ ዝበሉ’ዮም ዝብሎም ማሕበራዊ ለውጥታት ሕጊ ከጽድቖም ከሎ ጽቡቕ ኣይስምዖን’ዩ። ሰዓብቲ ስነምግባር ከኣ ኣንጻር’ዚ ብሕጊ ቅቡል ዝኾነ ተግባራት ደው ስለዝብሉ ስኒት ክስኣን’ዩ ዝስትውዓል።

ሓደ ሓደ ኣብነታት ንምጥቃስ፡ ስጋዊ ርክብ ኣብ ተመሳሰልቲ ጾታ ኮነ ክምርዓዉ ሕጋዊ ኣፍልጦ ዝህብ ሕጊ ስነምግባር ይዕገሶዶ? እነሆ ነዚ ገለ መወልቲ ሃገራት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ድኻታት ሃገራት ብሓይልን ብጸቕጥን ከተኣታትውኦ ይጽዕራ ኣለዋ። ገለ ሃገራት ከኣ ብድርኺት ኣብ ሕግታተን የተኣታትውኦ ኣለዋ። እንተኾነ ሓያሎ ህዝብታት ብትሪ ይነጽግዎ ኣለዉ።

“ምንጻል ጥንሲ ብሕግን ብመገዲ ሕክምናን ክካየድ እንተዝፍቀድ፡ ዘይተሓስበሉ ጥንሲ ብዉሑስ መገዲ ክንጻል ምኸኣለ። ካብ 12 ሰሙናት ንታሕቲ ዝዕድሚኡ ድቂ፡ ኣብ ደረጃ ሰብ ስለዘይበጽሐ ከኣ ምንጻሉ ሰብ ምቕታል ኣይኮነን። ስለዚ ዓለንስተይቲ ጥንሲ ብሓገዝ ሕክምና እንተነጸለት ንሳ ይኹን ሓኪም ክቕጽዑ ኣይግባእን።” ይብሉ እቶም ምንጻል ጥንሲ ብምርጫ ክኸውን ዝጠልቡ። ብዙሓት ሃገራት ከኣ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ጥንሲ ብምርጫ ጥንስቲ ክንጻል ኣፍቂደን’የን። እንተኾነ ሰዓብቲ ስነምግባር ነዚ ሕጊ’ዚ’ውን ኣይተቐበልዎን። “ድቂ’ዉን መሰረት ናይ ዝውለድ ሰብ ብምኳኑ ብህይወት ናይ ምቕጻሉን ዘይምቕጻሉን ብኣደኡን ብሓገግቲ ኣካላትን ክውሰን ወይ ክፍረድ የብሉን።” በሃልቲ’ዮም። ተቓወምቲ ምንጻል ጥንሲ ኣብቲ ጥንሲ ብሕጋዊ መገዲ ዝፍጸመሉ ክሊኒካት ብምኻድን ተደጋጋሚ ናዕቢ ብምክያድን ኣብ ልዕሊ ሓካይምን መሳርሕታትን ከቢድ ጉድኣት ኣውሪዶም እዮም።

**“ቅትለት ንምሕረት”** ማለት ሓደ ሰብ ሞቱ ድሕሪ ሓጺር እዋን ዘይተርፍ ምኳኑ ብሓኪም እንተተመስኪርሉ፡ እተን ብህይወት ዝጸንሓለን ኣዋርሕ’ውን ምስ ከቢድ ቃንዛ እንተኾይኑ፡ ካብ ዝሳቐን ንፍወሳ ገንዘቡ ካብ ዘባኽንን እቲ ሕሙም ብወለንታኡን ወለንታ ስድራቤቱን ንኽመውት ሕክምናዊ ሓገዝ ክግበረሉ ሕጋዊ ዝገብር፡ ነቶም ህይወት ናይቲ ሕሙም ንኽትሓልፍ ዝተሓጋገዙ ከኣ ካብ መቕጻዕቲ ናጻ ዝገብር ሕጊ፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ካብ ዝተኣታቶ 10ተታት ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። እንተኾነ ስነምግባርን ሞራልን ነዚ ፈጺሞም ኣይተቐበልዎን። ኣንጻሩ ኣብ ምቅላስን እቲ ሕጊ ክስረዝ ኣብ ምሕታትን ይርከቡ። “ፈጣሪ ዝሃነጸ ነፍሲ እንታዋይ ፍጡር’ዩ ዘጥፍኣ? ሓገግቲኸ ህይወት ክትሓልፍ ዘፍቅድ ስልጣን መን ሂብዎም?” ይብሉ።



ሕሙም ክሓዊ ብተስፋ ምጽባይ

ሕግን ስነምግባርን ዝተሓጋገዝሉን ሓደ ኣንጻር’ቲ ሓደ ዝፋጠጥሉን ኣብነታት ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ነቲ ኣብ ኣርእስቲ ዝቐረበ ሕቶ ንምምላስ ግን ሕጊ ክብርታትን ስነምግባርን ሕብረተሰብ ኣብ ምዕቃብን ኣብ ምምዕባልን ዘለዎ ግደ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። እንተኾነ ማሕበረ-ሰብ፡ ነቲ ብስም ምርምርን ውልቃዊ መሰልን ብሕጊ ዝድገፍ ዘሎ ለውጥታት ከም ጐዳእን ዘይስነ-ምግባራዉን ክሳብ ዝረኣዮ ናይ ሓሳብን እምነትን ግጭታት ከም ዝቐጽሉ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

# ኣየናይ'ዩ ውሑስ?

ሚኪኤል ጻጋይ

ሕጋዉነት ዘይለበሰ ምትእኽኻብ ዝበሃል ወዲተባዕታይን ጓለንስተይትን ተሳልዮም፡ ሕጋዊ መርዓ ከይፈጸሙ፡ ምስ ዉላድ ይኹን ብዘይዉላድ ሓዳር መስሪቶም ክነብሩ ከለዉ እዩ። ሕጋዉነት ዘይለበሰ ምትእኽኻብ ሽሕኳ ሕጋዉን ማሕበራዉን ሃጓፋት እንተለዎ ከም ሓደ ኣገባብ ናብራ ይቕጽል ምህላው ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

ብመሰረት ሓደ ሓደ ባህላዊ መጽናዕትታት ውዕል መርዓ ወይ ቃል-ኪዳን ዘይብሉ ምትእኽኻብ ብሕግታት ሸሪዓ፡ ሃይማኖት ክርስትና፡ እንተላይ ብሕግታት እንዳባ ቅቡል ኣይኮነን።

ኣብ ስራሕ ዝርከብ ሲቪላዊ ሕግናውን ሕጋዉነት ንዘይለበሰ ምትእኽኻብ ከም መርዓ ሕጋዊ ኣፍልጦ ኣይህቦን'ዩ። ብሓጺሩ ብሕጊ ዘይተመርዓዉ መናብርቲ፡ ንብዙሕ ዓመታት'ዉን ሓቢሮም እንተጸንሑ፡ እንተወለዱን ንብረት እንተጥረዩን ኣብ እዋን ግጭትን ምፍልላይን መሰላቶም ወይ መሰል ሓደኦም ኣብ ወጽዓ ክወድቕዩ ዝርአ።

ሕጋዉነት ዘይለበሰ ምትእኽኻብ እዚ ዝስዕብ ሃጓፋት ኣለዎ፡-

- ሓደ መናብርቲ (ሙተኣኻኽቡቲ) ካብቲ ናይ ምትእኽካብ ዝምድና ወጺኡ ካብ ካልእ ብዝወለደ ወይ ምስ ካልእ ብዝተመርዓወ፡ እቲ ዝተበደለ ወገን ናይ ዝሙትን ናይ መርዓ ኣብ ርእሲ መርዓ ክርክር ኣልዒሉ መሰሉ ኣብ ምኽባር ክጸገም ይኽእል።

- ዝምድና ተኣኻኺቡቲ ብዝኾነ ምኽንያት ሓርፊፉ፡ መፍትሒ ምፍልላይ ጥራይ ምስ ኮነ፡ ብሰንኪ ዘይምምርዓዎም ናይ ሓባር ንብረት ስለዘየቕሎሙ ሓደኦም ብሕልፊ ከኣ እታ ሙብዛሕትኡ እዋን ብስማ ንብረት ዘይምዝገብጓለንስተይቲ ተሃሳዪት ትኸውን።

- ኣብ ሕጋዉነት ዘይለበሰ ምትእኽኻብ፡ ዋላ እቶም መናብርቲ ዝተሓላለዩ እንተኾኑ፡ ሓዲኦም ብሞት ምስ ዝፍለ፡ ሳሕቲ እቲ ሰብኣይ ሙብዛሕትኡ እዋን ግን እታ ጓለንስተይቲ ኣብ መቕሊ ንብረት ተሃሳይቲ ይኾኑ። ንኣብነት ንመዋቲ ደቂ በይኑ ወይ ኣሕዋቱ መጺኦም ነታ ተኣኪባ ዝነበረት፡ "ምስ ኣቦና ወይ ምስ ሓዉና ግቡእ ዉዕል መርዓ ኣይነበረክን" ብምባል ብዘይ ናይ ንብረት መቕሊ ከፋንዉዋ ወይ ክማጉትዋ ይኽእሉ።

- ኣብቲ ምትእኽኻብ ዝተወልዱ ቆልዑ ምኽሓድ ኣቦነት ብዘጋጠሞምውን ዝኽሰት ጸገም ኣሎ። ብመሰረት ሲቪላዊ ሕግና ካብ ምርዕዋት ዝተወልዱ ቆልዑ ዋላ ጥርጣረታት ይሃሉ፡ ኣቦኦም እቲ በዓል ሓዳር ምዃኑ'ዩ ከም ቀዳማይ ሓቂ ዝወሰድ። ሕጋዉነት ካብ ዘይለበሰ ምትእኽኻብ ናይ ዝተወልደ ቆልዓ ኣቦነት ግን፡ እታ ኣደ ኣብ ቤትፍርዲ ክትከራኸርን መርተዖታት ኣምጺአ ከተረጋግጽን ትግደድ።

- ሕጋዉነት ኣብ ዘይለበሰ ምትእኽኻብ ኣብ ንብረትን ገንዘብን "እዚ ኣብ ምንታይ ኣውዒልካዮ? "እቲ ኣብ ምንታይ ኣውዒልክዮ?" ዝብሉ ምጽብጻባት ምልዓል ኣሸጋሪ እዩ። "እንታይ ኣእተወካ/ኪ ኣብ ገንዘበይ" ዝብል መልሲ ክወሃብ ይኽእል።

እታ ናብራ ንምምሕያሽ ከተበርክትን ክትወልድን ዝጸንሐትን ጓለንስተይቲ ኣብ እዋን ግጭት፡ "ኣኪበኪ'ምበር መኣስ ተመርዕየኪ" ብዝብል ምጉት ተገፊዓ ጥራይ ኢዳ ክትባረር ተኽእሎ ጸኒሑን ኣሎን። ሕጊ፡ ብዘይ መርዓ ምትእኽኻብ ዘይደገፎ፡ ተኣኻኺቡቲ ሕጋዊ መርዓ መስሪቶም ናብራኦም ክመርሑ ንምድራኽ'ዩ ነይሩ። እንተኾነ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ፡ ዘይሕጋዊ ምትእኽኻብ ከም ሓደ ኣገባብ ናብራ ይዝውተር ምህላዉ ምምሕያሽ ሕጊ ክሕሰበሉ ከምዝግባእ ክእመነሉ'ዩ ጸኒሑ።

በዚ ከይኮነ ኣይተርፍን ኣብ ንድፊ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ 2015፡ ብዘይ ሕጋዊ መርዓ ተኣኻኺቦም ዝጸንሑ መናብርቲ፡ ስኒት ስኢኖም እንተተፈላልዮም፡ ድሕሪ ምፍልላይ እቲ ርኹብ ነቲ ግዱዕ ክቕልብ ክግደድ፡ ከምኡ'ዉን ካብቲ ብሓባርከለዉ ዝተጠርየ፡ እቲ ዝፍለ ሙተኣኻኺቡቲ መጠን ¼ ንብረት ካብ ዋንነት ናይቲ ካልእ መናብርቲ ክምቀል፡ ክሳብ 5 ዓመትን ልዕሊኡን ሓቢሮም እናነበሩ ሞት እንተፈላልይዎም ከኣ እቲ ህሉው መናብርቲ ንዉላድ ዘይብሉ መዋቲ ክወርሶ ከምዝኽእል ተነዲፉ ኣሎ።

እንተኾነ እቲ ዝበለጸስ ዝከኣል ኣብ ዝኾነሉ እቲ ምትእኽኻብ ውዕል መርዓ ብምፍርራም ኪድልድል እንከሎ'ዩ።

## ሰእነት ድቃስ፡ ምስ ድኻም ልቢ ይተኣሳሰር

*ሰእነት ድቃስ ምስ ድኻም ልቢ ምትእስሳር ከምዘለዎ ን11 ዓመት መጽናዕቲ ዘካየዱ ተመራመርቲ ገሊጾም።*

*እቲ መጽናዕቲ፡ ካብ 20 ክሳብ 89 ዓመት ኣብ ዝዕድሜኦም፡ ድኻም ልቢ ዘይነበሮም ልዕሊ 50 ሽሕ ሰባት እዩ ተኻዪዱ። ጽቡቕ ድቃስ ዘይምህላው ድማ፡ ጭዋዳታት ልቢ ኣዳኺሙን ጸቕጢ ኣለዓዒሉን፡ ድኻም ልቢ ዘጋድድ ኮይኑ ከምዝተረኸበ ተሓቢሩ።*

*ኣብ ግዜ ለይቲ ንነዊሕ ሰዓታት ክትድቅስ ዘይምኽኣል ጭዋዳታት ልቢ ስለዘዳኽም፡ ሳዕቤኑ ንልቢ ግቡእ ምጨንጓዕ ደም ካብ ምክያድ ከም ዝዓግታ ድማ ወሲኾም ኣረዲኦም።*

*ኣብ'ቲ መጽናዕቲ፡ ነፍሲ-ወከፍ ተሳታፋይ ክልተ ሕቶታት'ዩ ቀሪቡሉ። "ናይ ድቃስ ጸገም ኣለካ ዶ"፡ "ምስ ደቀስካ ኸ ጽቡቕ ዕረፍቲ ይስምዓካ ዶ" ዝብላ። ድሕሪ ኣይ 11 ዓመት መጽናዕቲ ድማ፡ እቶም ምሉእ ለይቲ ከይደቀሱ ዝሓደሩ ሰባት ካብቶም ጸገም ድቃስ ዘይብሎም ንላዕሊ፡ ሕማም ልቢ ከማዕብሉ ዘለዎም ዕድል ብሰለስተ ዕጽፊ ዛይዱ ተረኺቡ።*



*ካልእ፡ እቶም "ናይ ድቃስ ጸገም የብልናን ምስ ደቀስና ግን ዕረፍቲ ኣይስምዓናን" ዝበሉ ሰባት ድማ፡ ኣብ ሓደጋ ከምዝርከቡ እቶም ተመራመርቲ ኣረዲኦም።*

*በብግዜኡ ብዝካየድ ዘሎ መጽናዕቲ፡ ኣብ መንጎ ድቃስ ምእባይን ድኻም ልቢን ሓያል ምትእስሳር ከምዘሎ ዝገልጽ ሓበሬታ'ዩ ክርከብ ጸኒሑ።*

*ኣቐዲሙ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ምትካኽን ከራሸኑትን ጸገማት ሰእነት ድቃስን ድኻም ልቢን ከምዘኸትሉ ተፈሊጡ'ዩ። ጽቡቕ ኣመጋግባ፡ ምንቅስቓስ፡ ከብደት ምጉዳልን ዘይምትካኽን ድማ ሕማል ልቢ ዘጉድሉን ድቃስ ካብ ምስኣን ዝከላኸሉ ምዃኑ ተሓቢሩ'ዩ።*

ኣድሓኖት ሳሚኤል

# ማህደር ታሪኽ

ራሄል በርሀ

## እታ ጅግና - ጅግና ወሊዳ



ተኽኣ ጓል 17 ዓመት ትሕቲ ዕድመ እንከላ'ያ ብ20 ታሕሳስ 1982 ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ። እቲ እዋን'ቲ 6ይ ወራር መኺኑ ጸላኢ ሰላሕታ ወራር ንምክያድ ዝሸባሸበሉ ዝነበረእዋን'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ክብሩን መንነቱን ሓኺኹ ከም ህዝቢ ከጥፍኦ ዝህንደድ ዝነበረ ወራራትብትብዓት ዝምክተሉ ዝነበረ ግዜ ብምንባሩ፡ መንእሰይ ኤርትራ ናብ መደበራት ታዕሊም ይውሕዝ ነበረ።

ተኽኣ (ጓል ኢራ)፡ ካብ ኣቦኣ ልጃም በራኺን ወላዲታ ዓድዋ ኣብርሃምን ኣብ ኢራ ታሕታይ ዞባ ዓንሰባ እያ ተወሊዳ። ሃገራዊ ግቡኣ ንምፍጻም ናብ ሳሕል ድሕሪ ምውራዳ ኣብ ዓራግ ንኣስታት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ተዓሊማ።ኣብ ህዝባዊ ግንባር፡ ብዘይካ'ቶም ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝለኣኹ ህጻናት ኣካላዊ ድልዳለ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ንግዜኡ ኣብ ክፍልታት ናይተን ተዋጋእቲ ኣሃዱታት ወይ ድማ ኣብ ደጀን ከምዝጸንሑ'ዩ ዝግበር። ታዕሊም ተወዲኡ ምምዳብ ምስ ኮነ ድማ፡ እቶም ኣካላዊ ብቕዓት ዝነበሮም ተዓለምቲ ናብ ቅድመ ግንባር ክምደቡ ከለዉ፡ተኽኣ ንእሽቶ ብምንባራ ናብ ሕክምና ብርጌድ 44 ተመዲባ ውጉኣት ኣብ ምእላይ ክትነጥፍ ጀሚራ። ብድሕሪ'ዚ፡ኣባል ኤምዳድ (ዕቃብ ብረት) ብምዃን ቃልሳ ቀጺላቶ።

ተኽኣ በዚ ኣሃዱታት እዚኣተን ሓሊፋ'ያ ድሒራ ናብ ብርጌድ 80 ዝተመደበት። ኣብ 1984 ምስ ምቛም ክፍላተ-ሰራዊት ከኣ ኣብ ክፍለ-ሰራዊት 52 መጀመርያ ኣብ ብርጌድ 24 ተመዲባ፣ጸኒሓ ናብ ብርጌድ 19 ተቐይራ።

ኣብ ዘመነ ገድሊ ምስቲ ዝነበረ ንጡፍ ወተሃደራዊ ስርሒታት፡ ካብን ናብን ክፍለ-ሰራዊታት፡ ብርጌዳት፡ ቦጦሎኒታት...ወዘተ. ምቅይያር ልሙድ እዩ። እቲ ምቅይያር 'ተኽሊጥ' ብዝብል ቋንቋ ዓረብ ይጽዋዕ ነበረ። ኣገዳስነቱ ኣዝዩ ዕዙዝ'ዩ ነይሩ። ምስ ብዙሓት ምፍላጥን ምልውዋጥ ተሞክሮን በሪኹ ዝርአ ብልሜታቱ'ዩ። ተኽኣ ድማ ኣብ ኩሉ'ቲ ተመዲባ ዝሰርሓትሉ ኣሃዱታትን ቦታታትን ካብቶም መጋድልታ ተሞኩሮ እናደለበት ከም ካራ ተሳሒላ'ያ።

ተኽኣ ኣብ ብዙሕ ዓውደ ውግኣት እያ ተሳቲፉ።ኣብ ለካቲትን ሚያዝያን ናይ 1984 ጸላኢ ስትራተጂያዊ ቦታታት ንምሓዝ ኣብ ዝገብሮ ዝነበረ ምርብራብ ኣብ ሩባ ዓንሰባ፡ እንሲ፡ ደብረ መዓርን ካልእ ቦታታትን ኣብ ዝተኻየደ ሓያል ውግኣት ብጅግንነት ተዋጊኣ። ኣብ ከባቢ ሃበሮ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ከኣ መውጋእቲ እግሪ ኣጋጢምዋ። ንሰለስተ ኣዋርሕ ኣብ ሕክምና ክትእለ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ ቁስላ ኣሕውያ ናብ ኣሃዱኣ ተመሊሳ።

ተኽኣ ኣብ ገድላዊ ተሞክሮኣ ካብ ዘጋጠምዋ ውግኣት ውግእ ባረንቱ እቲ ዝጸንከረ ምንባሩ ብኸምዚ ዝስዕብ ቃላት ትገልጾ።


"ውግእ ባረንቱ ንበይኑ'ዩ!...ናይ'ቲ እንዋግኣሉ ዝነበርና ቦታ ንጹር ኣፍልጦ ስለዘይነበረና፡ ንቕድሚት እናጠመትካ ጸላኢ ብጎድኻ የጥቅዓካ። ሕልኽላኽ ዝበዝሖ ውግእ'ዩ ነይሩ። ኣብ ትሕቲ ፍጹም ከበባ ጸላኢ ስለዝኣተና፡ ካብ'ቲ ዘጋጠመና መጻውድያ ንምውጻእ፡ ንሸሞንተ መዓልታት ጥሙይ ከብድና ዝተጓዓዝናሉ ፈታኒ ውግእ'ዩ ነይሩ። ነፈርቲ ትሒተን ይበራ ስለዝነበራ ከልዕላኻ ቁሩብ'ዩ ዝተርፈን። ብደብዳብ ነፈርቲ ሓንቲ ጋንታ ብመስዋእትን መውጋእትን ብምልእታ ተሃሲያ'ያ። ርእሲ ንበይኑ ተቐሪጹ፡ መሓውር ተመላሊሱ ፋሕ ብትን ክኣትዎ ዝረኣኹሉ ሕማቕ ውግእ'ዩ ነይሩ።"

ንጽንዓት ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ዝዕቅን መሳርሒ እንተዝህሉስ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ፍጻመታት ኣብ ምስጋር ዝነበረ ጽንዓት ክንደይ ኮን ምስ ተዓቀነ? መስዋእቱን መውጋእቱን፡ ጥሜቱን ዕርቃኑን ክንደይ ኮነ ምስ ተሰፍረ? "ተጋዳላይ እምበር'ዶ ብኣርኣያ ስላሰ ዝተፈጥረ'ዩ?" ተባሂሉ ጥራይዝሕለፍ'ዩ። ሸሞንተ መዓልታት ብዘይ ዝኣክል መግቢ ቀትርን ለይትን ዝጓዓዝ ፍጡር ድኣ'ሞ እንታይ ክበሃል'ዩ።

ድሕሪ ውግእ ባረንቱ ጸላኢ' ወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ' ዝተባህለ ሓድሽ ወራር'ዩ ኣበጊሱ። ዕላማ ናይ'ቲ ወራር ነቲ ኣብ ውግእ ባረንቱ ተዳኺሙ'ዩ ዝበሎ ተጋዳላይ ዕረፍቲ ከይሃበ ብተኸታታሊ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲታት በቲኑ ንህዝባዊ ግንባር ሓንሳእን ንሓዋሩን ምድምሳስ'ዩ ነይሩ። ተኽኣ ኣብዚ ውግእ'ዚ'ውን ከም ኩሎም ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ብጾታ ጅግንነት ኣመስኪራ'ያ።

ኣብ 1987፡ ክፍለ-ሰራዊት ተኽኣ ናብ ድሕሪ መስመር ተንቀሳቒሰት።እቲ መድረኽ፡ ድሮ ናይቲ ታሪኻዊ ስርሒት ምድምሳስ ናደው እዝ እዩ ዝነበረ። ኣንፈት መጥቃዕቲ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ከይፍለጥ፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ናይ መናውራ ስርሒታት ክግበር ነይሩዎ። በዚ ዕላማ'ዚ ክፍለ-ሰራዊት ተኽኣ ኣብ በዓል ዴዳን ዓረዛን ዓሪዱ ንዝነበረ ሰራዊት ደርግ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ከፊታ ደምሲሰቶ።

እቲ ንስርዓት ደርግ ዓበድበድ ዘእተወሉ "መዘና ውግእ ደየን-ቤን-ፉ" ተባሂሉ ብጋዜጠኛ ባሲል ደቪድሰን ዝተገልጸ ዓቢ ወተሃደራዊ ስርሒት ምድምሳስ 'ናደው እዝ'ክካየድ ከሎ፡ ተኽኣ ዝነበረቶ ክፍለ ሰራዊት 52 ኣብ መንጎ ኣፍዓበትን ከረንን ኣብ ከባቢ ዓንንምበሳ ዓሪዳ ካብ ኣፍዓበት ዝሃድም ሰራዊት ኮነ ብከረን ዝመጽእ ረዳት ናይ ምዕጋት ተልእኾ እዩ ተዋሂቡዋ። እዚ ኣብ ውሽጢ መስመር ጸላኢ ኣቲኻ ዝተኻየደ ውግእ ቀሊል ኣይነበረን። ብዙሓት ጀጋኑ




*ሕድሪ ዝተወራረሳ - ተጋ/ ተኽኣ ልጃም ምስ ጓላ ባና መንግስ*

ዝወደቕሉ እዩ ነይሩ። እታ ካብ መስዋእቲ ንስከላ ዝተረፈት ተኽኣ ድማ ርእሳን ሕቖኣን ተሃሪማ። ንኣስታት ወርሕን ሰለስተ ቅነን ኣብ ሕክምና ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ፡ ሓውያ እንደገና ናብ ኣሃዱኣ ተመሊሳ። ይኹን'ምበር፡ውግእ ቀጻሊ ብምንባሩ ከም እንደገና ንካልኣይ ግዜ እግራ ተሃሪማ። ከም ቀደማ ድማ ቁስሊ ኣሕውያ ናብ ኣሃዱኣ ተጸንቢራ። ህይወትገድሊ ከምኡ'ዩ።

ኣብ ለካቲት 1989፡ ኣብ ሽረ እንዳስላሰ ዝነበረ ገዚፍ ሰራዊት ጸላኢ ንምድምሳስ ናብ ትግራይ ካብ ዝኣተዋ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ሓንቲ ተኽኣ ዝነበረታ ብርጌድ 19 ናይ ክፍለ-ሰራዊት 52 እያ ዝነበረት። መካናይዝ ኣሃዱ 74 ድማ ብቐንዱ። መራሒቲ ማ.ሊ.ሊ.ት (ማርክስ ለኒናዊ ሊግ ትግራይ) ንህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ “ናይ ብርጁዋ ውድብ” ብምባል ዝምድናኦም በቲኹም ኣብ ጸለመ ተጸሚዶም ከምዘይነበሩ፡ ድሕሪ ምድምሳስ ናደው እዝ ወተሃደራዊ ሓገዝ ህዝባዊ ግንባር ከሓቱ'ዮም ተራእዮም። ምኽንያቱ፡ ብዘይ ደገፍ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ክዕወቱ ከምዘይክእሉ ስለዘረጋገጹ። ንበይኖም ዘካየድዎም ካባ ሕፍረት ዝተኸድንሉ ውግእ ሽረ እንዳስላሰ ድማ ጉሉሕ መርኣያኡ'ዩ።

ኣብ ውግእ ሽረ እንዳስላሰ ንምስታፍ ብርጌድ ተኽኣ (ብርጌድ 19) ካብ ግንባር ከረን ካብ ግዝግዛ ተበጊሳ ብጀርበት ኣቢላ እያ መሬት ትግራይ ረጊጻ። ተኽኣ መራሒት መስርዕ ኮይና እያ ናብቲ ውግእ ዝኣተወት። ተኽኣ ዝነበረታ ሓይሊ ዝተመደበላ ቦታ ንምሓዝ ኣብ ዝተንቀሳቐሰትሉ ኣድብየን ዝጸንሓ ኣሃዱታት ስለያ ጸላኢ ተኹሲ ከፈታ። በቲ ብዝተተኮሰ ጠያይት ተኽኣ ምንጋጋኣን ጸጋማይ ኢዳን ተወጊኣ። ንህጹጽ ረድኤት ድማ ኣብ ዓዲ ዳዕሮ ናብ ዝነበረ ሕክምና ተላኢኻ። ክሳብ ጀርበት ትኣቱ ትብጸሕ ከኣ ሃለዋታ ትፈልጥ ኣይነበረትን። ማህረምታ ከቢድ ብምንባሩ ኣብ ሕክምና ዓሬራብ ንኣስታት ሓሙሽተ ኣዋርሕ ጽኑዕ ክንክን ተገብረላ። ቅሩብ ምስ ተመሓየሸት ናብ ሕክምና ክፍለ-ሰራዊት 52 ተላእከት።

ተኽኣ በቲ ዘጋጠማ መውጋእቲ ምንጋጋኣ ፈሪሱ ኮራርምታ ረጊፉ ብምንባሩ፡ ጸባ ክትሰቲ እንተዘይኮይኑ ዝኾነ ዓይነት መግቢ ክትበልዕ ትኽእል ኣይነበረትን። እንተኾነ ገድሊ ብመስዋእቲ ዝድምደም መስርሕ ቃልሲ'ዩ። ተጋዳላይ ዋላ እንተሰንከለ ቃልሱ ኣየኽትምን እዩ። ተኽኣ ዋላ'ኳ ብዘጋጠማ ከቢድ ስንክልና ካብ ኣሃዱኣን ሓላፍነታን ትተኣለ፡ ተኣላዪት ሕክምና ኮይና ኣይተረፈትን። ኣብ ቁጠባ ቦጦሎኒ ተመዲባ። ስራሕ ቀይራ'ምበር፡ ገድሊ ኣየቋረጸትን።

ኣብ ድሮ ናጽነት፡ ተኽኣ ምስ ኣሃዱኣ ኣብ ግንባር ደቀምሓረ እያ ዝነበረት።ጥንሲ ስለዘጋጠማ ግና፡ ኣብ ጸብራ፡ ከባቢ ናቕፋ ናብ ዝነበረ መእለዪ ጥኑሳትን ሓራሳትን (እንዳ 17) ናይ ክፍለ-ሰራዊታ ክትከይድ ግድን ኮይኑ።

ተኽኣ ብ13 መጋቢት 1991 ጓል ተበኲራ። ሓዳስ ኤርትራ ድማ ብ24 ግንቦት 1991 ተወሊዳ። ህዝቢ ኤርትራ ጸበባኡ ምስ ምምጻእ ናጽነት ተቐንጢጡ። ተኽኣ ግን እቲ ከቢድ መውጋእቲ ካብ ዘሰዓበላ ዘየቋርጽ ቃንዛ ኣየዕረፈትን። ተኣላዪት ማ.ስ.ኩ.ተ.ኤ (ማሕበር ስንኩላን ኲናት ተጋደልቲ ኤርትራ) ኮይና ቀጻሊ ናብ ሕክምና ምምልላስ ህይወታ ኮነ። ብጠያይት ዝዓነወ ምንጋጋኣ ኣዕጽምቲ ስለዘይነበሮ ብቐጻሊ'ዩ ረኽሲ ዝገብረላ ነይሩ። በዚ ድማ ሓሙሽተ ግዜ መጥባሕቲ ተገይሩላ። ዶክተር ላይነሽ ከምኡ እውን ዶክተር ዓልያ ዝክኣሎም ጽዒሮሙላ እዮም። ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት ድማ ካብ ቃንዛ ኣዕሪፋ እፎይ ኢላ ትሓድር ኣላ።ተኽኣ እዚ ኩሉ ጸገማ ተጻዊራ ክትነብር ከላ ተራ ሓማታ- ኣደይ ርሻን ልዑል ምንባሩ እያ ትገልጽ። ክሳብ 2016 ኣብ ዓዲ እንዳሑማኣ ጻዕዳ እምባ፡ ንኡስ ዞባ በሪኽ፡ እያ ትቕመጥ ነይራ። ሓማታ ኣደይ ርሻን ኣብ ምዕባይ ደቃ ተሓጋጊዘንኣ እየን።“ሓማተይ ከንዲ ኣደይ'ያ” ብምባል ድማ ተመጕሰን።

ማእከላይ መንባብሮ ካብ ዘነበሮም ሓረስቶት ስድራ-ቤት ዝተወልደት ተኽኣ፡ ኣብ ከባቢ ዓዶም (ደብረ-ሲና) ቤት



ትምህርቲ ብዘይምንባሩ ናይ ምምሃር ዕድል ኣይረኸበትን። ናብ ህዝባዊ ግንባር ድሕሪ ምስላፉ'ያ ክሳብ 4ይ ክፍሊ ተማሂራ። ኣብኡ'ያ መሃይምነት ኣጥፊኣ። ድሕሪ ናጽነት፡ ምስቲ ዝነበራ ዘየቋርጽ ቃንዛን ዋኒን ምዕባይ ቆልዑን ትምህርቲ ክትቅጽል ኣይከኣለትን። ዘይተመሃርኩ ኢላ ግን ኣይትጠዓስን። ምእንቲ ናጽነት ዝተኸፍለ ክቡር ዋጋ ምዃኑ ስለእትኣምን።

ተኽአ ብሓዳራ ቅስንቲ፡ ብደቃ ድማ ዕውትቲ'ያ። ምስ በዓል ቤታ ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኩባንያ ህንጻ ሙሳ ዓሊ፡ ሌተናል ኮሎኔል መንግስ ገብረሚካኤል ኣብ ክፍለ-ሰራዊት 52 ከለዉ እዮም ተዛሚዶም። ሽዑ ዝጀመረ ፍቕሪ ብውላድ ተሰንዩ ሓዳሮም ድማ ማሚቑ። ካብ 2016 ንድሓር ተኽአ ኣስመረት፡ ሩታ፡ ፈሩዝን ባናን ዝተባህላ ኣርባዕተ ኣዋልድ ወሊዳ ምስ በዓል ቤታ ኣብ መካነ-ገነት ኣስመራ ሕጉስ ህይወት ትመርሕ ኣላ።

ተኽአ ኣርባዕቲኤን ደቃ ሳዋ ወሪደን ግቡኣን ዝፈጸማ'የን፡፡ ኣባል 23 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣስመረት ብሰርት ፊኬት ድሕሪ ምምራቓ ኣብ ክፍለ-ሰራዊት 74 ኣብ ፋይናንስ ተመዲባ ክትሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ ተጣይሳ ተመርዕያ ኣደ 3 ውሉዳት ኮይና ህይወታ ኣብ ምምራሕ ትርከብ፡፡ ኣባል 24 ዙርያ ሩታ ብሰርቲፍኬት ምርቐት



ኣርባዕተ ወላዲታት ዝተዓጠቕኣ ኣባል መድፍዓጂ ባና መንግስ (ማእከለይቲ) ምስ ብጾታ

እያ። ኣብ ፋይናንስ ኩባንያ ህንጻ ብድሆ ተመዲባ ሸሞንተ ዓመት ድሕሪ ምስርሓ፡ ክልተ ቆልዑ ወሊዳ ደቃ ተዕቢ ኣላ፡፡ኣባል 28 ዙርያ ፊሩዝ ኣድባስድ ዲፕሎም ድሕሪ ምምራቓ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣዱሊስ ትምህር ኣላ። ኣባል 33 ዙርያ ባና ድማ ኣብ ክፍለ-ሰራዊት 35 ብርጌድ ኣርባዕተ (ኣጋር ከቢድ ብረት) ተመዲባ ብሓላፍነት ምክትል መራሒት ጋንታ ኮይና ትሰርሕ ኣላ።

ተኽአ ብኹለን ደቃ ቅስንትን ሕጉስትን'ኳ እንተኾነት፡ ብባና ግን ኣመና ኩርዕትን ሕብንትን'ያ። ኣስር ኣደኣ ዝስዓበት ጅግና እያ። ባና ምስ ብጾታ ኣብ ኮርመናዕ ከቢድ ብረት እናተመሃረት እንከላ ኩነታት ትግራይ ምስ ጀመረ መድፍዓጂ ሞርታርን ዶሽካን ኮይና እያ ተረጋሪጋ። ሽረ እንዳስላሰ ኣደኣ ዝሰንከለትሉ ቦታ ምዃኑ ትፈልጥ ብምንባራ፡ ጃንዳ ወያነ ተበታቲና፡ ኣሃዱኣም ሽረ እንዳስላሰ ምስ ኣተወት ኣብኡ ኮይና ቴሌፎን ደዊላትላ።

"ማማ!.... ዓድኺ ኣቲናዮ" በለታ፡፡

ተኽአ ብጅግንነት ጓላ ሓበና መሊኡ ፈሰሰ።

"ኣሰይ'ዛ ጓለይ!....ከይትሓምቂ!....ሕማቕ ሰብ ኣይፈቱን'የ፡" ሞራል ኣስነቐታ'ሞ፡ ቀጺላ ድማ ብሓውሲ ዳእላ፡ "በሊ እተን ኣብኡ ዝተረፋ ኮራርምተይ ተማልእለይ" በለታ። ክልቲኤን ድማ ብሰሓቕ ክርትም በላ።

ባና ንሓጎስ ኣዲኣ መሊሳ ክትድርያ ስለዝደለየት፡ "በሊ ማማ'የ ደስ ይበልኪ! እቶም መንጋጋኽን ኮራርምትኽን ዝወፈኽሎም ጠላማት ኣካላቶም ኣስኢነዮም'የ" ክትብል ስዕረትን ውርደትን ወያነ ኣበሰረታ። ባና ኣብቲ ዝነበረ ኩነታት ዋላ'ኳ ከቢድ ኣይኹን ኣዝዩ ፈኩስ መውጋእቲ ኣጋጢምዋ'ዩ። ኣደኣ ዝኸፈለቶ ዋጋ ናጽነት ስለእትፈልጥ ድማ፡ እቲ ንዓኣን ብጾታን ዘጋጠመ መውጋእትን መስዋእትን ዋጋ ምውሓስ ልእላውነት ኤርትራ ምዃኑ እምነታ ጽኑዕ'ዩ።

## ኣብ ኣፍ ዝርከቡ ባክተርያ፡ ጸገማት ልቢ የስዕቡ ተባሂሉ

*ኣብ ኣፍ ዝርከቡ ባክተርያ ጸገማት ልቢ ከኸትሉ ከም ዝኽእሉ፡ ተመራመርቲ ብመጽናዕቲ ኣረጋጊጾም።*

*እቲ መጽናዕቲ ኣብ ኣስታት 3 ሽሕ ጸገም ልቢ ዝነበሮም ሰባት እዩ ተኻይዱ። እቶም ተመራመርቲ፡ ፈለማ ነቶም ሰባት ናይ ደምን ካልእ ንመጽናዕቶም ዝሕግዝ ሕክምናዊ መርመራን'ዮም ገይሮሙሎም። እቶም ናይ ኣፍን ግርጻንን ባክተርያ ዝጸንሖም ሰባት ድማ፡ ብጸገማት ልቢ ዝተጠቕዑ ኰይኖም ጸኒሖምዎም።*

*ካብ'ቲ ዝረኸብዎ ውጽኢት መጽናዕቲ ተበጊሶም ከኣ፡ ናይ ኣፍ ባክተርያ፡ ጸገማት ልቢ ከስዕብ ልዑል ተኽእሎ ስለ ዘለዎ፡ ሰባት ጥዕና ኣፎምን ግርጻኖምን ንምሕላው፡ ጽሬት ኣፎም ዘዘውትሩሉ ብራሽ ብቐጻሊ ክጥቀሙን ካልእ ሓገዚ ሕክምናዊ ፍወሳታት ክገብሩን መኺሮም።*

ኣድሓኖት ሳሙኤል

# ቃልሲ ኣብ ስደት

መሓመድ እድሪስ መሓመድ

ድሕሪ 19 ዓመታት'ያ ኣብ 1994 ካብ ስደት ናብ'ታ ዝተወልደትላ ናቕፋ ተመሊሳ። መጀመርታ ትዝ ዝበላ፡ ጦር ሰራዊት ኣብ መጀመርታ 70'ታት ኣብ ተቐማጦ ናቕፋን ከባቢኣን ዘውረድዎ ግፍዒን ብደልን'ዩ። ወተሃደራት ደርግ ዝጸዓነት መኪና ተጋደልቲ ዘጻወድዎ ፈንጂ ምስ ደርዓማ፡ እቶም ወተሃደራት 'ሕነ ቀራናት ንኣዕማማት' ንቆልዓ ሰበይቲን ጥሪትን ክሰሃልዎም ከለው፡ ድሕሪ ኣስታት 20 ዓመት ኣብ ኣዒንታ ቅጅል በላ። ካብታ ሰዓት'ቲኣ ጀሚራ ኣብ ንኣስ ዕድመኣ ፈታውን ጸላኢን ከምዘለዎ ዝፈለጠት። ድሕሪኡ ነዊሕ ኣይጸንሐትን፡ በቲ ኢትዮጵያ እትፍጽሞ ዝነበረት ግፍዒታት ስድራቤታ ናብ ስደት ስለዘምርሑ ንሳ መፈጠራ ናቕፋ ተሰናቢታታ።

ጀምዕያ ዑስማን መሓመድ ትበሃል። ኣብ 1967 ኣብ ከባቢ ናቕፋ ተወሊዳ። ኣብ 1976 ናቕፋ ኣብ ከበባ ተጋደልቲ ዝኣተወትሉ እዋን ጓል 8 ዓመት ከላ፡ ምስ ስድራቤታ ናብ ስደት ኣምሪሓ። ድሕሪ ናይ ሰሙናት ጉዕዞ ብእግሪን መጓዓዝያን ሱዳን ኣተያ። ኣብ 1979 ኣብ ፖርት-ሱዳን ዳር-ኣንዒም ኣብ ዝተባህለ ቦታ ቤት ትምህርቲ ህዝባዊ ሓይልታት (ናይ እንዳ ሳበ) መባእታ ትምህርታ ጀሚራ፣ ክሳብ 11 ክፍሊ ኣብ ፖርት-ሱዳን ተማሂራ።

ጅምዕያ ካብ ልዑል ሃገራዊ ስምዒት ዝነበሮም ስድራ'ያ ተወሊዳ። ክልተ ዓበይቲ ኣሕዋታ ናብ ሰውራ ተሰሊፎም ብምንባሮም ተማሃሪት 4ይ ክፍሊ ከላ ሃገራዊ ስምዒት ሓዲሩዋ። ሓደ እዋን መምህሮም ታሪኽ ሓዘል (እንሻእ) ምሉእ ሓሳባት ክጽሕፉ ምስ ነገሮም፡ ጅምዕያ "ጀጋኑ ተጋደልቲ ኤርትራ ኣብዚ ዘካየዱዎ ዘለዉ ቃልሲ ንናጽነት ክዕወቱ'ዮም። ዝተቓለስ ውዒሉ ሓዲሩ ተዓዋታይ'ዩ" ክትብል ከምዝጸሓፈት ትዝክር። እታ መምህር በቲ ጅምዕያ ኣብ ንኣስ ዕድመኣ ዝጸሓፈቶ ተደኒቓ፡ ኣተባቢዓታ። ጅምዕያ ድሕሪ'ዚ ሰውራዊ ጽሑፋት ክትጽሕፍን ድራማታት ክትሰርሕን ኣብ ቅድሚ እኩብ ህዝቢ ብዛዕባ ሃገርን ሃገራውነትን ክትምድርን ግዜ ኣይወሰደላን።

ጅምዕያን መማህርታን ኣብ መባእታ ደረጃ ከለዉ ሰለስተ ክፍለ ግዜ (ፐሬድ) ምስ ተማህሩ፡ ድሕሪ ቁርሲ መደብ ምዝናጋዕ የቕርቡ ነበሩ። ትሕዝቶ ዘቕርብዎ ዝነበሩ መዘናግዒ ግጥሚታት፡ ስነ-ጽሑፍን ድራማን ብቐንዱ ብዛዕባ ታሪኽ ሰውራ፡ ግፍዕታት ጸላኢ፡ ምረት መግዛእቲን ዓወታት ሰውራን እዩ ዝነበረ። ዝተፈላለየ ኣርእስቲ እናሃበ ብዛዕባ ሃገርን ሰውራን ክጽሕፉ ዘተባብዖም ዝነበረ ድማ ኢብራሂም ዝተባህለ መምህሮም እዩ። ጅምዕያ ብዛዕባ ታሪኽ ሰውራ ነቶም ዓበይቲ ኣሕዋታን ካልኦትን ብምሕታት ተዳልያ መጺኣ፡ ኣብ መድረኽ ወጺኣ ንህዝብን ተመሃሮን ክትገልጽ ከላ ዓቢ ኩርዓትን ሓበንን ይስመዓ ነበረ።

ጅምዕያ መባእታ ትምህርታ ዛዚማ ናብ ማእከላይ ደረጃ ምስ ሓለፈት፡ ምስ መማህርታ ብሓባር መደብ ሬድዮ ከዳልዉ ተሓበሮም። ሽዑ እዋን፡ ኣብታ ቤት ትምህርቲ ዝምሃሩ ዝነበሩ ተመሃሮ ዳርጋ ሰለስተ ርብዖም ውዱባት ህዝባዊ ግንባር እዮም ዝነበሩ። ጅምዕያ ድማ፡ እቲ ኣብ ተጋድሎ ሓርነትን ህዝባዊ ሓይልታትን (ሳበ) ጥራይ ተሓጺሩ ዝነበረ ኣፍልጦኣ ብዛዕባ ሰውራ ዝያዳ ክሰፍሕ ክኢሉ። ቀንዲ ምንጪ ናይቲ ዘዳልውዎ ዝነበሩ መደባት ሬድዮ ድምጺ ሓፋሽ እያ ነይራ። ድምጺ ሓፋሽ ዜና ክትህብ እንከላ ነቲ ዜና ኣብ ካሴት መሊኦም፡ ነቶም ዘይሰምዑዎ ተመሃሮ ከምዝሰምዕዎ ይገብሩ። ነዚ ናይ ዜና መደብ ዘዳልዉ ተመሃሮ ጅምዕያ ዑስማን፡ ጀዋሂር እዛዝን ዐሊ መሓመድን ነበሩ። እቲ ንሶም ብተገዳስነት ዘካይድዎ ዝነበሩ ንጥፈት ድማ፡ እቶም ተመሃሮ ብዛዕባ ሰውራን ቃልስን ዝሰፍሐ መረዳእታ ክህልዎም ምዕባለታት ሰውራኦም ክከታተሉ ኣኽኢሉዎም እዩ።

ኣብ 1985 ጅምዕያን 10 ዝኾና መማህርታን ናብቲ ኣብ ፖርትስ-ሱዳን ዝነበረ ብስዉእ ተጋዳላይ መሓመድዓሊ "ዉራይ" ዝምራሕ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ህዝቢ (ጀማሂር) ብምኻድ፡



ተማሃሪት ጅምዕያ ኣብ 80ታት ፖርት-ሱዳን



ኣብ ውዳበታት ህዝባዊ ግንባር ተጸንበራ። ጅምዕያ ዝነበራ መንቋሕቋሕታ ዝተገንዘበ ስዉእ መሓመድዓሊ ዉራይ ጠርናፊት ናይታ ምስኣ ዝመጽኣት ጉጅለ ደቀንስትዮ ክትከውን ሓላፍነት ኣሰከማ። ድሕሪ'ዚ ጅምዕያ ውድብቲ ህዝባዊ ግንባር ጥራይ ዘይኮነት፡ እንተላይ ሓላፊት ብምኳን "ኩሉንትናይ ንሃገረይ" ኢላ ዳርጋ ስራሕ ገዛኣ ጠንጢና ውድብ ዝሃባ መምርሒ ኣብ ምትግባር ተጸምደት። ንታ ጉጅለ ንክልተ ዓመት ድሕሪ ምምራሓ ድማ፡ መራሕ መስርዕ ናይተን ኣብ ከባቢኣ ተወዲበን ዝነበራ ደቀንስትዮ ኮይና ክተገልግል ጀመረት። ኣብ 1989 ኣብ ፖርት-ሱዳን ክልተ ንኡሳን ጨናፍር ሓፋሽ ወድባት ነበራ። ጅምዕያ ድማ ናይ ሓንቲ ንኡስ ጨንፈር ጸሓፊት ኰነት። ክሳብ ናጽነት ድማ በዚ ሓላፍነት ብትብዓትን ብተወፋይነትን ዘገልገለት ተቓላሲት እያ።

ጅምዕያ፡ እቶም ኣብ ፖርት-ሱዳን ኮይኖም "ሓፋሽ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይተዓጠቕ" እናበሉ ህዝቢ ዘንቀሳቕሱ ዝነበሩ 'ጀማሂር' እናተባህሉ ዝጽውዑ ዝነበሩ ኣባላት ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር፡ዓቢ ስራሕ ይሰርሑ ምንባሮም ተዕልል። ብሰንኪ ግፍዕታት ጸላኢ ካብ ሃገሩ ዝተሰደደ ህዝቢ፡ ሃሙን ቀልቡን ምስቲ ኣብ ሜዳ ነፍሱ በጅዩ ዝቃለስ ዝነበረ ተጋዳላይ ከምዝኸውን ገይሮሞ እዮም። ኣደታት ክሳብ ገዝኣንን ደቀንን ጠንጢነን፡ ነቶም ኣብ ፖርት-ሱዳንን ሰዋክንን ዝነበሩ ስንኩላን ኲናት ክከናኸናን ከኣልያን፡ ክዳውንቶም ክሓጽባን መግቦም ክሰርሓን ኣጁኹም ክብልኦምን'የን ዝውዕላን ዝሓድራን ነይረን። እዚ ውዳበ'ዚ ጀማሂር ብዘካይድዎ ዝነበሩ ጻዕሪ ዝተፈጥረ'ዩ። ተራ ጅምዕያን ካልኦት ውድባት ብጾታን ድማ

ኑቶም ጀማሂር ኣብ ስርሖም ኣዝዩ ሓጋዚ ነበረ።

ጅምዕያ ኣብ ሱዳን ካብ ዝካየድ ዝነበረ ዓበይቲ በዓላት ሓደ፡ንባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ትዝክር። ዓመት መጸ ኩሉ'ቲ ኣብ ሰውራ ዝተወደበ ዝሳተፎ ድሙቕ በዓል እዩ ዝነበረ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብቲ በዓል ዝተረኽቡ ብዙሓት መንእሰያት ናብ ሰውራ ይስለፉ ነበሩ። ካልእ ጅምዕያ ዘይርስዖ ካብ ሜዳ ዝመጽኣ ዝነበራ ጉጅላታት ባህሊ ዘቕርብኦ ዝነበራ ምርኢት እዩ። ቀይሕቲ ዕንባባ፡ ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ፖርት-ሱዳን "መስራሕ ኣሰቕር" ምርኢት ከቕርቡ ከለዉ፡ ኣብ ዝዛኦን ዝተርፉ ደቀንስትዮ ዳርጋ ኣይነበራን። ምኽንያቱ ደቀን ኣሕዋተን ወይ ሰብኡተን ኣብ ሜዳ እዮም ነይሮም። ገሊኦንውን ደቀን ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝጸንበራ ኣደታት እየን። እተን ጉጅለታት ባህሊ መጺኦን ምርኢት ከቕርባ ከለዋ እተን ኣደታት ደቀን ዝረኽባ ኮይኑ'ዩ ዝስምዐን ነይሩ።

ካብ ሜዳ ዝመጽኣት ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ ህዝባዊ ግንባር ምርኢት ኣብ እተቕርበሉ ዝነበረት እዋን፡ ኢታ ብዛህራ ዓሊን መሓመድ ዑስማንን እትድረፍ ዝነበረት 'ፊና ወይ ስዒድ ሑዬ' እትብል ድራማዊት ደርፊ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ልቢ ህዝቢ ዝተንከፈት ምንባራ ጅምዕያ ትዝክር። "ሽዑ ኩልና ኢናበኺና" ድማ ትብል። ግዜኡ ጾመ ሮሞዳን እኳ እንተነበረ፡ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ፖርት ሱዳን ደኺምና፡ ጥሙይ ከብድና ውዒልና ከይበላ ግልብጥ ኢለን እየን ናብቲ ምርኢት መጺኦን። ልዕሊ ዓሰርተ ኪሎሜተር ተጓዒዘን ጫፍ ዳርኒዒም በጺሐን ከሳብ ፍርቂ ለይቲ ምርኢት ክዕዘባ ድኻም ኣይተሰምዐንን። ድሕሪ'ቲ ምርኢት ኩሉ እቲ ዕላል ብዛዕባ ድራማ "ስዒድ ሑዬ" ኮይኑነበረ።

ጅምዕያ ኣብ ፖርትሱዳን ከም ጸሓፊት ንኡስ ጨንፈር መንእሰያት፡ ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ኮይና ኣብ ዝሰርሓትሉ፡ 'ካብ ስድራይ ዝያዳ ሰውራይ' ኢላ፡ ብልዑል ተገዳስነት ዕማማ ትፍጽም፡ መዛኑኣ ኣብ ቃልሲ ኣበርክቶ ክህልወን ትጉስጉስ ውፍይቲ ነይራ።

ጅምዕያ ኣብ ከምዚ ዓይነት ዕረፍቲ ዘይህብ ዕማም ሰውራ ተጸሚዳ እናሃለወት፡ ድሕሪ'ቲ ድሙቕ ወተሃደራዊ ዓወታት ምድምሳስ ናደው እዝን ስርሒት ፈንቅልን ናጽነት ደበኽ በለ። ኣብ ግንቦት 1991 ጅምዕያ ናብ ቅሮራ ሱዳን ኣብ ዝተንቀሳቐሰትሉ እዋን'ያ ኢታ ኩለንተናኣ ተወፍያ ዝተቓለሰትላ ናጽነት ምምጽኣ ዝተበሰረት። ምስቲ ኣብ ቅሮራ ዝነበረ ህዝባ ኮይና ድማ ነቲ ናይ ደስደስ ሰላማዊ ሰልፊ ኣስተማቒራቶ። ሰብ ክዘልል፡ ኪደርፍ፡ ክጭድር ከሎ ምስኡ ዘሊላን ጨፊራን። ኣብ ፖርት-ሱዳን ዓቢ ስራሕ ይጽበያ ስለዝነበረ ግንዘተረፈ ታሕጓሳን ደስታኣን ኣብ ፖርት-ሱዳን ክትቅጽሎ ንበታኣ ተመልሰት።

ጅምዕያ ድሕሪ ናጽነት ምስቶም ኣብ ፖርት-ሱዳን ዝነበሩ መሳርሕታ ብምኳን፡ ብዛዕባ ረፈረንዱም ምምሃርን ምጉስጓስን ቀንዲ ስራሓ ነይሩ። ነዚ ዕማምዚ ፈጺማ ድማ ኣብ ሰነ 1994 ጠቕሊላ ናብ ሃገራ ኣተያ። ኣብ ስደት ዝጀመረቶ ቃልሲ ንናጽነት ከኣ ናብ ዓዳ ናቕፋ ምስ ተመልሰት'ውን ኣየቋረጸቶን። ኣብ ዳግማይ መኸተን ዕማም ሃገራዊ ልምዓትን ብዝለዓለ ኒሕ ቀጺላቶ። ኣብ ማእቶት፡ ኣብ ምውዳብን ምትብባዕን ደቀንስትዮ ኣብነት ኮይና ሰሪሓ።

ጅምዕያ ብዛዕባ ተራን ሞያን ደቀንስትዮ ኤርትራ ብሓፈሻ ደቀንስትዮ ናቕፋ ድማ ብፍላይ ክትዛረብ ከላ፡ "ኩለን ደቀንስትዮ ኤርትራ ኣብቲ መሪር ቃልሲ ኣብ ጎድኒ ኣሕዋተን ተሰሊፈን ኣብ ግንባርን ደጀንን ተቓሊሰን እየን። ኣብቲ ሓርነታዊ ቃልሲ ተጸንቢረን ህይወተን ዝኸፈላ ደቀንስትዮ ናቕፋ ውሑዳት ኣይኮናን። ድሕሪ ናጽነት ከኣ ኣደታት ናቕፋ ሎሚ ከም ትማሊ ኢለን ኣብ መደባት ልምዓትን መኸተን ማዕረ ደቂተባዕትዮ ይሳተፋ ኣለዋ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ገሊኡ መደባት ልምዓት ልዕሊ ደቂተባዕትዮ ዝተሳተፋሉ ኣጋጣሚታት ኣሎ። ንኣብነት እተ ኣስታት 8 ኪሎሜተር ካብ ምዕራባዊ ናቕፋ ወግሬት ዝዝርጋሕ መስመር ጽሩይ ማይ ናብታ ከተማ ንምእታው ኣብዝተኻየደ ማእቶታዊ ንጥፈት ተሳቲፎ ደቀንስትዮ ናቕፋ ኣስታት 80 ሚእታዊት እዩ ነይሩ" ትብል።

ጅምዕያ ንተሳትፎ ደቀንስትዮ ናቕፋ ኣብ ማእቶት ኣመና እያ ተድንቕ። ኩሉ ናብ ከተማ ናቕፋ ዝኣቱ ጽርግያታት ኣብ ወቕቲ ክራማት ይበላሾ እዩ። እቲ ናይ ጽገና ስራሕ ድማ ዳርጋ ዝበዝሓ ደቀንስትዮ እየን ዝፍጽምኦ። ኣንጊህን ባደላን ኣፍራዝን ሒዘን ኪሎሜትራት ተጓዒዘን ክሰርሓ ይውዕላ። ሃገራዊ በዓላት ዘማዕርጋ ብቕንዱ ንሰን እየን። ብፍላይ ኣብ መዓልቲ ሰማእታት ኣብ መቓብር ሓርበኛታት 'ፈደል-ፐ' ማእቶት ክካየድ ከሎ ዳርጋ ሰለስተ ርብዒ ቀይሕ ክዳን ዝተኸድና ደቀንስትዮ ኢኻ ትርኢ። ተራ ደቀንስትዮ ኣብ ናቕፋ ትማሊ ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ኮነ ሎሚ ድሕሪ ናጽነት ዘሐብን ምዃኑ እያ ጅምዕያ ትምስክር።

ጅምዕያ ብመንግስትን ህዝብን ዝተዋህባ ዕማማት ኣብ ምፍጻም ንጥፍትን ወፍይትን ብምዃና ሎሚ ኣብ ከተማ ናቕፋ ብሓላፍነት ተመዚዛ ትሰርሕ ኣላ። ከተማ ናቕፋ ኣብ ክልተ ምምሕዳራት ከባቢ'ያ ትምቀል። ህዝቢ ተወፋይነታ ርእዩ ስለዝመረጸ ድማ ጅምዕያ ኣመሓዳሪት ምምሕዳር ከባቢ 02 ኮይና ትሰርሕ ኣላ። እቲ ኣብ 1980ታት ኣብ ፖርትሱዳን ንእሽቶ ተማሃሪት ከላ 10 ደቀንስትዮ ብምምራሕ ዝፈለመቶ ናይ መሪሕነት ግደ፡ ሎሚ ኣስታት 7,500 ህዝቢ ከተመሓድር ኣብቂዕዋ ኣሎ።

ጅምዕያ ንደቀንስትዮ ለበዋ ኣለዋ። መሰረት ምዕባለ ትምህርቲ ስለዝኾነ፡ ኣብ ትምህርቲ ክነፍዓ'ያ ተዘኻኽር። "ሕብረተሰብ ብትምህርቲ'ዩ ዝምዕብል። ኣደታት ምሁራት ምስ ዝኾና ደቀን ካብአን ንላዕሊ ዝማዕበሉ ስለ ዝኾኑ፡ ብመርዓን ውላድን ትምህርቲ ከቋርጻ የብለን" ትብል፡ ጎዲም ተቓላሲት ጅምዕያ ዑስማን።



ደቂኣንስትዮ ናቕፋ ኣብ ምዝርጋሕ መስመር ማይ

# ደቂ-ኣንስትዮን ኣከባብን

## ግደ ደቀንስትዮ ኣብ ምዕቃብ ኣከባቢ

ዓንዶም ግርማይ(ወዲ ደረስ)

ዝዓበየ ክፋል ህይወት ደቂ-ሰብ፡ ኣከባቢ ኣብ ዝሓቈፎ ባህርያውያን ጺጋታት'ዩ ዝተመርኰሰ። ወዲ-ሰብ ክውንነት ህይወኡ እዚ ዝጥቀስ እናኾነ ግን፡ ንውህበት ጺጋታት ዝሓቘፈ ኣከባቢኡ፡ ብፍላጥን ብዘይፍላጥን ካብ ምዕናው ዓዲ ውዒሉ ኣይንፈልጥን። እዚ ከኣ፡ ኣብ ስርዓተ-ተፈጥሮ ዘውርዶ ብርሰትን ዕንወትን ተጣዒስካ ዘይምለስ ብቐሊሉ ክፍወስ ናብ ዘይክእል መገዲ ዝወስድ ስጉምቲ ይምርሖ ኣሎ።

ሓደ ካብ'ቲ ህዝቢ ዓለም ዘሻቕልን መንግስታት ድማ ዝጭድርሉን ዘለዉ ዛዕባ፡ ድሕነትን ዕቃበን ኣከባቢ እዩ። ትንበያ ሊቃውንቲን ካብ መበል 18 ክ/ዘመን ክሳብ ሕጂ፡ ኡይ ዝብልሉ ዘለዉ፡ ንዘይውሕሉል ኣገባብ ደቂ-ሰብ ኣብ ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ጺጋዝ ምድሪ ኮይኑ፡ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ኣብ ፕላኔትና ዝስዕብ ዕንወት፡ ብርሰትን ብሰሩ ዝስዕብ ብከላን ድማ፡ ደቂ-ሰብ ባዕላቶም ተሓተትቲ ምኻኖም የተሓሳስቡ።

ኣከባቢ፡ ኩሉ መዳይ ረቛሒታት - ኣካላዊ፡ ከሚካላውን ባዮሎጂካውን ኮታ፡ ንህያውያን (ኢኮሎጅያዊ-ስርዓታት) ዝሓቑፍ ዝሓቑፍም ዝውስንን ደርማስ ስርዓት'ዩ። ደቂ-ሰብ ከኣ ኣብ ውሽጢ'ዚ ስርዓት'ዚ እንነብር ከም ምኳንና መጠን፡ ብእወታ ይኹን ብእወታ ክንጽሎ ባህርያዊ'ዩ። ኣብ መንጎ ህይወታውያንን ኣከባብን ባህሪ ዝፈጠሮን ንሓድሕዱ ዝደጋገፍ ልዑል ምትእስሳር ኣሎ። በዚ ምኽንያት ኣብ ህይወት ፍጡራት ዘጋጥም ዝኾነ ይኹን ፍጻመ ድማ፡ ምርኩሱ ኣከባቢ ምኳኑ ብዘይወላውል ምርዳእ የድሊ። ደቂ-ሰብ ግን፡ ሰረት ህላወና ኣከባቢ ምኳኑ እናፈለጥና፡ ረብሓና ብዘቐድም ኣብ ልዕሊ ባህርያዊ ጺጋታት ፕላኔትና እነካይዶ ምዝመዛ መዳርግቲ የብሉን። እዚ ድማ፡ ጽልዋኡ ኣብ ኣከባቢን ንሱ ዝሓቘፎም ጺጋታት ብቐጥታን ብተዘዋዋሪን መተካእታ ዘይርከቦ ዕንወት፡ ብርሰትን ብከላን ካብ ዝኸፍኣ ናብ ዝበኣሰ የዕርጎ ምህላዉ ዘይከሓድ ሓቂ'ዩ። ብዛዕባ'ዚ፡ ንተራ ደቀንስትዮ ኣብ ኣከባቢ፡ "ግደ ደቀንስትዮ ኣብ ምዕቃብ ኣከባቢ" ብዝብል ኣርእስቲ፡ ህንዳዊት ምህርቲ ተሓጋጋዚት ፕሮፌሰር ዩኒቨርስቲ ተብሪ ህምቫቲ - ክፍሊ ክፍሊ ማሕበረ-ሰብን ማሕበራዊ ዕዮን ዶ/ር ኣራዳና ባንዳኒ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዘስፈረቶ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ተርጒምና ናባኹም ኑብሎ ሰናይ ንባብ!

ኣብዚ እቲ ከም ቀዳማይ ነጥቢ ዝርአ፡ ወዲ-ሰብ ሱሩ፡ ኣከባቢ ምኳኑን ኣገዳስነት ኣከባቢ ኣብ ህላወኡ ዕሸሸ ብምባል፡ ዓይኒ የብለይ ብዘርኢ ኩብርስን ከዕኑን ይርእ። ጠገለ ኣልቦ ምዝመዛ ከኣ ውጽኢቱ ናብ ፍጹም ድኽነት ዘምርሕ ኣካይዳ እዩ። እዚ ግን ጺጋታት ምድሪ ናብ ምጽንቃቕ ዝወስድ ኣካይዳ'ዩ። "ከይኮነ ወግን፡ ከይተሰብረ ጸግን" ከምዝብልዎ፡ ዝኾነ ኰይኮነ መግትኢ ክግበረሉ'ዩ ዘለዎ። ሓደ ካብኡ ንዝተፈላለየ ዕላማ ዝቑረጽ ገረብ፡ መተካእታኡ ፈልሲ ምትካል ምተገብአ። እዚ ግን ፍጹም ይትግበር የለን። ከም ሳዕቤኑ ከኣ ጫካታት ዓለም ብዝዘሰክፍ ክበርሱን ክዓንዉን ይረኣዩ። ውጽኢት ናይ'ዚ ደቂ-ሰብ በቲ ባዕሎም ዝገብርዎን ዝቕጽልዎን ዘለዉ ተግባር ንብዙሕ ሽግራትን ጸገማትን ይቃልዑ ኣለዉ።

ኣከባቢ ገዚፍን ሰፊሕ ኣርእስቲ እዩ። ንዕቃበኡ ኣልዒልካ ብድብድቡ ምዝራብ ከኣ፡ ዝደለኻዮ ዛዕባ ክትገልጽ ኰነ ክተነጽር ዘኽእል ኣይኰነን። ኣብ ክንድኡ ኣየናይ ሽነኹ ዕቃብ ይደሊ? ኣየናይ ገጹ ብኸመይ መገዲ ፍወሳ የድልዮ ከኣ፡ ፈላሊኻ ምርኣይ የድሊ። ስለዚ ኣብዚ ጉዳይ ሓደን ኣገዳስን ነጥቢ፡ ተፈጥሮኣዊ ጺጋታቱ (ኢኮሎጅያዊ) ብግቡእ ምሕላው ኣሎ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ኣጠቓቕማኡ ቀጻልነት ብዘውሕስ ምጥማቱን ንዝዓነወን ዝጠፍአን ንምምላስን ምስራሕ የድሊ። እዚ ከኣ ኣብ ሓኽሚ ደቂ-ሰብ ዝምርኰስ ስራሕ እዩ።

ፍልስፍና ሕብረተ-ሰብ ሂንዱ፡ ደቀንስትዮ፡ ምልክት (ሕላገት) ጽባቐ ተፈጥሮ ገይሩ ይገልጸን። ንሰን ባህርያዊ ተፈጥሮ ንኽዕንብብን ክስስንን ዕዙዝ ገደ ዝጻወታን ህንዳውያን ደቀንስትዮ ድማ ብኣብነት ዝጥቀሳ ምኳነን ይሕብር። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መንበሪ ቤት ህንዳውያን፡ ምስ ኣምልኾ እምነታቶም ዝዛመድን ምትእስሳር ዘለዎ ኣግራብ ከምዝከናኸኑን ብሕልፊ፡ 'ባሲልባና' ዝበሃል ተኽሊ ክህሉ ግድን እዩ። እዚ ሓደ ባህሊ'ዚ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ሂንዱ ብልዑል ኣኽብሮት ዝጥመት'ዩ።



ኣከባቢ ዝሓቘፎ ጺጋ እዚን እቲን ኢልካ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ኣብ ኣጠቓቕማን ምዕቃብን ጉሉሕ ተርእዮ ጉድለት ደቂ-ሰብ ግን፡ ናብ ብከላን ፍጹም ብርሰትን ገጹ ይወስዶ ኣሎ። ህንዳውያን ደቀነስትዮ ኣብ መዳይ ምዕቃብ ኣከባቢ ብዘርኣይኦ ህይወት ክሳብ ዘኽፍለን ቃልሲ፡ መዳርግቲ የብሉን። እዚ ተወፋይነትን ትብዓትን'ዚ ንደቀንስትዮ ህንዳውያን ብደረጃ ዓለም ብኣብነት ዝጥቀስ ዝና ክጐናጸፋ ኣኽኢልወን'ዩ።

መሰረት ልምዳዊ፡ ባህላውን ማሕበራውን ሕብረተ-ሰብ ህንዲ ከም ዝሕብሮ፡ ብሕልፊ ደቀንስትዮ'ታ ሃገር፡ ካብ ጥንቲ ጀሚረን ተጣበቕቲ ኣከባቢ ምኳነን የነጽር። ገለ ካብዚ ምስ ሃይማኖታዊ ኣምልኾ ብምዝማድ ዝርአ፡ ብሕልፊ ኣንጻር ብርሰት ገረብ ልዑል ግደ ይጻወታ። ምስ ሃይማኖታዊ ኣምልኾ ብዝተኣሳሰር ፒፓል፡ ቱልሲ፡ ኣማላ፡ በል፡ ሻሚ፡ ንዒም፡ ማንጉስ፡ ሸስሾኳ...ወዘተ ድማ ኣብታ'ታ ሃገር ፍሉይ ክንክን ካብ ዝግበረሎም ኣግራብ እዮም። ብዘይካ'ዚ፡ ዝተፈላለዩ ዕምባባታት ከምኡ ድማ፡ ላም፡ ኣንጭዋ፡ ፈረስ፡ ተመን፡ ህበይ፡ ጉንጓ... ዝበሉ እንስሳታት ፍሉይ

ክንክንን ዕቃበን ካብ ዝገብርሎም እዮም። ኣብ ኣካላት ምንጪ ማይ’ውን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝቕጽል ግደ ህንዳውያን ደቀንስትዮ ብቐሊሉ ዘይግለጽ ግደ ኣለወን። እዚ ድማ ንውሕሉል ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ጸጋ ኣብ ሕብረተሰ-ሰብ ህንዲ ኣብ ምስፋሕን ምዕማቕን ብዓቢኡ ግን፡ ሚዛን ስነ-ፍጥረታት ኣብ ምሕላው ዘይነዓቕ ኣበርክቶ ከምዘለዎ’ዩ ዝግለጽ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ መንጎ ደቂ-ተባዕትዮን ደቀንስትዮን፡ “መን ብዛዕባ ኣከባቢ ዝያዳ ይጽሎን ይሕለቕን?” ብዝብል ዝተገብረ ሰነዳት ውጽኢት ምርምር ኣብ ዓውዲ ኣከባቢ ዝነጥፉ ሊቃውንቲ ከምዝሕብሮ፡ ምስ ባህሊ፡ ማሕበራዊ፡ ልምድታት. . . ወዘተ ብምዝማድ፡ ካብ ሕብረተ-ሰብ ናብ ሕብረተ-ሰብ ደረጃኡ ዝፈላለንኳ ተኾይኑ፡ ምስ ኣከባቢ ጥቡቕ ምትእስሳርን ዝምድናን ዘለወን ደቀንስትዮ ምዃነን፡ ብርሰት ገረብ ይኹን ብከላ ኣከባቢ ዝያዳ ተጸለውቲ ንሰን ምዃነን ድማ የረድኡ። በዚ ምኽንያት’ዚ፡ ንስለ ድሕነት ኣከባቢ ክብላ ህይወተን ንምብጃው ድምብርጽ ከምዘይብለን ድማ የረጋግጹ።

ተደጋጊሙ ከምዝተገልጸ ህንዳውያን ደቀንስትዮ ኣብ ሰውራ ድሕነት ኣከባቢ ብኣብነት ተጠቀስቲ ምዃነን ርኢና። ንሎም ኣብ ዓምዲ ደቀንስትዮን ኣከባቢን መጽሔት ኣግእዞ፡ ንድሕነት ኣከባቢ ዘረጋግጽ ውሑድ ካብቲ ብዙሕ ብህንዳውያን ደቀንስትዮ ዝተመስረቱ ምንቅስቓስ ክንርኢ፡-

## ምንቅስቓስ ከጃድሊ፡-

እቶም ነዚ ምንቅስቓስ ዘካየዱ ነበርቲ ቀኣሽት ዞባ ራዥታን ኰይኖም፡ ብብሉጽ ምንቅስቓስ ብኣብነት ዝጥቀስ እዩ። ኣብ 1730 - መሃራጃ፡ ብዓል ጀድፑር፡ ንህንጻት ቤተ-መንግስቱ ዝኸውን ዕንጨይቲ ዝቘርጹ ወተሃደራቱ ናብ ቀኣሽት ከጃድሊ ለኣኸ። ኣምሪታ ደቪ ዝተባህለት ተግባር ወተሃደራት ማሃራጃ ዘይተዋሕጠላ ነባሪት ቀኣሽት ዝኾነት ሰበይቲ፡ ምስ ሰለስተ ደቃ ኣብ’ቶም ክቘረጹ ዝተፈርዱ ኣግራብ ተጣቢቓ ምፍላይ ኣበየቶም። በጃ’ቶም ዝቘረጹ ኣግራብ ህይወታን ህይወት ደቃን ክትውፊ ድልውቲ ምዃና ዘረጋገጸት ሓርበኛ’ያ። እዚ ወረ’ዚ ኣብ መላእ ነባሪ’ታ ቐኣሽት ምስ ተዘርግሐ፡ 363 ሰባት ንተበግሶኣ ብምስዓብ፡ ህይወቶም ንስለ’ቶም ንኽቁረጹ ዝተፈርዱ ኣግራብ ወፍዮም።

## ምንቅስቓስ ቺፖ፡-

እዚ ምንቅስቓስ’ዚ፡ ኣብ 1973 ኣብ ቻሞሊ ኡታራክሃንድ ጀሚሩ። ነዚ ምንቅስቓስ’ዚ ዘበገሰ ሽሪ ሱዳር ላል ባሁጉና ዝተባህለ ሰብኣይ ነባሪ ኡታራክሃንድ’ዩ። እንተኾነ፡ ብዘደንቕ ተርእዮ ዕዙዝ ተሳትፎ ደቀንስትዮ ዝተንጸባረቐሉን፡ ‘ኢኮ ፈሚኒስት’ ተባሂሉ’ውን ከምዝጽዋዕ ይሕበር። መብዛሕትኦም ተሳተፍቲ’ዚ ምንቅስቓስ፡ ሰራሕተኛታ ደቀንስትዮ ምንባር ይግለጽ። ብ26 መጋቢት 1974 ደቀንስትዮ ነበርቲ ቀኣሽት ቻሞሊ፡ ‘ጎራ ደቪ’ ዝተባህለት ሰበይቲ፡ ‘ጫካ ኣዴና’ዩ። ክንቈርጽ ከኣ ኣይንፈቅድን’ ብዝብል ዝተመርሐ ምሉእ ብምሉእ ብደቀንስትዮ ዝተቐለሰ ሰፊሕ ምንቅስቃስ ተኻይዱ።

## ምንቅስቓስ ናቭዳንያ፡-

ብ1987 ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ምህርቲ ኣከባቢ ቫንዳና ሺቫ ሰፊሕ ምንቅስቓስ ደቀንስትዮ እዩ። ዕላማ’ቲ ምንቅስቓስ፡ ብምርምር ዝተለልዩ ኣዝርእቲ ናብ ሓረስቶት ምዝርጋሕ፣ መሬት ሕርሻን ትሕዝቶ ሓመድ ዝጎድእ ተጠቃምነት ስነ-ቀመማዊ ድኹዒ ምውጋድ . . . ዝብሉ ጠለባት ኣካቲቱ ዝተበግሰን ዝተኻየደን’ዩ።

## ናርማዳ ባቻኦ ኣንዶላን፡-

ናርማዳ ባቻኦ ኣንዶላ፡ ደቀንስትዮ ኣብ ዕቤትን ዕቃበ ኣከባብን ዘለወን ግደ ኣብ ግምት ኣትዩ፡ ኣብ ሃገራዊ ፖሊሲ ጫካ 1988 ተሳትፎአን ከምዝህሉ ዝገበረ ምንቅስቓስ እዩ። ድሕሪ ነዊሕ ቃልሲ ብ2006 ኣብ ዞባ ራዥታን ኣብ እትርከብ ቀኣሽት ኣግራብ ክትከሉ ተወሰነ። እቲ ዝተወሰደ ናይ ምግራብ ስራሕ ጽቡቕ ውጽኢት ስለዝተመዝገቦ፡ ኣብ 2008 እታ ቐኣሽት ሽልማት ኒርማል ክትዓትር በቒዐት። እዚ ኩሉ ከኣ ሳላ ልዑል ጻዕሪ ደቀንስትዮ’ታ ቁሸት ዝተመዝገበ ዓወት’ዩ።

## ምንቅስቓስ ፕላቺማዳ፡-

ምንቅስቓስ ፕላቺማዳ፡ ደቀንስትዮ ህንዲ ኣንጻር ብከላ ኣፍላጋት ህንዲ ዝወሰዳኦ ኣገዳሲ ስጉምቲ ብምዃን ይጥቀስ። ገለ ካብኡ ኩባንያ ኮካ-ኮላ ዝያዳ መኽሰብ’ምበር፡ ኣብ ልዕለን ትሕተ-ባይታኣዊ ምንጪ ማይ ዝወርድ (ዝስዕብ) ብከላ ከቕልበሉ ከምዝግባእ ዝጽውዕ ይርከቦ። ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ምንጪ ማይ ዝስዕብ ብከላ ብቐረባ ተጸለውቲ ደቀንስትዮ ምዃነን’ውን የነጽር። ማያራላምማ ዝተባህለት መሃይምሰበይቲነባሪትቀኣሽትኢራቫላውራጃን ምስ ካልኦት ደቀንስትዮ ብምዃን ዝተበገሰ ምንቅስቓስ ፕላቺማዳ፡ ኮካኮላ ምስ ሳማራ ሳሚቲ’ ዝብል ጭርሖ ብምልዓል ኣብ ደቡብ ህንዲ ዝተመስረተ ዕዉት ምንቅስቓስ ምዃኑ ይግለጽ። ክብ ኢሎም ዝተዘርዘሩ ሓያሎን ብደቀንስትዮ ተሃንዲሶምን ተመሪሖምን ዝተመስረቱ ምንቅስቓሳት ድሕነትን ዕቃበን ኣከባቢ፡ ዝነኣድ ውጽኢት ከምእተመዝገቦም ዝተወስደ ገምጋም የመልክት።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣተሓሕዛኦን ዝተፈላለየ ይኹንምበር፡ ግደ ደቀንስትዮ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ኣብ ድሕነት ኣከባቢ ልዑል ትኹረት ከምዝጸንሐን ንምሕደራኡ ዝምልከት’ውን ተራኣን ዕዙዝ ምዃኑ ይሕበር። ካብ’ዚ ተበጊሰን ንመጻእቲ ወለዶታት ጥዑይ ሃዋህው ከም ዝህሉ ንምግባር፡ ተፈጥሮ ንምሕዳስን ናብ ንቡር ንምምላስን ዘድሊ ጻዕሪ ክገበር ቃልሲ ኣብ ምክያድ ኣብ ቀጻሊ ይርከባ። ገለ ካብ’ዚ ምዕቃብ ሓመድ፡ ማይ፡ ዱርን ጸዓትን ዘጠቓልል’ዩ። ብዛዕባ ተፈጥሮ ዓሚቕ ባህላውን ዘመናውን ፍልጠት ስለዘለወን ድማ፡ ክብ ኢሎም ዝተጠቕሱ ምንቅስቓሳት ክውድባን ክምስርታን ኣኺኢልወን። ኣብዚ ሓደ ኣብነት፡ ብጎራ ደቪ ዝተመርሐ ኣንጻር ኣብ ጫካታት ሂማላያን ዝወርድ ብርሰት ብቘራጽነት ዝተመከተ ምንቅስቓስ ቺፖ ክንውስኽ። ደቀንስትዮ ብሓፈሻ ኣብ ገጠራት ዝነብራ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ዕቃበ ኣከባቢ ፍሉይ ግደ ከም ዘለወንን ዘመስከረ ዘይርሳዕ ዕዉት ምንቅስቓስ ኰይኑ ድማ ይግለጽ። ደቀንስትዮ እኹል ኣከባብያዊ ትምህርትን ፍልጠትን ምስ ዝረኽባ፡ ንጸጋታት ብቑጡብን ውጽኢታዊ መገዲን ክጥቀማ ዘኽእል’ዩ። መንግስታት ነዚ ተረዲኦም ደቀንስትዮ ኣብ ምንቕቓሕ ወፍሪ ከካይዱ እቲ ዝበለጸ ግዜ ሕጂ ምዃኑ ኣሚኖም ክሰርሕሉ ምሕጽንታ ዝተፈላለዩ ምሁራት ዓውዲ ኣከባቢ’ዩ!

# ስነ - ጥበብ

## ሙዚቃ ብህጻንነተይ ኣብ ደመይ ዝሰረጸ'ዩ!

መርሃዊ ታደሰ

*ደረጃ ዕድመኣን ምያኣን ከተነጻጽሮ እንከለኻ ኣዚኻ ኢኻ ትግረም። ኣዝዩ ቅልጡፍ ዝኾነ ናይ ምርዳእ ዓቕሚ'ዩ ዘለዋ። ንስነ-ጥበብ ብህጻና እንከላ እያ ተጸንቢራቶ። ኣብዚ እዋን'ዚ ብብዙሓት ቋንቋታት ክትዛረብን ክትደርፍን ዝበቕዐት ኣብነታዊት መንእሰይ'ያ።ኣብ ሙዚቃዊ ምርኢታት ብዝተፋላለየ ቋንቋታት ክትደርፍ እንከላ ኣዲንቲ ተዓዘብቲ ብተምሳጥ ካብኣ ዳርጋ ኣይፍለያን'የን። ምሳዛ፡ ግዜን ዕድልን ዘይተባኸን መምህርን ስነ-ጥበበኛን ዩሱራ ሓመድ ሳልሕ ሕሴን ዝነበረና ዕላል ይስዕብ፦*



### ◆ ንዩሱራ እንታይ ኢልኪ ምገለጽኪያ?

ዩሱራ ነዊሕ ራእይ ዘለዋ፡ ተስፋ ዘይትቖርጽን ዝሓሰበቶ ኣብ መፈጸ ምታኡ ንምብጻሕ ትቃለስ መንእሰይ'ያ ምበልኩዋ።

### ◆ ቁልዓ እንከለኺ ትብህግዮ ሞያ እንታይ'ዩ ነይሩ?

ዝኾነ ቆልዓ ምስ ዓበኻ እንታይ ክትከውን ኢኻ እንተደኣ ኢልካዮ ዶክተር ወይ መምህር እዩ ዝብል። ኣነ ኩሎም ኣብ ቤት ትምህርትና ዝመሃሩ ዝነበሩ ተመሃሮ ዶክተር ወይ መምህር ክኸውን'የ ዝደሊ ክብሉ እንከለዉ፡ በይነይ ሙዚቀኛ'የ ክኸውን ዝደሊ እብል ነይረ። ካብ ቁልዕነተይ ሙዚቀኛ ናይ ምዃን ሕልሚ'ዩ ነይሩኒ።

### ◆ ኣቦኺ'ዶ ጸልዩኺ ይኸውን?

እወ ብርግጽ። ምኽንያቱ ኣቦይ ንእሽቶ ከለኹ ሓቑፉኒ ኪፖርድ ይጻወት ነይሩ።ስለዚ ብህጻንነተይ ምስ ድምጺ ኪፖርድ ተላልየ።ሓቂ ይሓይሽ ኣይዝከረንን እዩ። ስእልታት ናይ ገዛና ምስ ረኣኹ'ዩ ፈሊጠ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣቦይ እንታይ ይሰርሕ ከምዝነበረ ኣፍልጦ ኣይነበረንን። ድሕሪኡ ከኣ ንነዊሕ ዓመታት ንትምህርቲ ናብ ሃገረ ቻይና ገይሹ። ጽልዋ ኣሕዲሩለይ ስለዝኸደ ይመስለኒ፡ ንእሽቶ እንከለኹ ንግሆ-ንግሆ ተንሲኤ ኣብ ኮሮድዮና መዛሙር እዝምር ነይረ። በዚ ምኽንያት'ዚ ሙዚቃ ምሳይ ዝዓበየ ዝንባለ'ዩ ክብለካ እኽእል። ብተወርሶ ዝመጽእ እንተኾይኑ ከኣካብ ወላዲየይ ወሪሰዮ ክብለካ እኽእል።

### ◆ ስነ-ጥበብ ብሓፈሻ ሙዚቃ ከኣ ብፍላይ ንዓኺ እንታይ'ዩ?

ስነ-ጥበብ ዘድንቖን ዝፈትዎን ዓይነት ሞያ እዩ። እዚ ሓደ ካብክፋላቱ ዝኾነ ዓውዲ ሙዚቃ ከኣ ኣብ ደመይን መንፈሰይን ዝሰረጸ እዩ። ርግጽ'ዩ ኣዝዩ ዕምቈት ዘለዎ ብምዃኑ ኩሉ በጺሐዮ'የ ክብለካ ኣይክእልን።ምኽንያቱ መመሊሱ ርሕቀት ዝውስኽ ብቐሊሉ



ክብጻሕ ዘይክእል ብዙሕ ትምህርትን ተመኩሮን ዝሓትት ዓውዲ'ዩ።

### ◆ ናይ መድረኽ ተመኩሮኺ ከተካፍልና?


መድረኽ ምርኢት ንእሽቶይ ከለኹ'የ ደይበዮ። ገና ብቆልዓይ፡ The sound of oasis; Confucius institute at NHERI; Rakuba jazz band; ተሰምዩ ኣብ ዝቐረበ ምርኢታት ምስ ካልኦት ስነጥበበኛታት ኣብ ሓያሎ መድረኻት ተሳቲፈ'የ።

### ◆ ክንደይ ቋንቋታት ትመልኪ? ብክንደይ ቋንቋታት'ከ ትደርፊ?

ሓሙሽተ ቋንቋታት ማለት ትግረ፡ ትግርኛ፡ ዓረብ፡ እንግሊዝን ቻይናን ይመልኽ። ብዘይካ'ዚ ብቋንቋ ቢሌን እውን ሰላምታ ክለዋወጥን ክረዳዳእን እኽእል'የ። ኣብ ደርፊ እንተመጺእካ ግን ብሸሞንተ ቋንቋታት እደርፍ እየ። እንግሊዝ፡ ቻይና፡ ጀርመን፡ ትግርኛ፡

ትግረ፡ ብዳዌት፡ ዓረብን ጣልያንን እደርፍ። ሙዚቃኡ ሰሓቢ እንተኾይኑ ተገዲሰ የጽንዖ። መልእኽቱ ብዙሕ ኣይግደሰሉን እየ። ግን ኣጸያፊ ቃላት ከይህልዎ እጥንቀቕ'የ። እቲ ዝደርፎ ደርፍታት መብዛሕትኡ ኣብ ፍቕሪ፡ ሃገራውነትንማሕበራዊ ህይወትን ዘተኮረ ደርፍታት'ዩ።










### ◆ ነዚ ኩሉ ቋንቋታት ክትፈልጢ ዝኸኣልኪ ብኸመይ'ዩ?

ኣብ ቋንቋ ዘለኒ ተገዳስነት ኣዝዩ ልዑል'ዩ። እንተተገዲስካሉ ድማ ዘይክኣል ኣይኮነን።ንኣብነት ንቛንቛ ብሌን ተመሃሮ ክምህር ኣብ ዘባ ዓንሰባ ምስ ተመደብኩ'የ ተላሚደዮ። እቶም ተመሃሮን ኣብ ከባቢና ዝነበሩ ህዝብን ኣብ ሓጺር እዋን ብቛንቛ ብሌን ብድፍረት ደርገፍገፍ እናበልኩ ክዛረቦም ከለኹ ይግረሙ ነይሮም። በዚ ድማ ተገዲሶም ክምህሩኒ ጀሚሮም። ገለ ቃላት ኣብዘይ ግቡኣን ወይ ኣብ ዘይቦታኣን ምስ ዘእትወን ይስሕቁኒ። ናብ ኣስመራ ምስ መጻእኹ ከኣእተን ዝሓዝኩወን ቃላት ናይ ብሌን ከይርሰዐን ምእንቲ ኣብ ገዛይ ይደግመን ነይረ። ወላዲየይ ደራሲ ሙዚቃ ስታዝ መሓመድ ሳልሕ ሑሴን ነዚ ምስ ረኣየ ንዓይ'ውን ቋንቋ ብሌን ክትምህርኒ ኢኺ ይብለኒ ነይሩ።

### ◆ ናብ ቻይና ክንደይ ግዜ ከድኪ? ዕላማ ናይቲ ጉዕዞ እንታይ ነይሩ?

ክልተ ግዜ ጥራሕ'የ ገይሸ። ኣብቲ ቀዳማይ መገሻ ክንዛወር ኢና ከይድና። እቲ ካልኣይ መገሻይ ግን ብስራሕ እዩ ነይሩ። ነታ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ትምህረና ዝነበረት ትካል ኮንፊሽየስ ትምውላ ጉይ ጀው ዝተባህለት ዩኒቨርሲቲ ዘጥረናዮ ብቕዓት ብግብሪ ከነርእያኢና ከይድና። ኣብ ጉያንግ ዝተባህለት ዓዲ ምርኢት ኣቕሪብናን



ተዛዊርናን ድማ ናብ ሃገርና ተመሊስና። እቲ ዘቕረብናዮ ምርኢት ንባህሊ ቻይና ዘንጸባርቕ ኮይኑ፡ ትልሂት፡ ደርፊ፡ ታይ-ጂ ማለት ምንቅስቓስ ኣካላት ዝሓቑፈእዩ። ኣነ ብምንቅስቓስ ታይ-ጂን ከምኡ'ውን ደርፊተሳቲፈ።

### ◆ ብኸመይ ኢኹም ተመሪጽኩም?

ንኤርትራ ወኪሉ ዝኸይድ ሰብ ንምምራጽ ንሓድሕድና ተዋዳዲርና። ኣብቲ ውድድርኣነ 1ይቲ፡ መቕድም ኣረፋይነ ዝተባህለ ብጻየይ ከኣ 2ይ ኴንና ስለዝተዓወትና ክልተና ንሃገርና ወኪልና ኣብቲ ሃገረ ዓለማዊ ውድድር ምንጽብራቕ ቋንቋን ባህልን ቻይና ንሃገርና ከነላሊ ዕድል ረኺብና። እቲ መደብ ክንዮውድድር ምልውዋጥ ህያባት ስለዘጠቓልል ከኣ ህያባት ሒዝና ኢና ከይድና።ኣነ ረጾን ገመልንሒዘ ከይደ። እታ ዓብደላ ካኒ ከም መግለጺ ባህለይ ተኸዲነያ'የ ነይረ። ነታ ናይ ገመል ቅርጺ ዝነበራ ቅርጻ ናይ ዕንጸይቲ ከኣ ንኻልኦት ተሳተፍቲ ህያብ ኣበርኪተሎም። ኣብቲ ኣጋጣሚ ከኣ ብዛዕባ ሃገርና ኤርትራ ባህልን ክብርታትን ሕብረተ-ሰብ ኤርትራን ንተሳተፍቲ ከነላሊ ዕድል ረኺብና።ኣነ ንብሄረ ትግረ፡ እቲ ካልኣየይ ድማ ንብሄረ ትግርኛ ዝውክል

ኣልባሳት ለቢስና ኢና ተሳቲፍና። ካብ 51 ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ፡ መበል 3ይ ደረጃ ሒዝናን ናይ ስኮላርሺፕ ሽልማት ተሸሊምናን ናብ ሃገርና ተመሊስና።

**◆ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ እንታይ ትምህሪ?**

ኣብዚ እዋንዚ በቲ ዝተመሃርክዎ መሰረት፡ ብቋንቋ ቻይና ናይ ደርፊ መምህር ኮይነ'የ ዝሰርሕ ዘለኹ። ንካልኣይ ዓመተይ እየ ዝምህር ዘለኹ። ቋንቋ ቻይና ከቢድን ጥንቃቐ ዝሓትትን ቋንቋ ስለዝኾነ ኩሉ ግዜ ሓያል ጻዕሪ ዘድልዮ እዩ።እቶም ብቛንቋ ቻይና ደርፊ ዝምህርዎም ዘለኹ፡ ካብ መባእታ ክሳብ ናይ ኮሎጅ ኣካዳምያዊ ደረጃ ዘለዎም ኮይኖም ብዝሖም ሰብዓን ሓሙሽተን ኣቢሉ ይበጽሕ።

**◆ ንቋንቋ ቻይና ከቢድ ዘብሎ እንታይ'ዩ?**

እቲ ከቢድ ዘብሎ ጽሕፈቱ'ዩ። ኣብ ኣዳማምጽኡ'ውን ኣዝዩ ጥንቃቐ ዝሓትት እዩ። ምኽንያቱ ሓንቲ ቃል ክነሳ ሓሙሽተ ዓይነት ኣደማምጻ ክህልዋ ይኽእል። ብፍልልይ ኣዳማምጽ ድማ ሓሙሽተ ዓበይቲ ትርጉማት ክህልዋ ይኽእል። ከም ኣብነት፥ "Ma" እትብል ቃል ፎኒስ ኣደማምጻ ምስ ዝህልዋ ምልክት ሕቶ'ያ። ብርጉእ ኣደማምጻ ምስ እትድመጽ ድማ ኣደ ማለት'ዩ። እቲ ድምጺ ቅሩብ ክምጠጥ ከሎ ከኣ ሓርፋፍ ዝቕርበቱ ዓይነት እንቁርዖብ ትኸውን። ዝያዳ እንተ መጢጥካያ ከኣ ፈረስ ትኸውን። እቲ ኣደማምጻኣ ምስ ዝሓጽር ከኣ ምጽራፍ ማለት ይኸውን።

**◆ ትርፊ ግዜኺ ኣብ ምንታይ ተሕልፍዮ?**

ብዙሕ ትርፊ ግዜ ኣለኒ ኢለ ክዛረብ ኣይክእልን። ኣባል ሚኒስትሪ ትምህርቲ ስለዝኾንኩ ከም መምህር መጠን ዓመት ምሉእ ዝመሃሩ ተመሃሮ ኣለዉኒ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ድማ ብቛንቋ ቻይና ደርፊ እምህር፡ ተርጓሚት ኮይነ ከኣ እሰርሕ። ኣብ the sound of oasis እውን ከም vocal coach ኮይነ እሰርሕ እየ። ብዓብዩ ከኣ ኣብዚ እዋንዚ ባህሊ ሃገረይ ከላሊ ንዓለምከላሊ ዕላማ ስለዘለኒ፡ ኣብ ባህሊ ብሄራትና ዝቐንዐ መድናዕቲ የካይድ ኣለኹ።

**◆ ኣብ 'ኤሪትሪያስ ጎት-ታለንት' ተወዳዲርኪ ነይርኪ፡ እቲ ውድድር ከመይ ነይሩ?**

ብዕድመ ስነ-ጥበበኛ ፍርቱና ክፍላይ'የ ኣብቲ ውድድር ተሳቲፈ። ውድድር ጽቡቕ ነይሩ። ምሉእ ብምሉእ ክዕወት ምኳነይ ኣሚነ'የ ኣትየ። ከም ትጽቢተይ ከኣ ብዘቕረብክዎ ስራሕ ጎልደን ባዘር ክረክብ በቒዐ። ጎልደን ባዘር ማለት፡ በታ ፈለማ ዘቕረብካያ ኣደናቒት ክእለት ናብታ ናይ መወዳእታ መድረኽ ምሕላፍካ ኣረጋጊጽካ ኣለኻ ማለት'ዩ።

**◆ መጻኢ ሕልምኺ?**

ክሳብ ሕጂ ናይ ካልኦት ደርፊ'የ ዝደግም ዘለኹ። ባባ ኩሉ ግዜ ዝብለኒ ዝነበረን ሕጂ ድማ መመሊሳ ትስወጠንን ምስላ ብቛንቋ ብሄረ ትግረ "ዕጨት ዲብ ቅርደ ወድቅ" ማለት ገረብ'ሲ ኣብ ሱራ'ያ ትወድቕ ትብል ዘረባ ወትሩ ኣብ ልበይ ኣላ። ስለዚ ንባህሊ ሃገረይ ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃ ኣብጺሐ ንወርቃውያን ክብርታትና ንመላእ ህዝቢ ዓለም ብዓለማዊ ቋንቋ ከላልዮ ሓሳብ ኣለኒ። ናተይ ናይ ሙዚቃ ፕሮዳክሽን ከተኣታቱን ብናይ ሃገረይ ቋንቋ ናተይ ደርፊ ክደርፍን ከኣ ሕልሚ ኣለኒ።

**◆ ኣብ መዛዘሚ ትብልዮ እንተሎ?**

ወለዲ ኣብ ምህናጽ ደቆም ልዑል ተራ'ዩ ዘለዎም። በዚ ኣጋጣሚ ፈለማ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ንኽበጽሕ ልዑል ጻዕሪ ዝገበሩ ወላዲየይ ስታዝ መሓመድ ሳልሕን ወላዲተይ ወይዘሮ ሩቐያ እስማዒል ጅምዕን ኣመስግን። ቀጺለ ነቶም ንወላዲየይ ኣምሂሮም ትርጉም ናይ ትምህርቲ ከምዝርድኦን ከምዝስወጦን ዝገበሩ ኣለይትን መማህራንን ኣባላት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብልቢ ኣመስግን።



ዩስራ ምስ ስድራቤታ

# ስን - ልቦና

## ደቀንስትዮን ዕዮን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

ኣብ ህይወት ብዙሕ ሓላፍነታት ኣለና። እቲ ሓላፍነት ንገዛእ ርእስናን ንኻልኦትን እዩ። እዚ ድማ፡ ኣድህቦናን ሓልዮትናን ይሓትት። ብተወሳኺ፡ ገለ ክንጭብጦ እንደሊ ክህሉ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ፡ ዝያዳ ኣቓልቦና ይሓትት። እዚ ዝያዳ ተምሳጥ ዝፈጥረልና ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ኣብ ፍጻመ እቲ ስራሕ ዝህልወና እእምሮኣዊ ዝንባለ (mind set) ኣብ ጽፈትና ኣበርክቶ ኣለዎ።

መብዛሕትኡ ግዜ ንንብስና ዋላ ኣብቲ ዘይምስጠና ወይ ዘየገድሰና ነገር ክትሰርሕ ነገድዳ ኢና። “ኣነ ን... ክውድኦ ኣለኒ።” ወይ “ኣነ ሕጂ ... ክሰርሕ ይግበኣኒ።” ዝብሉ ዘረባታት ብዙሕ ግዜ ይመልቁና እዩ። እቶም ቀንዲ መፍትሕ-ቃላት ናይዞም ኣብነታት - ‘ኣለኒ’ ከምኡ’ውን፡ ‘ይግበኣኒ’ ዝብሉ ቃላት እዮም።

ንገዛእ ርእስኺ ገለ ነገር ክትሰርሒ ክትሓትትያ እንከለኺ፡ ኣብምዕማም እቲ ስራሕ ክይተፈለጠኪ ትሑት ተገዳስነትን ድርኺትን ተሕድሪ። እቲ ጠንቂ፡ እቲ ዕዮ ኣብ ክንዲ ከም ምርጫ ከም ግዴታ ይቕጽር ስለዘሎ እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣንጻር ባዕልኺ ዘተኣታተኽዮ ግዴታ ክትሕንገዲ ትጅምሪ።

ኣብ ክንድኡ ንኣእምሮኣዊ ዝናብለኺ እንተ ቐይርናዮ፡ ንምዝዛም እቲ ዕዮ ምርጫ እንተገይርክዮ፡ እቲ ዕድል ናይ ምሕንጋድን ምድንጓያትን ይንኪ። እቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ኣብነት፡ ነቶም ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮም መፍትሕ-ቃላት ናብ “ኣነ ን... ክውድኦ እደሊ እየ።” ከምኡ’ውን፡ “ኣነ ሕጂ ... እደሊ።” ናብ ዝብል ብምልዋጥ፡ እቲ ዕዮ ኣብ ትሕተ-ዉኖ ኣእምሮና ከም ምርጫ ይርአ። ክንዲ ዝኾነ፡ እቲ ምርጫ ኣብ መንጎ ምዝዛም እቲ ዕዮን ሳዕቤን ዘይምዝዛም እቲ ዕዮን ይቐውም።

ቅድሚ ነቲ ዕዮ ምጅማርኪ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ነዚ ናጻ ምርጫ ንገዛእ ርእስኺ ኣቕርበላ። ሳዕቤን ነቲ ስራሕ ዘይምዝዛም፡ ካብቲ ነቲ ስራሕ ምዝዛም ንላዕሊ ዘዋጽእ ኮይኑ እንተተተሰሚዑኪ፡ ነቲ ዕዮ ኣይትዕመምዮ።



ኣብዚ መዳይ’ዚ ዝሕግዙኺ ገለ ሕግታት ኣለዉ፥

**# ነቲ ስራሕ ከም ናጻ ምርጫ ወሲድኪ፡ ነቲ ሳዕቤን ገምግምዮ።**

ስራሕ ክንዛዝም እንከለና፡ ነቲ ስራሕ ብፍጹምነት ክንዓምሞ ኢና እንደሊ። ዝኾነይኹን ንእሽቶ ጌጋ ከቶ ክትሓልፈና ኣይንደልን ኢና። እዚ ፍጹምነት፡ ነቲ ስራሕ ከቢድ ይገብሮ። ኣብ ርእሲ’ዚ፡ ኣብቲ ስራሕ ዘየድሊ ምድንጓያት ከም ዝፍጠር ይገብር። ኣብ ክንድ’ዚ እምበኣር፡ ዝከኣል እንተኾይኑ፡ ፈለማ ንድፊ ናይቲ ዕዮ ኣውጽኢ። ነቲ ንድፊ ንምምሕያሽ ባይታ ብዝፈጥር ኣገባብ እንተውጺኢካዮ፡ ጸኒሕኪ ከተማሓይሽዮ ትኽእሊ ኢኺ። እዚ ኣገባብ፡ ኣድማዒ ስራሕ ንኽትጀምሪ የቃልለልኪ። ምድንጓያት ከም ዝንኪ ድማ ይገብር።

**# ፍጹም ስራሕ ክትሰርሒ ክትብሊ ኣይትጨነቒ**

ኣብ ስራሕ ገለ ሕጽረታት ኪጋጥም ንቡር እዩ። ንስራሕ ብውጥን እንተተታሓሒዝክዮ፡ ነቶም ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ሕጽረታት ኣቐዲምኪ ክትነቕሕሎም ይሕግዘኪ። ናይ ዕረፍቲ ግዜኺ ብዝግባእ ክትምድቢ እውን ይጠቕመኪ። ናይ ሰሙን ውጥን ስራሕ ክነውጽእ እንከለና፡ ንግዜ ስራሕ ዘይውሱን እንተገይርናዮ፡ ምጽዋሩ ክኸብደና ከም ዝኽእል ርዱእ እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ኣብ ስራሕና ዝያዳ ኣፍረይቲ ክንከውን፡ እቲ ስራሕ ዝዛመሉ ግዜ ክንውስኖ ይግባእ። ኣብ መወዳእታ፡ ፍጹም ስራሕ ስለዘየበርክትና ብዙሕ ክጨንቐና የብሉን። እቲ ዝያዳ ከነስምረሉ ዘለና፡ ቀጻሊ ኣብ ብቕዓት ስራሕና ክንመሓየሽ ከም ዘለና እዩ። ንእኹል ዕረፍቲ ወይ ምዝንጋዕ ዝኸውን ግዜ ከኣ፡ ግድን ክንምድብ ኣለና። እቲ ምንታይሲ፡ ዝደኸመ ኣእምሮ ወይ ብድኻም ረሸሽ ዝበለ ጉልበት፡ ብቑዕ ስራሕ ክዓምም ምሒር ኣጸጋሚ እዩ።

**# ንግዜ ምዝንጋዕ ወይ ዕረፍቲ ደረት ክትገብርሉ የድሊ።**

ኣብ ህይወትና ዕረፍቲ ወይ ምዝንጋዕ ከም ዘድልየና ርዱእ እዩ። ንዕረፍትና ብዝጥዕመና መገዲ ከነሕልፍ ንኽእል። ንኣብነት፡ ፊልም ብምዕዛብ፡ ምስ ዓርከ-መሓዙትና ብምዕላል፡ መጽሓፍቲ ብምንባብ፡ ናብ ታሪኻውያን ቦታታት ብምብጻሕ፡ ... ክንዘናጋዕ ንኽእል። እዞም ንጥፈታት ምስ ምዱብ ስራሕኪ ዝጋጨዉ ክኾኑ ኣይግባእን። ሰንበት ለይታዊ ትልሂት ሓዲርኪ፡ ሰኑይ ብኸመይ ኣድማዒ ስራሕ ክተበርክቲ ትኽእሊ? ምሸት ብኣልኮላዊ መስተ ተሰኒፍኪ ሓዲርኪ፡ ንጽባሒቱ ንግሆ ብኸመይ ኣድህቦ ገይርኪ ጽቡቕ ስራሕ ክትሰርሒ ትኽእሊ? ክንዲ ዝኾነ፡ እቲ ዓይነት መዘናግዒ ምስ ስራሕኪ ዘራጽም ከይከውን ልዑል ጥንቃቐ ክትገብሪ ኣድላዪ እዩ።

**# ብውጥንኪ መሰረት ስራሕኪ ክትዓምሚ እንተዘይ ክኢልክን እኹል ዕረፍቲ እንተዘይ ረኺብክን፡ እተኩሓ ሕሰሉ መገዲ ፍጠሪ።**

እናሓንሳእ ቅድሚ እቲ ዝወጠንናዮ ግዜ፡ ስራሕና እንዓምመሉ እዋን ኣሎ። ሽዑ ናበይ ከም እንኸይድ ወይ እንታይ ከም እንሰርሕ ክሕርብተና ይኽእል። ብመንጽሩ፡ ካልእ መዓልቲ እቲ ስራሕ በቲ ዘውጻእናዮ ውጥን መሰረተ ክንዛዝሞ ከጸግመና ይኽእል። ነቲ ስራሕ ግድን ሽዑ መዓልቲ ክንዛዝሞ ትጽቢት ዝግበረልና እንተኾይኑ፡ ኣብ ቦታ ስራሕና ንተወሰኽቲ ሰዓታት ክንጸንሕ ንግደድ። ነቲ ስራሕ ንጽባሒቱ ከነረክቦ ዕድል እንተረኺብና፡ ምናልባት ነቲ ስራሕ ናብ ገዛና ወሲድና (ዝፍቀድ እንተኾይኑ ማለት እዩ) ክንዓምሞ ንግደድ። ካብ ውጥንና ክንድሕር እንክለና - ጸቕጢ፡ ቅሬታን ሕፍረትን ከስዕበልና ተኽእሎ ኣሎ። ነዚ ንምእላይ እኹል ምቅርራብ ገይርና ምጽናሕ ተመራጺ ይኸውን።

**# ንስራሕኪ ብሞደል 'ስማርት' (SMART) ዕመምዮ።**

ሞደል 'ስማርት' ብእኩብ ረቛሒታት ዝቘመ ኮይኑ፡ ውጽኢታዊ ስራሕ ንኽፍጠር ይሕግዝ። ነዞም ዝስዕቡ ድማ የጠቓልል፥

*** ውሱን (Specific)፦** ሓደ ዕዮ ንምዕማም ውሱን ሸቶ ክህልወኪ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ዕዮ ዘይንጹር ምስ ዝኸውን፡ እቲ ድራኽ ትሑት ይኸውን። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብቲ ዕዮ ዘየድሊ ምድንጓያት ይፍጠር።

*** ተዓቃኒ (Measurable)፦** ሓንሳእ እቲ ዝዓበየ ዕዮ ናብ ንኣሽቱ ዕዮታት ምስ ተመቓቒለ፡ ንኽተመሓድርዮ ዝቐለለ ይኸውን። ነቲ ዕዮ ንኽትዛዝምዮ ዝያዳ ዝጠዓመ ይኸውን። እቲ ዓቢ ዕዮ ናብ ንኣሽቱ ዕዮታት ክመቓቐል እንከሎ፡ ክትዕቅንዮ ዘቐለለ ይኸውን። እንታይ ዓይነት ገስጋስ ተመዝግቢ ከም ዘለኺ ብቐሊሉ የርእየኪ። እዚ ድማ፡ ነቲ ዘለኪ ድርኺት ቀጻሊ ክብ የብሎ።

*** ቅቡል (Accepted)፦** ዕዮታት ብቐሊሉ ክዕመሙ ዝኽእሉ፡ እቲ ዕዮ ቅቡልን ትርጉም ዘለዎን ምስ ዝኸውን እዩ። እቲ ስራሕ ንጹር ዕላማ ክህልዎ ይግባእ። እቲ ዕዮ ተቐባልነት እንተስኢኑ፡ ነቲ ዕዮ ንምዝዛም ዝህሉ ድርኺት ይንኪ። ከም ሳዕቤኑ፡ ምድንጓያት ይበዝሕ።

*** ክውንነታዊ (Realistic)፦** ብርግጽ እቶም ዕዮታት ኣብቲ እተዋህበ መቓን ግዜ ክውንነታውያን ክኾኑ ኣለዎም። ነቲ ስራሕ ንምዝዛም እኹል ግዜ እንተዘይሃልዩ፡ ብቕዓት ናይቲ ዕዮ ኣብ ጸገም ይወድቕ። ንኣብነት፡ ኣብ መወዳእታ ሰዓት ንፈተና ምድላው፡ ከዐውተኪ ኣይክእልን እዩ። ምእንቲ'ዚ፡ ስራሕኪ ብብቕዓት ንምዝዛም እኹል ግዜ ክትምድቢ ከምዘለኪ ኣይትዘንግዒ።

*** ገደብ ግዜ (Time-bound)፦** ኣብ ነዊሕ ግዜን ኣብ ዘይተገለጸ ግዜን ክተድህብ ከቢድ ስለዝኾነ፡ እቲ ዕዮ ገደብ ግዜ ክህልዎ ይግባእ። ገለ ዕዮታት ጋዕዝዮም እንርእዮም፡ ብግዜ ስለዘይቅየዱ እዮም። ዝኾነ ዕዮ ብገደብ ግዜ እንተዘይተሓጺሩ፡ ብተወፋይነት ስራሕኪ ክትዓምዮ ዘሎ ተኽእሎ ምሒር ጸቢብ እዩ።

ኣብ ስራሕኪ እተመዝግብዮም ገስጋሳት ብዝተኻእለኪ መጠን ኣብ ደብተርኪ ክትምዝግብዮም ጽቡቕ እዩ። ከምዚ ዓይነት ኣገባብ ምኽታል፡ ማእዘንኪ ኣነጺርኪ ኣብ ዕዮኺ ክትሕንበቢ ሓጋዚ እዩ።

ንገስጋሳትኪ ብንጹር ምምዝጋብ፡ ብቐሊሉ ኣብ ስራሕኪ ክትድረኺ ይጠቕመኪ። ከም ውጽኢቱ፡ ምድንጓያት ስራሕ ይንኪ። ብተወሳኺ፡ ክሳብ ክንደይ ሰዓታት ኣብ ስራሕኪ ከምዝጸናሕኪ፡ እንታይ ውጽኢት ከምዘመዝገብኪ፡ ኣበየናይ መዳይ ምምሕያሽ ክትገብሪ ከምዘለኪ፡ ... ንኽትለልዪ ይሕግዘኪ።

ኣብ ስራሕ ጌጋ ከጋጥም ንቡር እዩ። እወ እቲ ዝሰርሕ እዩ ዝጋገ። ምእንቲ'ዚ፡ ኣብ ስራሕኪ ጌጋ ኣብ እትፍጽምሉ፡ ንገዛእ ርእስኺ ይቕረ ግበርላ። ንገዛእ ርእሱ ይቕረ ዘይብል ሰብ፡ ኣብ ስራሑ ከድህብ ምሒር እዩ ዝጽግም። ምስ ገዛእ ርእስኺ ካልእ ሰብ ከተዓርቕኪ ኣይክእልን እዩ። ባዕልኺ ጥራይ ኢኺ ክትዕረቒ እትኽእሊ። ክንዲ ዝኾነ፡ ግዜ ሂብኪ ምስ ገዛእ ርእስኺ ኢሂን ምሂን ተበሃሃሊ። እቲ ኣብ ስራሕ ዝፈጠርክዮ ጌጋ፡ ኩሉ ሰብ ክፍጽሞ ዝኽእል ከምዝኾነ ገይርኪ ንገዛእ ርእስኺ ኣእምንያ። ብድሕሪኡ ኢኺ፡ ዘሎ ሓይልኺ ኣኻኺብኪ ናብ ንቡር ስራሕኪ ክትምለሲ እትኽእሊ።

**መወከሲ፦ Happy Work Culture**

- **Working to live**

# ደቀንስትዮ ዓለም

## ኣስሊ፣ ቦኽሪ ጓለንስተይቲ ፓይሎት ኣብ ኣፍሪቃ

ተስፋኣለም የማነ

ኣብራሪት ነፋሪት ውግእ ጥራሕ ኣይኮነትን። እንተላይ ትእምርቲ ገስጋስን 'ዘይከኣል ነገር የለን' ዝብል እምነትን'ውን እያ። ኣብ 1976፡ ናይ ፈለማ ኣፍሪቃዊት ጓለንስተይቲ ወተሃደራዊ ፓይሎት ብምዃን፡ ነቲ ደቀንስትዮ ኣፍሪቃ ናብቲ ዓውዲ ከየማዕድዋ ጋሪዱወን ዝነበረ ዓለባ ኣድልዎ ብምትርባዕ፡ ንግስቲ ሰማያት ሶማል ኮነት። በዚ ከኣ ዛንታ ጉዕዞ ህይወታ ንመንፈስ ሚልዮናት ኣፍሪቃውያን ደቀንስትዮ ዘነቓቕሕ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።




ኣስሊ ሓሰን ዓበድ፡ ብ1958 እያ ኣብ ሶማል ተወሊዳ። ገና ዓቕሚ ሄዋን ከይበጽሐት እንከላ፡ ነፋሪት ውግእ ኣብ ሰማያት ሶማል ናይ ምብራር ዉዕዉዕ ድሌት ከተሕድር ጀሚራ። ፓይሎት ናይ ምዃን ድሌታን ሕልማን፡ ካብቲ ሽዑ ስርዓት ሳይድ ባረ ንሶማላውያን ደቀንስትዮ ዝመጠዎ - ኣብ ኣቪየሽን ክሳተፉ ዘፍቅድ ዕድል'ዩ ዝብገስ። ኮይኑ ድማ፡ ስድራቤታን መቕርባን ከም ኩለን ናይቲ እዋን'ቲ ሶማላውያን ደቀንስትዮ ኣብ ንኡስ ዕድመኣ ተመርዕያ ክትዝምደሎም እናተጸበዩ እንከለዉ፡ ንሳ ግን ንመርዓን ሓዳርን 'ኣበደን' ኢላ ነቲ ኣብ ዉሽጣ ኮይኑ ዝህውጻ ዝነበረ ነፋሪት ናይ ምብራር ድሌት ንምምላእ ኣብ ሓይሊ-ኣየር ሶማል ተመዝገበት። ንኩሉ መምዘኒታት ኣማሊኣ ናብ ክልሰ-ሓሳባውን ግብራውን ትምህርቲ በረራ ምስ ኣተወት ከኣ፡ ኣዘዝቲ ናይቲ ሓይሊ-ኣየር ብፍላይ ድማ መምሃራን ብብቕዓታን ናይ ምግባር ክእለታን እምበረ-መጠን ተመሰጡ'ሞ፡ ኣብ ፈለማ 1976 ንዝለዓለ ናይ ስልጠና መደብ ናብ ዓዲ-ጣልያን ልኣኹዋ።

ኣስሊ፡ ኣብ ዓዲ-ጣልያን ንበረራ ዝምልከት ዝለዓለ ትምህርቲ ቀሲማ ናብ ሃገራ ኣብ ዝተመልሰትሉ እዋን፡ ኣብ ሓይሊ-ኣየር ሶማል ናይ ፈለማን እንኮን ጓለንስተይቲ ፓይሎት ኮነት። ውቑብ ድቪዛ ናይቲ ሓይሊ-ኣየር ለቢሳ ኣብ ሰማያት ሶማል ብዘደንቕ ክእለት ክትሕንበብ ዝተዓዘባ ሶማላውያን ደቀንስትዮ፡ እምብዛ ተደኒቐን ጥራሕ ዘይኮነ ክሳብ ንምእማኑ ዝጽገማ'ውን ኮና። መሳርሕታ ከኣ በቲ ኣብ ሰማያት ሶማል ዘንጸባረቐቶ ድንቂ ጥበብን ክእለትን፡ ወሰን ዘይብሉ ናዳእን ክብሪን ኣውሓዙላ። ኣስሊ፡ ፓይሎት ኮይና ኣብ ሓይሊ-ኣየር ሶማል ን16 ዓመታት ኣገልገለት። ኣብዚ ናይ 16 ዓመታት ጉዕዞኣ ከኣ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ወተሃደራዊ ተልእኾታት ብቐራጽነት ፈጺማ፡ ንሃገራ ብዓቢ ተወፋይነት ኣገልጊላ።

ኣብ መወዳእታ 1980ታት ኣብ ሶማል ዝተወልዐ - ሶማላውያን ንሓድሕዶም ደም ዝተፋሰስሉ ኲናት ሓድሕድ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ቅልጡፍ ገስጋስ ዘመዝግብ ዝነበረ ሓይሊ-ኣየር'ታ ሃገር ከቢድ ጽልዋ'ዩ ኣስዒቡ። ኣስሊ ከኣ ኣባል'ቲ ሓይሊ-ኣየር ከም ምዃና መጠን፡ ብሰንኪ እቲ ኲናት ዝፈጠሮም ከበድቲ ብድሆታት ከም ቀደማ ስርሓ ክትቅጽልሲ ይትረፍ፡ ድሕነታ'ውን እንተኸኣለ ከተውሕስ ኣብ ዘይትኽእለሉ ደረጃ በጽሐት። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ናብቲ ኣብ ህይወታ ከይመጻ ኣዝያ እትፈርሆ ዝነበረት ስደት ከተምርሕ ወሰነት። በዚ መሰረት፡ ኣብ 1992 ካብ ሶማል ወጺኣ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣምርሐት። ክሳብ ሕጂ ድማ ኣብ ክፍለ-ሃገር ቴክሳስ (ሕ.መ.ኣመሪካ) ስደተኛ ኰይና ትነብር ኣላ።

ከምዝፍለጥ፡ ሶማል ሓንቲ ካብ'ተን

ጾታዊ መዓርነትን ምዕሩይ ዕድላትን ኣብ ምርግጋጽ ክዕወታ ዘይክኣላ ዘለዋ ሃገራት እያ። እታ ሃገር፡ ኣብ ጉዳይ መሰላት ደቀንስትዮ ብደረጃ ዓለም ዓመት መጸ ንሰለስተ ሃገራት ጥራሕ ቀዲማ ጭሩ ምስ ተሰርዐት እያ - ብመሰረት ጸብጻብ ሕቡራት ሃገራት። ንደቀንስትዮ ክብረት ዘ ይ ህ ብ ባህልን ልምድን ዝኽተል ኣዝዩ ዓቃባዊ ሕብረተሰብ ስለእትውንን፡ ደቀንስትዮኣ ምስ መኣዲ ትምህርቲ ዳርጋ ኳና እየን። ንኣብነት፡ ኣብ መባእታ ደረጃ 25% ጥራሕ እየን ዝማሃራ። ኣብቲ ዝቕጽል ደረጃታት ከኣ'ሞ ዘረባ የብሉን። ኣብ ስራሕ (ካብ ገዛ ወጻኢ) ዘለወን ተሳትፎ' ኣዝዩ ትሑት እዩ። ብተወሳኺ፡ ካብ ጐዳእቲ ልምድታት ክሽቦን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ኣይተገላገላን ዘለዋ። ብፍላይ ካብ /14 ክሳብ 49 ዓመት ኣብ ዝዕድመአን ደቀንስትዮ፡ መጠን ተርእዮ ክሽቦ 99.2% ከምዝኾነ ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና'ታ ሃገር የመልክቱ።


እምበኣርከስ፡ ኣስሊ ሓሰን ዓበድ፡ ካብዛ ወጽዓ ደቀንስትዮ ገና ዘየኽተመላ ምብራቕ ኣፍሪቃዊት ሃገር ማእለያ ዘይብሎም ብድሆታት ስዒራ ንበይና መሰስ ኢላ ብምውጻእ፡ ብሞያኣን ተመኩሮኣን ንቁጽሪ ዘይብለን ኣፍሪቃውያን ደቀንስትዮተመሃሮ ኣርኣያ ክትከውን ምኽኣላ ዘየገርም ኣይኮነን። ብዉዕዉዕ ድሌትን ሃረርታን ዝተሰነየ ዕላማ ተሓንጊጣ፡ ነቲ ካብ ባህሊ፡ ልምድን እምነትን ሕብረተሰባ ዝብገስ ከቢድ ማሕለኻታት በናጢሳ፡ ኣብቲ እንትርፎ ንደቂተባዕትዮ ንደቀንስትዮ ፈጺሙ ዘይሕሰብ ዝመስል ዝነበረ ዓውዲ ሕልማ ከተሳሲ ብምኽኣላ ከኣ፡ ናይ ብሓቂ ኣገናዕ ክትብሃል ዝግባኣ ሃብረም ጓለንስተይቲ እያ።

ኣስሊ፡ ኩነታት ሃገራ ድቃስ ለይቲ ስለዝኸልኣ፡ ኣብ መፋርቕ 2000 ናይ ሰላም ጎስጓስ ኣበገሰት። እቲ ጐስጓስ፡ እቶም ብእንዳን ዓሌትን ተኸፋፊሎም ዝነበሩ ኣባላት ባይቶ ሶማል ናብ ሓደ ኣረኣእያ ንኽመጹን፡ እቲ ነዊሕ ዓመታት ዝቐጸለ ኲናት-ሓድሕድ ከኽትምን ዓቢ ተራ ተጻወተ። ኣስሊ፡ ፍቕሪ ሃገር ከም ሓዊ ቃልቃል እናበለ ንዉሸጣ ስለዘንደዶ፡ ኣብ ኩሉ ንሓድነት ሶማል ኣመልኪቱ ዝካየድ ዓበይቲ ፖለቲካዊ ንጥፈታት ባንዴራ ሶማል ተጎልቢብካ ምሳታፍ ፍሉይ መለለዪኣ ገበረቶ። እዛ ኣብ እትሳተፎ ኣኼባታት ወትሩ ካብ ተሳተፍቲ ድሙቕ ጣቕዒትን ዕልልታን ዝልገሰላ ሃገራዊት፡ ብፍላይ እቲ ኣብ ኣርታ - ጅቡቲ ዝተኻየደ መስርሕ ዕርቂ ሶማላውያን ንኽዕወት ብዝገበረቶ ዘይሕለል ጻዕሪ፡ ብሶማላውያን 'ካላንሲዳ' (ጸዋሪት ባንዴራና) ዝብል ቅጽል ስም ተዋህባ። ብሳላ ናታን ናይ ካልኦትን ጻዕሪ ድማ፡ በቲ ዘይተዓወተ መስርሕ ዕርቂ ኣቢሉ ኣብ ሶማል ንፈለማ እዋን መሰጋገሪ ፈደራላዊ መንግስቲ ክምስረት ክኣለ።

## *ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ካብ ምሸት ንግሆ ምኻያዱ ይምረጽ*

*ኣካላዊ ምንቅስቓስ እነካይደሉ ሰዓታት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ። ንግሆ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምኻያድ ድማ፡ ካብ'ቲ ኣብ ግዜ ምሸት እተካይዶ ምንቅስቓስ ንላዕሊ ክብደት ኣካላት ከተጉድልን ውሽጣዊ ከሚካላዊ ውህደት ዋህዮታት ኣካላት (Metabolism) ብቕልጡፍ ከተካየድን እቲ ዝተመርጸ ምዃኑ ተመራመርቲ ሓቢሮም።*

*እቶም ተመራመርቲ፡ መጽናዕቶም ንምርግጋጽ፡ ኣብ ብዙሕ ስነ-ህይወታዊ (Physiological) ነገራት ምስ ሰባት ምምስሳል ዘለወን ኣናጹ እዮም ፈተናኦም ኣካይዶምዎ። እተን ኣናጹ ድማ፡ እቲ ንግሆ ዝካይዳኦ ምንቅስቓሳት፡ ንውሽጣዊ ከሚካላዊ ውህደት ዋህዮታት ኣካላተን ከቀላጥፎን ስብሒ ኪቃጽላን እንክለዋ ተዓዚቦምወን።*



*ካብ'ዚ ተበጊሶም ከኣ፡ ነቲ ምርምር ኣብ ሰባት ክጽንዕዎ ጀሚሮም። እቶም ክብደቶም ንምጉዳል ንግሆ ዝጎዩ፡ እግሪ ጉዕዞ ዘካይዱ፡ ፈኰስቲ ኣይሮቢክስን ናይ ጉልበት ምስካምን ዝኣመሰሉ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘዘውትሩ ሰባት ድማ፡ ምስቶም ምሸት ጥራይ ዝንቀሳቐሱ ምስ ተነጻጺሩ፡ እቶም ንግሆ ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ፡ ዝያዳ ክብደት ኣካላቶም ዘጉደሉ ኮይናም ረኺቦሞም።*

*እቲ ምኽንያቱ ድማ፡ ምሸት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስ ኣካየድና፡ ብድሕሪኡ እንገብሮ ንጥፈታት ዳርጋ ስለ ዘየለ፡ ብዙሕ ውጽኢት ኣይርከቦን። ንግሆ ተንሲእና ምስ እንንቀሳቐስ ግና፡ ናይ'ታ መዓልቲ ንጥፈታት ሽዑ ስለንጅምሮ፡ እቲ ምንቅስቓሳት ንውሽጣዊ መስርሕ ኣካላትና ማለት፡ ውደት ደምና፡ ስርዓት ምሕቃቕ መግብን ካልእን ብጽቡቕ ይጸልዎም፡ ኣድማዒ ውጽኢት ንረኽበሉ።*

*በዚ ምኽንያት፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ እነካይደሉ ሰዓታት ምስ መስርሕ ምሕቃቕ መግብን ምቅጻል ስብሕን ክተኣሳሰር ከሎ ዝሓሸ ውጽኢት ስለ ዝርከብ፡ ኣብ ክንዲ ምሸት ንግሆ ምኻያዱ ዝተመርጸ ምዃኖም እቶም ተመራመርቲ መኺሮም።*

**ኣድሓኖት ሳሙኤል**

## ስፖርት

# ቅሳነት ባብ ተርሑ ኣላ

ኣሚን ተስፋይ

## “ብንያም ዝበጽሖ ደረጃ ብደቀንስትዮ ክንበጽሖ ንኽእል ኢና”

### ኣሰልጣኒ ሙሴ ኣስሄል

ሙሴ ኣስሄል፡ ኣብ ተስዓታት ቅድድም ብሽክለታ ኣዝዩ ውዕዉዕ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ኣባል ጋንታ ስካንያ (ድሒራ ቀይሕ ባሕሪ ዝተሰምየት) ኮይኑ ብዘርእዮ ዝነበረ ህልኽ ዝመልኦ መሳጢ ጸወታ ብቕዓቱ ዘመስከረ፡ ብተዓዘብቲ ፍቱው ዝነበረ ስፖርተኛ እዩ።

ን10 ዓመታት መመላእታ ዕዉት ተቐዳዳማይ ብሽክለታ ኮይኑ ብግብራዊ ተሞኩሮ ልዑል ብቕዓት ዘጥረየ ሙሴ ኣስሄል (ወዲ ስሄል) ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ኣሰልጣኒ ዝተፈላለያ ጋንታታትን ሃገራዊት ጋንታን ኮይኑ ብዓወታት ከድምቕን ክኢሉ እዩ። ሃገራዊት ጋንታ ደቂተባዕትዮ ክልተ ግዜያት ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ክትከውን ኣብቂዑዋ። ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ንመጀመርያ እዋን ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር ክሳተፋ ናብ ግብጺ ሒዞወን ኣብ ዝገሸሉ፡ ኤርትራ ብግዜ (ብክሮኖ ሜተር) ቀዳመይቲ ኮይና ተዓዊታ። ኣብ 2007 ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ (ኦል ኣፍሪቃ ገይምስ) መሪሑዋ ዝኸደ ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ንፈለማ እዋን ቀዳመይቲ ኮይና ክትወጽእ ክኢላ። ኣብ ኣቡዳቢ ኣብ ዝተኻየደ ቅድድም ብሽክለታ ደረጃ 2.1 ንሃገራዊት ጋንታ መሪሑ ብምኻድ፡ “ብሉጽ ኣሰልጣኒ ኣፍሪቃ 2013-2014” ተባሂሉ ምስክር ወረቐት (AWARD) ሽልማት ረኺቡ።

ሙሴ፡ ኣብ'ዚ እዋን ኣሰልጣኒ ጋንታ ሰራይር ሳዋን ሃገራዊት ጋንታ ደቀንስትዮን እዩ። ኣብ መስከረም 2024 ኣብ ስዊዘርላንድ ክካየድ ተመዲቡ ኣብ ዘሎ ውድድር ሻምፕዮና ዓለም ንምስታፍ ይዳሎ ኣሎ። ኣብ ጽዑቕ ናይ ምድላው ስራሕ ከሎ ከነዘራርቦ ግዜኡ ስለዝወፈየልና ብስም ኣንበብቲ ነመስግኖ።

ሙሴ ቅድሚ ሓደ ዓመት፡ ፈጻሚት ቦርድ ጋንታ ሰራይር ሳዋ ኣሰልጣኒ ክኾና ጻውዒት ምስ ኣቕረበትሉ ብኣወንታ ተቐቢልዎ። ኣብታ ጋንታ “ኣሰልጣኒኣ” እንተዝኸውን ኢሉ ዝሓስባ ተቐዳዳሚት ነይራ። ቅሳነት ወልደሚካኤል። ቅሳነት፡ ክኢላ ናይ ሹካ (ቦላቲስታ) እያ። እንተኾነ ግን ብሰንኪ ቴክኒካዊ ጉድለት ዓወታት ክትከስሮ ከላ፡ ከም ተዓዛባይ የተሓሳስቦ ከም ዝነበረ ገሊጹልና። ኣሰልጣኒኣ ኮይኑ ምስ መጽአ ከኣ ተውህቦኣ ክትጥቀመሉ ዘኽእላ ቴክኒካዊ ብቕዓት ከቕስማ ባይታ ረኺቡ። ኣባላት እታ ጋንታ ዝበዝሓ ትሕቲ ዕድመ (ጁንየር) እየን። በብክእለት ኣወሃሂዱ ከጻውተን ከኣ ግዜ ኣይወሰደሉን። ኣብ ውድድር ተሓጋጊዘን ንቕሳነት ኣብ ከባቢ ቅጽበታዊ ውድድር ዘብጽሓሉ ብልሓት ምሂሩወን።



ቅሳነት ኣብ ኢጣልያ - ድሕሪ ዓወታ

“ተቐዳደምቲ ናይታ ጋንታ፡ ካብተን ካልኦት ጋንታታት መን ትሞልቕ ኣላ ክከታተላ ኣለወን። እታ ክኢላ ናይ ሽኳ'ውን ንቕጽበታዊ ውድድር ጥራይ ኮፍ ኢላ ክትጽበ የብላን። ከተስተውዕል ኣለዋ። ብምሉእን ብሓንቲ ዕላማ ክጻወታ ኣለወን። ሓንቲ ጋንታ ተጻወትታ ዝደልይኦ ከተማልእ እንተኾይና፡ ንኣሰልጣኒ ክትእዝዘ ኣለዋ። ብኸምዚ ኢና ውጽኢታውያን ክንከውን ክኢልና፡” ይብል ሙሴ ኣስሄል።

ብርግጽ ድማ ውጽኢቱ ንሱን ጋንታኡን ብሓባር ይርእዩዎ ኣለዉ። እታ ጋንታ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት እያ ዘላ። ቅሳነት፡ ኣብ ዓመተ 2023-2024 ኣከታቲላ ክልተ ግዜ ሻምፕዮን ኤርትራ ኮይና። ቅሳነት፡ ብኣህጉራዊ መሰልጠኒ ማእከል ብሽክለታ (UCI) ክትምረጽ ዘብቅዓ ረቛሒ እንታይ ምዃኑ ንኸብርሃልና ንወዲ ስሄል ተወኪስናዮ።

“መጽናዕቲ ክገብሩ በታ ማሕበር ዝተላእኩ ክኢላታት መጺኦም ነይሮም። ቅሳነት ብቕዓት ርእዮም። ብዓቢኡ ድማ ክልተ ግዜያት ሻምፕዮን ኤርትራ ካብ ምዃኑ ዝዓቢ መስፈሪ ብቕዓት የለን። በዚ ድማ ኣብ ፈረንሳ፡ እናሰልጠነት ውድድራት ተካይድ ኣላ። ዓበይቲ ዓወታት እውን ተመዝግብ ኣላ። ኣብ መዓልታዊ ውድድር ካልኣይቲ ኮይና ተዓዊታ፡ ኣብ ካልኣይ መድረኽ ሳልሳይቲ ወጺኣ፡ ምስ ደቂተባዕትዮ ተሓዊሰን ኣብ ዝገበርኦ ውድድር ድማ መበል 14 ደረጃ ሒዛ። ኣብ ራብዓይ መድረኽ ቀዳመይቲ ወጺኣ። ብድሕሪኡ ናይ ዝተኻየደ ውድድር ጸብጻብ ኣይበጽሓንን ዘሎ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ክገልጾ ዝደሊ፡ ቅሳነት ተመዝግቦ ዘላ ዓወታት ንተቐዳደምቲ ደቀንስትዮ ሃገርና ዓቢ ተስፋ ዝህብ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ንመጀመርታ ግዜኣ ናብ ኤውሮጳ ከይዳ ከም'ዚ ዓይነት ዓወታት ከተመዝግብ ምኽኣላ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ኣብዚ ሕጂ ንኸዶ ዘለና ውድድር ሻምፕዮን ዓለም፡ ቅሳነት ጥራይ እያ ንሃገርና ወኪላ ክትወዳደር። እቲ ውድድር ኣገዳሲ'ዩ። ጽቡቕ ብቕዓት እንተኣርእያ ብዓበይቲ ጋንታታት ዓለም ክትጥለብ እያ።” ኢሉ።

ቅድሚ ሕጂ ተመሳሳሊ ዕድል ዝረኸበት ተቐዳዳሚት ነይራ እያ። ነፍስሄሪት ደሴት ኪዳነ። ደሴት፡ ጽቡቕ ኣንፈት ሒዛ እናገስገሰት ከላ እያ ብሓደጋ ተኾሊፋትና። ካልኦት ክልተ ሰለስተ እውን ዕድላት ዝረኸባ ነይረን። ድሒሩ ዘጣዓሰን ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ተታሊለን ነቲ ዕድል ኣይተጠቐማሉን። እዚ ሕጂ ብቕሳነት ተበራቢሩ ዘሎ ኣህጉራዊ ብቕዓት ከኣ ነተን ካልኦት ባብ ዘርሑወለን እዩ። ሙሴ፡ እንተተሰሪሕና ብንያም ግርማይ ዝበጽሖ ደረጃ ብደቀንስትዮ ዘይንበጽሓሉ ምኽንያት የለን'ዩ ዝብል።

ሙሴ ኣስሄል፡ ዝበዝሐ ግዜኡ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ምስልጣን እዩ ኣሕሊፉዎ። ሕጂ ግን ጋንታ ደቀንስትዮ ኣብ ምስልጣን ይርከብ። እንታይ ፍልልይ ከምዝረኸበሉ ተወኪስናዮ ነይርና።

“ንደቀንስትዮ ኣብ ምስልጣን ኣቀራርባ ወሳኒ እዩ። ድሌተን ቀልጢፍካ ክትርድኦ ኣለካ። ከም መሓዛአን ኴንካ እንተቐሪብካ'የን ብግልጺ እናተረዳዳእካ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ። ደቀንስትዮ ምድሃል ኣይፈትዋን እየን። ሓሪቕካ እንተተዛሪብካየን ገሊአን ይበኽያ፡ ገሊአን ይቕኖጥዓ። ነዚ ኣብ ግምት ኣእቲኻ እንተሰሪሕካ ግን ኣብ ምርዳእ ኣዝየን ቅልጡፋት'የን። ከም ኣቦ ኮይንካ፡ ቀሪብካ ክትሕብሕበን፡ ዘለወን ጸገም ክትፈልጥ ክትክእል ኣለካ። ከምኡ እንተገይርካ ብሞያዊ ምኽሪ ተኣዚዘን ዓወት ከምጽኣ ግዜ ኣይወስደለንን'ዩ። ንኣብነት፡ ናብ ኣልጀርያ ኣብ ዝገሸኩሉ፡ ቅሳነት ብቕዓታ ኣዝያ ጎዲሉ ነይሩ። ውሽጣዊ ሕማም ሓሚማ ነይራ። ሕማማ ብግልጺ ኣብ ክንዲ ነቶም መሳርሕትና ትገልጸሎም ግን ንበይና ገይራቶ። ኣነ ምስ ተመለስኩ ምስኣን ምስ ጋንታን ተረዳዲእና ብሕክምና ከም እትፍወስ ገይርና። ሓቂ እዩ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣሰልጣኒ ክኾነን ዝጸዋዓኒ ጋንታታት ኣለዋ። ኣነ ግን ካ'ዘን ደቀይ ክፍለ ኣይደለኹን። ምስኣን ጽቡቕ ናይ ስፖርት ግዜ ኣሕልፍ ኣለኹ።”



**ኣሰልጣኒ ሙሴ ኣስሄል**

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ውድድራት ደቀንስትዮ ይንቀፍ እዩ። “ጸወታአን ንተዓዛቢ ዝምስጥ ቅልጣፈ የብሉን። ተጠማሚተን ይዝሓላ። ኮምኡ ክጉብራ ድማ ኣሰልጠንቲ የተባብዕወን'ዮም፡” ዝብል ዘረባታት ይስማዕ'ዩ። ነዚ ኣመልኪቱ ሙብሪሂ ክህበና ንሙሴ ተወኪስናዮ።

ናይ ጋንታ ሰራይር ሳዋ፡ ብዘይካ ክልተ ምኩራት ካልኦት ኣባላታ ንኣሽቱ እየን። ገና ኣብ መስርሕ ህንጸት እየን ዘለዋ። ቡቲ ዝወሃበን ዘሎ ስልጠና ተሃኒጸን ብቑዓት ምስ ደለባ ግን ንተዓዛቢ ዘሐጉስ ጸወታ ክጻወታ ዕላማኦም ምኳኑ ሙሴ ይገልጽ። ካልኦት ጋንታታት እውን ከምኡ ኣሰሮም ክስዕባ ይመክር። ኣብ መወዳደሪ ቦታ ለውጢታት ምግባር ኣገዳሲ ምኳኑ እውን ይሕብር። ንኣብነት ኣብ ጎደና ኣፍዓበት (እንዳማርያም) ኣብ ሓጺር ርሕቀት ስለዝኳለላ ከምዘሰልቸወን ይገልጽ። “ከም ኣሰልጣኒ መጠን ግን ጽባቐ ጽሕፈት ትምህርቲ ስለዘየሕልፍ፡ ንጋንታኻ ዘየዕውት ስጉምቲ ክትወስድ ኣይትኽእልን ኢኻ” ብምባል፡ ንኹሉ ኣብ ግምት ኣእትዮም ከምዝሰርሑ የረድእ።

ውድድራት ደቀንስትዮ ንምዕባይ፡ ፈጻሚት ቦርድ ሰራይር ሳዋ ወይ ዑፍ ሳዋ ካልኣይቲ ጋንታ ማለት ኢትክለይ (ካልኣይቲ ዑፍ) ዝተባህለት ሓዳስ ጋንታ መስሪቶም ከ ዘለዉ፡ ድሮ እውን ብ29 ነሓሰ 2024 ኣብ ደቀምሓረ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ሃገራዊ ፈደረሽን (Eri junier) ውድድር ኣሃዱ ኢላ ጸወታኣ ከምዝጀመረት ሙሴ ኣበሲሩ።

ውድድራት ደቀንስትዮ፡ ልክዕ ከምቲ ደቂተባዕትዮ ክወዓዋዕ እንተኾይኑ እቲ ዕማም ንስድራቤታትን መንግስቲን ጥራይ ክግደፍ ኣይግባእን። ሕብረተ-ሰብ ኣብ ውሽጢ ንወጻኢን ዘሎ ብኮማት ተወዲቡ ጋንታታት ክሓቕፍ ክኽእል ኣለዎ። ዛጊት ዘለዋና ጋንታታት ብቑጽሪ ሒደት እየን። ንኣብነት ብዘይካ እዛ ሓዳስ ዝጠቐስናያ ጋንታ፡ ጋንታታት ደንደን፡ ዓራግ፡ ጋላ ነፍሒን ሰራይር ሳዋን ጥራይ እየን ጸኒሐን። ጋንታታትና እንተበዚሐን እተን ምስ ብቕዓተን ብሰንኪ ስእነት ብሽክለታ (ዳኮርሶ) ኣብ ማውንተን ከለዋ ዘቋርጽኦ ደቀንስትዮ፡ ብቕዓተን ዘርእያሉ ዕድላት ክረኽባ እየን። ድሒራ ዝተመስረተት ሰራይር ሳዋ ኣብነት ናይ'ዚ እያ። ኣብ ሓጺር ዓመታት ብቕዓታ ኣረጋጊጻ ካልኣይቲ ጋንታ መስሪታ ክትሰምዕ ከለኻ ኣብ ዕቤት ቅድድም ብሽክለታ ሃገርና ሓደ ዓቢ ስጉምቲ ምኳኑ ኣሰልጣኒ ሙሴ ኣስሄል ይገልጽ።



**ሰራይር ሳዋ ዓውተን እናጸንበላ**

# ይብሉ ነበሩ !

## ጸባ ደርሆ - እንቋቑሖ በጊዕ!

ኣልጌና ወልደማርያም

'ብኻ ከምዚ ገይረ' ዝብል ናይ ጣዕሳ ትረኻታት ክሰምዕ እንከለኹ፡ ዝዝከረኒ ብህሎ ዓባየይ ሓረጉ ኣሎ። ነብሳ ይምሓር ዓባየይ፡ 'ብኻ' ዝሕመረቱ ቃና ክትሰምዕ እንከላ፡ 'ጸባ ደርሆ - እንቋቑሖ በጊዕ' ትብለኒ ነይራ። 'ዘረባ ከንቱ' ንምባል ምዃና፡ ልቢ ምስ ገበርኩ እዩ ተሰዊጡኒ። ሰባት ዝፈጸመዎ ጌጋ ወይ ሸለልትነት ክጽግንዎ ኣብ ዘይክእልሉ ደረጃ ምስ በጽሑ፡ ዝጠዓሱ ኮይኑ ይስመዓኒ። የግዳስ ጣዕሳ ጨካን ስምዒት እዩ። ኣብ ነብስኻ ይኹን ኣብ ካልኦት ዘውረድካዮ ሓደጋ፡ ክትድምስስ ዕድል ኣይህብን እዩ። 'ሓንሳብ ሓንሳብ ጣዕሳ መእተዊ እምበር መውጽኢ ዘይብሉ ቀጽሪ እዩ!' ይብሉ ነበሩ።

ኢሳቕ መተዓብይትና እዩ። ኣብ ፈለማ ዕስራታት ዕድሚኡ፡ ብርቱዕ ሃነይነይታዊ ፍቕሪ ይሕዞ። እታ ዘፍቀራ ሄዋን ሰምሃር እዩ ስማ። ደድሕሪኣ ክኸይድ ክንደይ ጫማ እሞ ዘየሕቀቐን ማርቻቼዲ ዘየእረገን። ይዝከረኒ ሽው 'ፍቕሪ ኢሳቕ መሕቀቒ ጫማ' ኢልና ንዋዘየሉ ነይርና። መቸም ድሕሪ ክንደይ ኮለል፡ 'ሕራይ' ምስ በለቶ፡ ምስቲ ዝነበሮ ልዑል ረስኒ ፍቕሪ፡ ኣብ ኣፍልቡ ስማ ተወቒጡ። እንታይ እሞ ድሕሪ ዝተወሰነ ዓመታት ወዮ ሃነይነይታ በኒኑ፡ ተፈላለዩ። ክብል ክብል ወዲ 35 ዓመት ኮይኑ፡ ምስ ሓንቲ ሳምራዊት ትበሃል ጓል ተመርዕዩ። ውቃጦ ኣፍልቡ ንሰምሃር፡ ቃል ኪዳኑ ንሳምራዊት ኮይኑዎ ግና፡ ኣብ ጣዕሳ ወዲቑ። 'ቀዲምካ ኣይትወቀጠሎም፡ ምድምሳሶም ከይከፍኣካ!' ይብሉ ነበሩ!!

ኣቦይ ተስፋይ (ዋርድያ ንሰርሓሉ ትካል) ዕላሉ እዮም። ንዕላል ይቐምልዎን ይቑኑንዎን። ኣብ ንእስነቶም ካብ ንጡፋት ነጋዶ እዮም ነይሮም። ኩሎም ናይ ንእስነት ኣዕሩኽቶም ሃብታማት እዮም። ንሶም ግና ጻዕዳ ድኽነት እዩ ርካቦም። ምኽንያት መጠፈሺኦም ስኽራን እዩ ነይሩ። ዝሓዙ ሒዞም ኣብ ባራት ይዘርዉዎ። 'ዘዋሃለልክዎ ገንዘብ ሰብ ባራት እየን ተሸሊመንአ' ይብሉ ንሶም እንተረኸቡ። ገዛውቲ ከገዝኡ ይኽእሉ ምንባሮም፡ ግና ንእስነት ከም ዝዓንቀጾምን የዕልሉ። የግዳስ ሎሚ ነታ ዝሓመቕት ጃኬቶም እውን ክቕይሩ ኣይክእሉን እዮም።

ውላድና ምስ ጎረባብቲ ተባኢሱ፡ ቆልዓ ፈጊኡ እንተመጺኡና እሞ፡ 'ኣንበሳ እዚ ወደይ፣ ናይ መን ደኣ ክትወስድ፣ እንቋዕ ጥራይ ተሃሪምካ ኣይመጻኻ' ኢልና ነተባብዖ እንተኾንና፡ ዓመታት ጸኒሑ ዝትኮስ ፈንጂ ኢና ንቕብር ዘለና። ከምኡ ኢሉ እንተዓብዩ፡ ፈሊሉ ክሳብ ሰብ ምቕታል ወይ ካልእ ዓቢ ገበን እንተ በጺሑ፡ ኣተዓባብያና ከምዝበደሎ ፈሊጥና ክንጠዓስን፡ ብኻ ከምዚ ዘይገብርኩ ክንብልን ዝኽልክለና የለን። የግዳስ ነታ 'ምስ መዕበይኻ ጥፋእ' እትብል ቅስምኻ እትሰበር ብሂል ጠጠው ከነብላ ኣይንኽእልን ኢና። 'ዋላ'ውን ገበነኛታት ስድራ ይሃልውዎም ፍልልይ ዘምጽእ ኣተዓባብያ እዩ!' ይብሉ ነበሩ።

በላይን ዓንዳይን ኣዕሩኽ እዮም። በላይ ኢንጂነር ክኸውን ከሎ፡ ዓንዳይ ከኣ 'ዝጸንሖ ዝሰርሕ' እዩ። ብሓደ እዮም ትምህርቲ ጀሚሮም። በላይ ሰጦ ኢሉ ክመሃር ከሎ፡ ዓንዳይ ሓጹር ቤት ትምህርቲ ነጢሩ ይኹብልል ነይሩ። ኮብሊሉ ካልእ ሞያ እንተዝሕዝ'ዶ ጸሊእኩም? ግዚኡ ኣብ ዘይጠቅም ንጥፈታት እዩ ዘሕልፎ ነይሩ። እቲ ዘይጠቅም ነገር፡ ንዕኡ 'ኬፋት' እዩ ነይሩ። ንበላይ 'እንታይ ዝዓብስ ምህሮ እዩ፡ ዘይትኽየፍ' ይብሎ ነይሩ። ድሕሪ ግዜ ግና ጸሓይ በላይ ብትምህርትን ሞያን ምስ በረቐት፡ ጸሓይ ዓንዳይ ዓሪባ። ወዮ ኬፋት ዝብሎ ዝነበረ ክሕለቐሉ ኣይተራእየን። ፍልልይ ኣብ ገጾም ክሳብ ዝረአ ኮይኑ። ዓንዳይ ብጣዕሳ ክዛረብ ይስማዕ እዩ። እንታይ'ሞ 'ጣዕሳ'ዶ የምጽእ ካሕሳ?' ይብሉ ነበሩ!

ኣብ መወዳእታ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተባህለ፡ ጣዕሳ ድንጋጸ ዝፈልጥ ስምዒት ኣይኮነን። ትረኻታት 'ብኻ' ናይ ዝጠፈሹ ግጥሚ እዮም። እንታይ ትገብር ኣለኻን ጽባሕ ክኽፍለካ ዝኽእል ዋጋን፡ መርሚርካን ቀሚርካን እንተዘይኬድካ፡ ናብቲ መእተዊ እምበር መውጽኢ ዘይብሉ ቀጽሪ ጣዕሳ፡ ክትኣቱ ትኽእል ኢኻ። 'ካብ ረጊጽካ ምስትውዓል፡ ኣስተውዒልካ ምርጋጽ' ይብሉ ነበሩ ለባማት!